ደገፅ

ሓይሊ ነፍሲ

ዎችማን ኒይ

ትርጉም፡ ኤል'ምሳና ምሳይ

original title: The Latent Power of the Soul.
መሰል ቅዳሕ © 1972
Christian Fellowship Publishers, Inc.
New York
ኩሉ መሰላቱ ሕዙእ እዩ።

Available from the Publishers at:

11515 Allecingie Parkway
Richmond, Virginia 23235
U.S.A

ትሕዝቶ

መእተዊ

ትሕዝቶ **ገጽ**

1. ድጉል ሓይሊ ናይ ነፍሲ ---------- 4

2. ክርስትያንን ነፍሳዊ ሓይልን---------- 12

3. መንፈሳዊ ሓይሊ ብመንጽር ነፍሳዊ ሓይሊ----- 20

**ኩሉ መሰላት ናይዚ ጽሑፍ ሕዙእ እዩ።
ብዘይፍቓድ ተርጓሚ፣ ብዝኾነ መልክዕ፣
ቀዲሕካ ምብዛሕ ከኣ ዘይሕጋዊ እዩ።**

መሰልቅዳሕ©ኤል'ምሳና ምሳይ

contact: *elmsanamsay@yahoo.com*

**ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ፣ ብፍሉይ
እንተደኣ ዘይተገሊጹ፣ ካብቲ ብ1957
ዝተሓትመ፣ ቀዳማይ ትርጉም
መጽሓፍ ቅዱስ ትግርኛ ዝተወስደ እዩ።**

ርእይቶ

“ብዙሓት ነብያት ሓሶት ኪትንስኡ ንብዙሓትውን ኪስሕቱ እዮም” (ማቴ 24፡11)

ጐይታና የሱስ

“በቲ ዳሕራይ ዘመናት ግና ገሊኦም እምነቶም ክሒዶም፣ ንመናፍስቲ ሰሕተትን ንምህሮ ሓጋንንትን ከም ዚስዕቡ፣ እቲ መንፈስ፣ ብግሁድ ይብል ኣሎ” (2 ጢሞ 4፡1)

“ከምዚኣቶም ዝበሉ ሰባት ከኣ ሃዋርያት ሓሶት ንርእሶም ሃዋርያት ክርስቶስ ዘምስሉ እዮም” (2 ቆሮ 11፡14)

ሃዋርያ ጳውሎስ

“ከምኡ ኸኣ ኣብ ማእከልኩም መማህራን ሓሶት ክትንስኡ እዮም.. ብዙሓትውን ክስዕብዎም እዮም” (2ጴጥ 2፡1-2)

ሃዋርያ ጴጥሮስ

“ኣቱም ፍቑራተይ፣ ብዙሓት ነብያት ሓሶት ናብ ዓለም ወጺኦም ኣለዉ እሞ፣ እቶም መናፍስቲ ካብ ኣምላኽ እንተ ኾይኖም መርምሩ እምበር፣ ንመንፈስ ዘበለ ኹሉ ኣይትእመንዎ” (1ዮሃንስ 4፡1)

ሃዋርያ ዮሃንስ

“ገለ ሰባት፣ ፍርሃት ኣምላኽ ዘይብሎም፣ ስሉኽ ኢሎም ኣትዮምኹም ኣለዉ” (ይሁዳ ጥቕሲ4)

ይሁዳ ሓው ጐይታና

ከም በዓል ዓባይ ብርጣንያ ዝኣመሰላ ኣብ መወዳእታ ናይ 19 ክፍለ ዘመን ግዝኣታተን ከስፋሕፍሓ ዝንቀሳቐሳ ዝነበራ ሃገራት፣ ኣብቲ ዝገዝኣኣ ዝነበራ ቦታታት፣ እቶም ህዝቢ ሓቢሮም፣ ብሓደ ሰሚሮም መታን ከይቃለሱ፣ “ክፋልካ ግዛእ” ብዝብል ፖሊሲ ነቶም ተገዛእቲ ህዝብታት ብሃይማኖት፣ ብቐቢላ፣ ብኣውራጃ ብኸልእ በበይኑ መፈላለዪ ኪኸውን ዚኽእል ነገራት እንዳገበሩ ጐዛዝዮም ይገዝእዎም ነይሮም። ሎሚ ኸኣ፣ እቲ ጐራሕ ሰይጣን፣ ነዛ ፖሊሲ ቁሩብ ናይ ቃላት ምትዕርራይ ብምግባር፣ “ጸናቢርካ ግዛእ” ዚብል ሚላ ሒዙ፣ ኣብ ማሕበር ኣምላኽ ይዓዪ ኣሎ። ብሰንኪ እዚ ምትሕውዋስ እዚ ኸኣ፣ ነገራት ስለ ዝተራቐቐ፣ ዕዮ ኣምላኽን ዕዮ ሰይጣንን ፈላሊካ፣ መንፈሳዊ ትሕዝትኦም ብቐሊሉ ክትመምዮ ኣብ ዘይትኽእለሉ ከበድቲ ግዝያት በጽሒና ኣሎና። እቲ ካብ መጀመርያ፣ ንብርሃን ካብ ጸልማት ዝፈለየ ኣምላኽ ግና፣ ኩሉ ሳዕ “ውጹን ተፈለዩን” ዚብል ጻውዒቱ ምስ ኣድሃየ እዩ። ንሕና ኸኣ፣ ጻውዒቱ ሰሚዕና ክንእዘዞ ይግባእ።

ነዚ ዝጠቐስናዮ ጥቕስታት፣ ካልእ ቃልውን ምውሳኽ ኣየድልዮን እዩ። ከምቲ እቶም ቅዱሳን ኣቲ ግብሪ ኣገልግሎት ንምህናጽ ስጋ ክርስቶስ፣ ምሉኣት ምእንቲ ኪኾኑ ኢሉ፣ የሱስ ገሊኣም ሃዋርያት፣ ገሊኣም ድማ ነብያት፣ ገሊኣም ከኣ ወንጌላውያን፣ ገሊኣምውን ጓሶትን መማህራንን ኪኾኑ ዝሃበ፣ ጸላኢ ድማ፣ ንምፍራስ ስጋ ክርስቶስን ንምትሕንፋጽ ዕዮ ኣምላኽን፣ ናይ ሓሶት ሃዋርያት፣ ናይ ሓሶት ነብያት፣ ናይ ሓሶት መማህራን፣ ወይውን ምናልባት ናይ ሓሶት ወንጌላውያንን ናይ ሓሶት ጓሶትን ማለት ናይ ሓሶት ፓስቶራትን ሂቡን እንዳሃበን ይርከብ ኣሎ።

ስለዚ ንርእሸኻን ንትምህርትኻን ምጥንቃቕ የድሊ። ድሕሪ ሕጂ ንሕና በቲ ካብቲ ብምጥባር ሰብን፣ ንምፍሓስ ስሕተት ዚኸውን ተንኰልን ዚመጽእ ናይ ትምህርቲ ኹሉ ንፋስ፣ ንየው ነጀው እንድፋእን እኸብክብን ቆልዑ ምእንቲ ከይኸውን፣ ንቓላት ናይቶም ኣገልገልቲ ሓቂ ዝኾኑ ኣሕዋትና፣ ብጥንቃቐ ክንሰምየ ይግበኣና።

ኤልምሳና ምሳይ

መእተዊ

ብ1924 ንደቂ ኣምላኽ ምፍልላይ ነፍስን መንፈስን ከመይ ምኻኑ ኪፈልጥዎ ምስ ተሳቐኹዎም ብዙሓት ብሉጻት ኣሕዋት ከይተረፉ ነቲ ነገር ናይ ቃላት ባእሲ እምበር መሰራታዊ ሽግር ዘይብሉ እዩ ብምባል ዕሽሽ ኢሎምዎ። ንሳቶም ዘይተረድእዎ ነገር እንተነይሩ ግና እቲ ባእሲ ኣብ ቃላት ጥራይ ዘይኮነ ኪንዮኡ ዚኸይድ ምኻኑ እዩ። መንፈስን ነፍስን ክልተ ዝተፈላለየ ህዋሳት እዮም። እቲ ሓደ ናይ ኣምላኽ ኪኸውን ከሎ፣ እቲ ካልእ ግና ናይ ሰብ እዩ። ዝደለና ስም ንሃበም፣ ንሳቶም ፈጺሞም በበይናቶም ነገራት እዮም። ኣመንቲ ንመንፈስን ንነፍስን እንተደኣ ሓዋዊስምዎም፣ ኣብ ከቢድ ጸገም እዮም ዚኸመሙ። ብኡ ኣቢሉም ድማ ንምትላል ናይ ክፋኣት መናፍስቲ ይቃልዑ ስለዚ ድማ ዕዮ ኣምላኽ ይተዓናቐጽ።

እዘን ሕጂ ዚስዕባ ዓንቀጻት ደድሕሪ እታ “እቲ መንፈሳዊ ሰብ” እትብል ብ1928 ዘሕተምኩዋ መጽሓፈይ ክጽሕፍን እየ ሓሲበ ነይረ። ግናኸ ኣካላዊ ድኻም በቲ ሓደ፣ ከቢድ ናይ ኣገልግሎት ጸር ድማ በቲ ኻልእ፣ ስለ ዝዓዘዘኒ፣ ኣብታ ዝሓለፈት ዓመት ዝተሓትመት መጽሄት “ምንቕቓሕ” ኪወጻ ክኢለን። ንድሌት ናይ ነበብቲ ንምዕጋብ ድማ ሕጂ ብመልክዕ ንእሽቶ መጽሓፍ ተዳልያ ትወጽእ ኣላ።

ኣብ መንፈስን ነፍስን ዘሎ ምፍልላይ ምፍላጥ፣ እቲ ዝዓበየ ጥቕሙ፣ ብዛዕባ እቲ ኣብ ነፍሲ ተቐሚጡ ዘሎ “ድጉል ሓይሊ” ከተስተውዕሎን ንሱ ኸኣ ብኸመይ ንናይ መንፈስ ቕዱስ ሓይሊ ብምትምያን፣ ኪሰርሕ ከም ዚኽእል ክትርድኦን ከም ትኽእል ስለ ዚገብረካ እዩ።

እዚ ፍልጠት እዚ ስቕ ኢልካ ክልሰ-ሓሳባዊ ጥራይ ዘይኮነ፣ ሰባት ብኸመይ ብመገዲ ኣምላኽ ኪመላለሱ ከም ዚኽእሉ ብግብሪ ዚጠቕሞም እዩ።

በቃ እዛ ዝሓለፈት ትማል ትማሊ ለይቲ፣ ናይ ኤፍ ቢ መየር ጽሑፍ የንብብ ነይረ። ንሱ ቅድሚ ሞቱ ቅድሚ ሓጺር እዋን፣ ኣብ ሓደ ኣኼባ ከምዚ ዚስዕብ ቃል ተዛሪቡ። ገለ ክፋሉ ድማ ከምዚ ይብል፣ “እዚ ዘመንዚ ካብ ማሕበር ክርስቶስ ወጻኢ “መንፈስነት” ዚበዝሓሉ ዘገርም ግዝያት እዩ። ኣብቲ ታሕተዋይ ክፋል ናይ ሰብነትና ምልዕዓል ናይ ነፍሲ እንዳ ዓብለለ ይመጽእ ኣሎ ኣብዚ ዘመን እዚ ብትምዩን ስራሓት ኣየራትና ስለ ዝተረበጹ፣ ጐይታ ንማሕበሩ ናብ ዝበረኽ ሓፍ ክትብል ጻውዒት የቕርበላ ኣሎ” ኢሉ። ሎሚ ዘለናዮ ኩነታት እምበኣር ሓደገኛ እዩ። ነቲ “ሰናይ ዘበለ ክንሕዝ” ኪታ እንተ ኾነ እዩ። (1ተሰ 5፡21) ኣሜን።

ዎችማን ኒይ
መጋቢት 8, 1933

ድጉል ሓይሊ ናይ ነፍሲ

“እቶም ኣጋዲ ምድሪ ኽኣ፥ ደጊም ኣቓሑኦም ዚዕድገሎም የልቦን እሞ፥ ይበኽዩላን የልቅሱላን። ኣቓሑ ወርቅን ብሩርን ክቡር እምንን ሉልን ..... ወጹእ ኩዳንን ሃርን ቀይሕ ግምጃን ቅዱይ መኣዛ ዘበለ ዕጨይትን. ..... ክብትን ኣባጊዕን ኣፍራስን ሰረገላታትን ባሮትን ነፍሳት ሰብን” (ራእይ 18፡11-13)

[እቲ ኣብ መወዳእታ ናይቲ ሕጡብ-ጽሑፍ ዘሎ “ባሮትን ነፍሳት ሰብን” ዚብል ሓረግ፥ ሌጣ ትርጉሙ ብግሪኽ፥ “ስጋታትን ነፍሳትን ሰብ” እዩ ዚብሎ።]

በጃኹም ኣስተብህሉሉ እዚ ዝርዝር ናይ ንግድ ኣቓሑ! ብወርቅን ብሩርን ጀሚሩ ብስጋታትን ነፍሳትን ሰብ እዩ ዘኽትም። ወርቂ፥ ብሩር፥ ፈረስን ሰረገላታትን ዚኣመሰሉ ኣቓሑ ኣብ ንግዲ እትላዉጠም ኣቓሑ እዮም። እወ ባሮት ከማን ከም ዝኾነ ይኹን ካልእ ኣቓሑ ክትሽጠምን ክትልውጠምን ትኽእል ኢኻ። ባሮት ክትሽይጥ ከሎኻ “ስጋታት ሰብ” ትነግድ ኣሎኻ ማለት እዩ። [ስለዚ እዮም ተርጎምቲ መጽሓፍ ቅዱስና፥ ነቲ ስጋታት ዚብል፥ ናይ ግሪኽ ቃል፥ ባሮት ኢሎም ተርጕሞምዎ ዘለዉ] ኣብዚ ግና ካባኡ ሓሊፉ “ነፍሳት ሰብ” እውን ኪንገድ ከሎ ኢኹም ትምልከቱ።

“ከምኡ ድማ እቲ ቀዳማይ ሰብ፥ ኣዳም “ህያው ነፍሲ ኮነ ዚብል ጽሑፍ እዩ እቲ ዳሕራይ ኣዳም ህያው ዚገብር መንፈስ ኮነ። ግናኸ ቅድም እቲ ነፍሳዊ እዩ እምበር እቲ መንፈሳዊ ኣይኮነን። ድሓር እቲ መንፈሳዊ እዩ” (1ቈሪ 15፡ 45፡46)

“እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ካብ ሓመድ ምድሪ ገበሮ ኣብ ኣፍንጫኡ ድማ [ት]ንፋስ ህይወት ኡፍ በለሉ እሞ እቲ ሰብ ህያው ነፍሲ ኾነ” (ኦሪት ዘፍጥረት 2፡7)

ኣብዘን ዚሓለፋ ክልተ ዓመታት ነዚ ሕጂ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ ከመሓላልፍ ብሓይሊ ተሰሚዑኒ ነይሩ። እቲ መልእኽቲ ዓሚቕን ዝተሓላለኸን ስለ ዝኾነ ግና ነቲ ተዛራባይ ኪዛረበሉ፥ እቶም ሰማዕቲውን ኪርድኡዎ፥ ኣመና ከቢድ እዩ። ነዚ ምኽንያት ከኣ ኣብታ ዝጸሓፍኩዋ “እቲ መንፈሳዊ ሰብ” እትብል መጽሓፈይ ኣብ “ክፍሊ ሰለስተ” ኣየእተኹዎን። ግናኸ ኩሉ ሳዕ ነዚ ክጽሕፍ ከም ዘሎኒ ኣጸቢቑ ይስመዓኒ ነይሩ። ብዙሕ መጻሕፍትን መጽሄታትን ድሕሪ ምንባበይን ምስ ኣብ ካልእ ክፋል ናይዛ ዓለም ዘለው ብዙሓት ሰባት ድሕሪ ምርኻበይን ግና፥ ነዚ ነገርዚ ክገብሮ ወሲነ። ነዚ ሕጂ ንሕና ክንፈልጦ ዕድለኛታት ኮይንና ዘሎና ሓቂ ምፍላጥና ንዓይ ዓቢ ነገር ኮይኑ እዩ ዝርደኣኒ። ከመይሲ፥ ኩነታትን ዝንባለን ናይ ማሕበር ኮነ ናይ ዓለም ክትርኢ ከለኻ ነቲ ዝተቐበልናዮ ነገር ከነመሓላልፎ ግዲ ይኾነና። እንተዘይኮነ ግና ነቲ መብራህቲ ኣብ ትሕቲ ከፊር ከም እነቐምጥ ኼይንና ኢና እንርከብ። ናይዚ ሎሚ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ ቀንዲ ዛዕባ፥ መንፈሳዊ ውግእ ምስ መወዳእታ ዓለም ዚህልዎ ምትእስሳር ዚምልከት እዩ። ስለቶም ነታ “እቲ መንፈሳዊ ሰብ” እትብል መጽሓፈይ ዘየንበቡ ሰባት ክብል፥ ብዛዕባ ሰለስተነት ናይ መንፈስ፥ ነፍሲን ስጋን ብሓጺር ክዛረብ እየ።

ሰለስተነት ናይ መንፈስ፥ ነፍሲን ስጋን

“እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንሰብ ካብ ሓመድ ምድሪ ገበሮ ዘፍ፥ 2፡7። እዚ ጽሑፍ እዚ ንናይ ሰብ “ስጋ” ዘመልክት እዩ። *“ኣብ ኣፍንጫኡ ድማ ትንፋስ ህይወት ኡፍ በለሉ”* እዚ ጽሑፍ ድማ ኣምላኽ ብኽመይ ንሰብ “መንፈስ” ከም ዝሃቦ እዩ ዚገልጽ። ስለዚ መንፈስ ኣዳም፥ ብኽመይ ከም ዝመጸ ይነግረና። ስለዚ ናይ ሰብ ስጋ ካብ ምድሪ ኪኽውን ከሎ ናይ ሰብ መንፈስ ግና ብኣምላኽ ዝተዋህበ እዩ። እቲ ጽሑፍ ከምዚ ብምባል ይቕጽል፥ “እቲ ሰብ ድማ ህያው ነፍሲ ኮነ።” ትንፋስ ህይወት ናብ ኣፍንጫኡ ምስ ኣተዎ ሰብ ህያው ነፍሲ ኮይኑ። ስለዚ መንፈስ ነፍሲን ስጋን ሰለስተ ዝተፈላለዩ ነገራት እዮም። ነዚ ኢና ኣብ መልእኽቲ ተሰሎንቄ *“ብዘሎ መንፈስኩምን ነፍስኹምን ሲጋኹምን .... ይተሓሉ”* ዚብል ጽሑፍ ንረክብ። (1ተሰ፥ 5፡23) መንፈስ ካብ ኣምላኽ ዝተዋህበ እዩ። ነፍሲ ህያው ነፍሲ እያ። ስጋ ድማ ብኣምላኽ ዝተሰርሐ እዩ።

ብልሙድ ኣበሃህላ፥ ነፍስና ሰብነትና እዩ። መንፈስን ስጋን ምስ ተሓወሱ፥ ሰብ ህያው ነፍሲ ኮይኑ። መለለዩ መላእኽቲ “መንፈስ” እዩ። ናይቶም ታሕተዎት እንስሳታት፥ - ማለት ናይ ኣራዊት - መለለዩ ድማ፥ “ስጋ” እዩ። ንሕና ሰባት ግና ክልቲኡ ማለት መንፈስን ስጋን ኣሎና። መለለይና ግና መንፈስ ወይ ስጋ ኣይኮነን። መለለይና ነፍሲ እዩ። ንሕና ህያው ነፍሲ ኣላትና። ስለዚ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ ንሰብ ነፍሲ ብምባል ዚጽውዖ። ንኣብነት ያእቆብ ምስ ስድራቤቱ ካብ ግብጺ ኪወጽእ ከሎ እቲ ጽሑፍ ከምዚ ብምባል ይነግረና፥ “ናብ ግብጺ ዝኣተዉ ኩሎም ነፍሳት ቤት ያእቆብ ሰብዓ ነበሩ” ዘፍ 46፡27 ከምኡውን ኣብ እዋን ብዓል ሓምሳ ብዛዕባ እቶም ስብከት ጴጥሮስ ሰሚያም ዝተጠመቐ ሰባት ኪገልጽ ከሎ፥ ጽሑፍ ከምዚ ይብል፥

“...ተጠምቁ በታ መዓልቲ እቲኣ ኣስታት ሰለስተ ሺሕ ነፋሳት ናብታ ማሕበር ተወሰኾ (ግብሪ ሃዋርያት 2፡41)

ስለዚ ነፍሲ ከም ሰብ ዘለና “ሰብነትና” (Personality) እያ እተመልክት።

መንፈስ፥ ነፍሲን ስጋን ንእኒ ምንታይ እዩ ዘገልግል? እዚ ነገር እዚ ድሮ ኣብ “ክፍሊ ሓደ” ናይታ “እቲ መንፈሳዊ ሰብ”[1] ትብል መጽሓፈይ ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ። ሓደ መዓልቲ ግና ኣብ ሓደ ከብሒ ናይ መጻሕፍቲ ናይ ኣንድሪው ሙረይ ጽሑፋት ዝሓዘ፥ ሓደ ቅጺ ረኺበ። ንሱ ልክዕ ከምዚ ናትና ኣረዳድኣ ዘለዎ ኮይኑ ረኸበዮ። እምብዛ ድማ ተሓጕሰ። ገለ ካብ ትሕዝቶኡ ከምዚ ይብል፥

“ኣብ ዛንታ ፍጥረት ሰብ ከምዚ ዚብል ጽሑፍ ንረክብ “እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንሰብ ካብ ሓመድ ምድሪ ገበሮ” ስለዚ ስጋ ሰብ ብሽምዚ እዩ ተገይሩ። ቀጺሉ ድማ “ኣብ ኣፍንጫኡ ድማ ትንፋስ [ወይ መንፈስ] ህይወት ኡፍ በለሉ” ይብለና እዚ መንፈስ ብሽመይ ካብ ኣምላኽ ከም ዝመጸ የረጋግጸልና። ቀጺሉ “ሰብ ድማ ህያው ነፍሲ ኮነ” ይብል ካብዚ ሓረግ እዚ ድማ፥ ነፍሲ ሰብ ብሽመይ ከም ዝመጻት ክንርዳእ ንኽእል። መንፈስ ንሰብ ህያው ምስ ገበሮ እዩ ሰብ ህያው ነፍሲ ዝኾነ። ህያው ማለት ገዛእ ርእሱ ዚፍለጥ ሰብ ኮይኑ። ስለዚ ነፍሲ ኣብ መንነ መንፈስን ስጋን ዘሎ መራኸቢ ቦታ እዩ። ማለት ንመንፈስን ስጋን ዘሕብር ነጥቢ እዩ። እታ ህያው ነፍሲ ዝኾነ ሰብ፥ ብመገዲ ስጋኡ ኣቢሉ ምስቲ ኣብ ደገኡ ዘሎ ናይ ግዳም ዓለም ኪዛመድ ክኢሉ። ወይ ነቲ ደጋዊ ዓለም ንሱ ኪጸልም፥ ወይ ድማ ንሱ ብእኡ ኪጽሎ ግድን እዩ። ብመገዲ መንፈሱ ኣቢሉ፥ መቦቆሉ ንሱ ስለ ዝኾነ፥ ድማ ምስቲ መንፈሳዊ ዓለምን ምስ መንፈስ ኣምላኽን ክራኸብ ክኢሉ፥ ናይቲ መንፈሳዊ ዓለም ህይወትን ሓይሊን፥ ተቐባልን ኣገልጋልን ኪኸውን ድማ በቒዑ። ኣብ መንነ እዞም ክልተ ዓለም እዚኣም ድማ ናይ ክልቲኡም ዓለም ዝኾነት ነፍሲ ኣላ። ማለት ርእሳ እትፈልዋ ነቶም ክቢቦምዋ ዘለዉ ነገራት ብምምራጽ ወይ ብምእባይ ድማ ርእሰ-ውሳኔ ትገብር ናብቲ ዝመረጸቶ ወገን ለጊባ ድማ ትነብር።

[1] Watchman Nee, *The Spiritual Man. 3 Vols. New York.* Christian Fellowship Publishers, 1968. Translated from the Chinese

ኣብ ቅዋም ናይዞም ሰለስተ ክፋላት ናይ ሰብ እዚኣቶም፣ መንፈስ፣ ምስቲ መለኮታዊ ኣምላኽ ዘራኽብ ስለ ዝኾነ፣ እቲ ዝለዓለ እዩ። ሲጋ ሰሚዒታውን እንሰሳዊን [ባህሪ ስለ ዝውንን] እቲ ዝተሓተ እዩ። ኣብ መንነ እዞም ክልተ ድማ፣ ተማቓሊት ክልቲኡ ባህሪ ዝኾነት፣ ነፍሲ ኣላ። ንኽልቲኡም ጠሚራ ናብ ክልቲኡም ትዓደ። ነፍሲ ከም መንነኛ እቲ መሰረታዊ ሓይላ ንኽልቲኡም ምስቲ ግቡእ ዓለም ከም ዝራኽቡ ምግባርን ንስጋ ኣብ ዝተሓተ ሒዛ ንመንፈስ ከም ዝምእዘዝ ምግባር፣ ንመንፈስ ድማ ኣብ ዝለዓለ ቦታ ምቕማጥን፣ ነፍሲ ባዕላ ድማ ቡቲ ዝለዓለ ማለት ብመገዲ መንፈስ ኣቢላ ህይወት ካብቲ መለኮታዊ መንፈስ ናይ ኣምላኽ፣ ትቕበል እም፣ ንሳ ድማ ተመሊሳ፣ ነቲ ዝተቕበለቶ ህይወት፣ ናብ ሲጋ ተመሓላልፎ። ኣብ መወዳእታኡ ሲጋ ተማቓሊ ናይ መንፈስ ፍጽምና ኮይኑ ናብ መንፈሳዊ ሲጋ ይቕየር[2]

ስለዚ መንፈስ እንታይ እዩ? መንፈስ ማለት እቲ ምስ ኣምላኽ ዘፋልጠናን ዘራኽበናን እዩ። ነፍሲኸ እንታይ እዩ? ነፍሲ ኸኣ ምስ ገዛእ ርእስና ተዛምደናን፣ ንገዛእ ርእስና ተፋልጠናን እያ። ስጋኸ እንታይ እዩ? ስጋ ድማ ምስ ዓለም ዘራኽበና እዩ። ሲ.ኣይ.ስኮፊልድ ኣብቲ ዝጸሓፎ መወከሲ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ነዚ ንምግላጽ ከምዚ እንዳበለ ይጽሕፍ።

"መንፈስ ንኣምላኽ ንቑሓት ይገብረና። ነፍሲ ንገዛእ ርእስና ንቑሓት ትገብረና። ሲጋ ድማ ነቲ ኣብ ከባቢና ዘሎ ዓለም ንቁሓት ይገብረና"

ፈረስን ብዕራይን ንኣምላኽ ዚኸውን ንቕሓት የብሎምን ምኽንያቱ መንፈስ ስለ ዘይብሎም። ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም ጥራይ እዮም ዚፈልጡ። ስጋና ነቲ ኣብ ከባቢና ዘሎ ዓለም ከም ንድህስስ ይገብረና ማለት ከም እኒ ምርኣይ ነገራት እዛ ዓለም እዚኣ፣ ዛሕሊ ወይ ምቕት ናይ ምስማዕ ስምዒትን ካልእን ይህልወና።

ስለዚ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፣ ኣገልግሎት ናይ መንፈስ፣ ነፍሲን ስጋን እዩ። ሕጂ እምበኣር ናብቲ ቀንዲ ጸገም ክኣቱ። እዚ ናይ መንፈስ፣ ነፍሲን ስጋን ነገር ብዙሓት ንመንፈሳዊ ህይወት ዚምልከት ጥራይ ኮይኑ እዩ ዚስምዖም ክንፈልጦ ዘሎና ግና እዚ ጉዳይ እዚ ኻኹሉ መንፈሳዊ ዕዮን መንፈሳዊ ውግእን እንኮላይ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ብዙሕ ሳዕ ገዛእ ርእስና ምስቲ ቅድሚ ውድቀት ዝነበረ ኣዳም ማዕረ ገይርና ኢና እንወስዳ። ልክዕ ንሕና ከም ኣዳም ሰባት ስለ ዝኾንና ኣብ መንነናን መንነኡን ፍልልይ ከም ዜልቦ ጌርና ንወስዶ። ንሕና ክንገብሮ ዘይኽእል ነገር ኣዳምውን ኪገብሮ ዘይክእል ዝነበረ ይመስለና። ኣብዚ ግና ንሕና ዘይረኣናዮ ክልተ ነገር ኣሎ።

(ሀ). ቡቲ ሓደ ወገን ኣዳም ኪገብሮ ዘይክእል ንሕናውን ክንገብሮ ዘይኽእል ነገራት ነይሩን ኣሎን። እዚ ሓቂ እዩ።

(ለ). ቡቲ ካልእ ወገን ግና፣ ኣዳም ኪገብሮ ዚኽእል ዝነበረ ሕጂ ንሕና ክንገብሮ ዘይኽእል ነገራት ከም ዘሎ ክንፈልጦ ይግባእ።

ኣዳም እንታይ ዓይነት ክእለት ከም ዝነበሮ ዘይንፈልጥ ከይኽኸውን ስግኣት ኣሎኒ። መጽሓፍ ቅዱስና ብጥንቃቐ እንተደኣ ኣጽኒዕናዮ፣ ኣዳም ቅድሚ ውድቀቱ ከመይ ዓይነት ክኢላ ሰብ ከም ዝነበረ ንርዳእ ኢና።

[2] Andrew Murray, *The Spirit of Christ*, Fort Washington, Pa., Christian Literature Crusade. 1964. Note C: The Place of the Indwelling. p227-228.

ስልጣንን ኣካላዊ ዓቕምን ኣዳም

"ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ። ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ። ተባዕታይን ኣንስተይትን ገይሩ ፈጠሮም። ኣምላኽ ከኣ ባረኾም። ኣምላኽ ድማ ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ሽኣ ምልእዋን ምሰኹዋን ንዓሳ ባሕሪን ንዕዋፍ ሰማይን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኩሉ እንስሳን ከኣ ግዛኡ በሎ" **(ዘፍ፣ 1፡22-28)**

ኣዕሩኽ! ምድሪ ከመይ ገዛፍ ምኻና ሓሲብኩምሉዶ ትፈልጡ? ንኣብነት ሓደ ጐይታ ንባርያኡ ኽልተ ቤት ከማሓድር ይእዝዞ ንበል። ክእዝዞ ከሎ ግና ዓቕሚ ናይ ባርያኡ ኣብ ግምት ኣእትዩ እዩ ከምኡ ዚብል። እንተዘይኮይኑ ግና፣ ንሓደ እኹል ዓቕሚ ምምሕዳር ዘይብሉ ባርያ፣ ኣብ ሓደ ኸባቢ ንዘሎ ገዛውቲ፣ ብምልኡ ከማሓድር ኣይትእዝዝን ኢኻ። ምናልባት ሓደ ተሪር ጐይታ ንባርያኡ ቁሩብ ካብ ግቡእ ንላዕሊ ዝኾነ ሓላፍነት ክስከም ይእዝዞ ይኸውን፣ ፈጺሙ ሓለፋ ዓቕሙ ዝኾነ ነገር ኪገብር ግና ኣይእዝዞን እዩ። ኣምላኽከ ንኣዳም ካብ ክእለቱ ንላዕሊ ዝኾነ ነገር ይእዝዞዶ? እምበኣር ኣዳም ምልእቲ ምድሪ የመሓድር ካብ ነበረ፣ ዓቕሙ ድማ ካብ ናትና ርግጽ ይዓቢ ነይሩ እዩ። ንምልእቲ ምድሪ ከመሓድር ዝኽእል ሓይሊ፣ ክእለትን ዓቕምን ካብ ፈጣሪ ተቐቢሉ ነይሩ እዩ።

ዓቕሚ ኣዳም ካብ ናትና ብቢልዮን ዕጽፊ ይበልጽ እዩ እንተዘይበልና እኳ፣ ኣዳም ብዓቕሙ ብሚልዮን ዕጽፊ ይበልጸና እዩ እንተበልና ካብ ሓቂ ኣይረሓቕናን። ከምኡ እንተዘይኮውን ነይሩ፣ ኣዳም ነቲ ብኣምላኽ ዝተዋህቦ ትእዛዝ ኪፍጽም፣ ዓቕሚ ኣምበይምነበሮን። ናይዞም ሕጂ ዘሎና ሰባት ዓቕምናኻ? ንሓንቲ መተሓላለፊት (ኮረድዮ) ሰለስተ ሳዕ ጥራይ እንተወልዊልናያ ድሕሪኡ ሕቕና ትኽ ምባል ይኣብየና! እዚኳ ዘይከኣልናዮ ደኣ ከመይ ጌርና ምድሪ ከንገዝእ ንኽእል? ኣዳም ግና ንምድሪ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ልዕሊ ዓሳ ባሕርን ኣዕዋፍ ሰማይን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኩሉ እንስሳን ምልኪ ነይርዎ። "ምግዛእ" ማለት ብዘይ ሓደ ነገር ኣራጢጥካ ኮፍ ምባል ማለት ኣይኮነን። ምግዛእ፣ ምሕደራን ዕዮን ይሓትት እዩ። ካብዚ ተበጊስና ኸኣ ኢና፣ ኣዳም ካባዚ ሕጂ ዘለናዮ ኩነታት ዚበልጽ ሓይሊ ነይርዎ እዩ ንብል።

እዚ ትምህርቲ እዚ፣ ሓድሽ ኣመሰኻኽታ እዩ ኢልካዶ ሓሲብካ? ከም ሓቂ፣ እዚ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ቀደም ዚምህሮ ምህሮ እዩ። ኣዳም ቅድሚ ውድቀቱ ክደክም ዘይኽእል ሓይሊ እዩ ነይሩዎ። ድሕሪ ውድቀት እኮ እዩ እግዚኣብሄር፣ "እንጌራ በረሃጽ ገጽካ ክትበልዕ ኢኻ" ዝበሎ።

ሓይሊ ሓንጎል ኣዳምን ናይ ምዝካር ዓቕሙን

"እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ኻኹሉ ኣራዊት መሮርን ኻኹለን ኣዕዋፍ ሰማይን ኣብ ምድሪ ገበረ። እንታይ ከም ዝሰምየን ምእንቲ ኪርኢ ድማ ናብ ሰብ ኣምጸኤን ነቲ ህያው ነፍሲ ዘለዎ ኩሉ እቲ ሰብ ከም ዘውጸኣሉ ሰሙ ንሱ ኮነ። ሰብ ድማ ኻኹሉ እንስሳን ነዕዋፍ ሰማይን ንኣራዊት መሮርን ሰሰሙ ሃቦ" **(ዘፍጥረት 2፡ 19-20)**

ኣዕሩኽተይ! እዚ መስተንክር ደይኮነን! ንሸኻትኩም ሓደ ስም ናይ ኩሎም እንስሳታት ዝሓዘለ መዝገበ ቃላት እንተ ዚወሃበኩም እሞ ኣስማት ነፍሲ ወከፍ እንስሳ እንተ ተንብብዎ ክንደይ ካብኡ ክትፈልጡን ክትዝክሩን ትኽእሉ? ኣዳም ግና ኻኹለን ኣዕዋፍን ኩለን እንስሳታትን ኣስማት ኣውጺኡለን። ከመይ ዓይነት ሊቅ ኮን ነይሩ ይኸውን! ገለ

ገሌና ኣዚና በላሕቲ ዘይኮንና ሰባት፣ ናይ ምዝካር ዓቕምና ፈጺሙ ድሩት ምኻኑ ፈሊጥና፣ ንስኻ-ፍልጠት ናይ ስኻ-እንስሳታት ምጽናዕ፣ ንወሰን ዝደርበናዮ ኣይንሰኣንን ኽኸውን! ኣዳም ግና ዘካሪ ስማት እንስሳታት ጥራይ ዘይኮነ ነይሩስ፣ ንሱ ባዕሉ እዩ ሰያሚ ዝነበረ። ምኽንያቱ ባዕሉ እዩ ኽኹሉ እንስሳ ስም ዘውጸኣሉ ነይሩ። ናይ ኣዳም ሓንጎልን ናይ ምምዝዛን ዓቕሙን ከመይ ሃብታምን ፍጹምን ምንባሩ ክንስሕቶ ኣይኽኽእልን ኢና።

ናይ ኣዳም፣ ናይ ምምሕዳር ሓይሊ

“እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ወሲዱ ኪዓይያን ኪሕልዋን ኣብ ገነት ኤደን ኣቐመጦ” (ዘፍ 2፣15)

ኣዳም ብኽመይ ንምድሪ ይገዝእ ከም ዝነበረ ፈሊጥና ኣሎና። እስኪ ሕጂ ናብቲ ኣምላኽ ኪገብሮ ዝኣዘዞ ነገር ተመሊስና ንመልከት። ኣምላኽ ንጀርዲን ኤደን ክዓይያ ንኣዳም ኣዚዝዎ። ምዕያይ ማለት መቸም ስሩዕነት ዘድልዮ ነገር እዩ። ጀርዲን ኤደን ክሳዕ ክንደይ ዓቢ ምንባሩ ትፈልጡዶ? ዘፍጥረት 2፣10-14 [ጀርዲን ኤደን ኣብ ማእከል] ኣርባዕተ ዓበይቲ ርባታት ከም ዝነበረት ይገልጸልና። ንሳቶም ድማ ፒሶን፣ ጊሖን፣ ሄድቂልን ኤፍራጥስን እዮም። እዚኣም ኩላቶም ካብ ኤደን እዮም ዝውሕዙ ዝነበሩ ናብ ኣርባዕተ ርባታት ድማ ይምቀሉ ነይሮም። ካብዚ እቲ ጀርዲን ክሳዕ ክንደይ ዓቢ ምንባሩ ንስሕቶ ኣይመስለንን። ነዚ ብኣርባዕተ ዓበይቲ ርባታት ዝተኸበበ መሬት ኪዓዩ እንተደኣ ኮይኑ፣ ኣዳም ክሳዕ ክንደይ ብርቱዕ ኮን ነይሩ ይኽውን! ክዓይያ ጥራይ ዘይኮነስ ኪሕልዋውን ማለት ጸላኢ ናብቲ ጀርዲን መጺኡ ከይወርር እውን ሓለዋ ኪገብር ክእለት ነይሩዎ። ስለዚ ነዚ ኪገብር ዝኽእል ነይሩ እንተደኣ ኮይኑ ኣዳም ብዓል መስደመም ክእለት ነይሩ ኪኸውን ኣለዎ። ስለዚ ኹሉ ናይዚ ሓይሊ እዚ ኣብ ዉሽጢ ነፍሲ እዩ ነይሩ። ሓይሊ ኣዳም ከም ልዕለ-ባህሪ ወይ ከም ተኣምራታዊ ነገር ጌይሩ ክረኣየና ይኽእል ይኸውን። ንኣዳም ግና እዚ ነገር እዚ፣ ተኣምራታዊ ዘይኮነስ ሓደ ተራ ሰብ ዚውንኖ ሓይሊን ክእለትን ስለ ዝኾነ ተራ ነገር እዩ። ስለዚ ንእኡ ልዕለ-ባህርያዊ ዘይኮነስ ባህርያዊ እዩ ነይሩ።

ኣዳም ነዚ ኩሉ ክእለቱ ሽዑ ተጠቂምሉዶ ነይሩ? ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ከም እንርድኦ ኣዳም ነዚ ነገር እዚ ማለት ነዚ ዓቕሚ እዚ ብምልኣት ኣይመዝመዘን፣ ከመይሲ ምስ ተፈጥረ ኻርጋ ሽዑንሽዑ ቅድሚ ነዚ ምሳኡ ዘሎ ሓይሊ ኣብ ግብሪ ምውዓሉ ስለ ዝወደቐ እቲ ሓይሊ እቲ ኣይተጋህደን።

እቲ ጸላኢ ንሄዋን ኪሓብል ዝተጠቐመሉ ሜላ እንታይ ነይሩ? ጸላኢ ንሄዋን እንታይ ኢሉ እዩ ተስፋ ሂቡዋ? ንዝክሮ ኽኸውን ንሱ እዚ ዚስዕብ እዩ ኢሉዋ።

“ካብኣ ምስ እትብልዑ መዓልቲ ኣዒንትኹም ከም ዝኽፈታ፣ ከም ኣምላኽውን ከም እትኾኑ ጽቡቕን ክፉእን ከኣ ከም እትፈልጡ.....” (ዘፍ 3፣15)

ተስፋ ጸላኢ “ከም ኣምላኽ ምኻን” ዚብል እዩ ነይሩ። ጸላኢ ብሓፈሻኡ ከምዚ እዩ ዚብላ ዘሎ፣ ዋላኳ ሓይልን ዓቕምን እንተሎኺ ኣብ ሞንጎኽን ኣብ ሞንጎ ኣምላኽን ዓቢ ጋግ ኣሎ። ነዚ ጋግ እዚ እተጽብብሉ ኽኣ ነታ ክፉእን ጽቡቕን እተፍልጥ ኦም ምስ እትብልዒ እዩ። ሽዑ ናይ ኣምላኽ ስልጣንን ጥበብን ሓይልን ትቕበሊ። ሽዑ መዓልቲ ሂዋን [እዚ ምስ ሰምዔት] ተሓቢላ ወደቐት።

ኣምላኽ ንኣዳም ዝሃቦ ሓይሊ

ነዚ ነገር እዚ፣ ብኽምዚ መልክዕ ንምርምሮ ዘሎና፣ ገለ ክንፈልጥ ክቱር ህንጡይነት ስለ ዘሎና ኣይኮንናን። ግናኸ ኣምላኽ ንኣዳም ዚሃቦ ነገር ብትክክል ምፍላጡ ስለ ዘድልየና እዩ። ጽሑፍ ከምዚ ይብል

“ኣምላኽ ከኣ ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር በለ” ዘፍ 1፣26

እተን “ብመልክዕና” “ከም ምስልና” ዚብላ ቃላት ተመሳሰልቲ ስለ ዚመስላ ናይ ቃላት ምድግጋም እዩ ዚመስል። ብእብራይስጢ ግና እቲ “መልክዕ” ዚብል ቃል ንኣካላዊ ምስሊ ኣይኮነን ዘመልክት እንታይ ደኣ ንሞራላዊን መንፈሳዊን ተመሳሳልነት እዩ ዘመልክተና። ከምቲ ሓደ ናብ ምስሊ ኣርኣያኡ ንቕየር ዝበሎ መልክዕ ማለት “ንምስሉ ምምሳል” ማለት እዩ። ስለዚ ኣምላኽ ንሰብ ዚፈጠሮ ቀንዲ ዓላማኡ ሰብ ናብ ናቱ ምስሊ መታን ኪልወጥ ኢሉ እዩ። ኣምላኽ፣ ኣዳም ንእኡ ኪመስል እዩ ደልይዎ። ድያብሎስ ግና “ከም ኣምላኽ ክትኮኑ ኢኹም” እዩ ኢሉዎም። [ነስተውዕል!] መቦቆላዊ ናይ ኣምላኽ ድልየት ግና ኣዳም ተለዊጡ ንእኡ ኪመስል እዩ።

ካብዚ እምበኣር ቅድሚ ውድቀት፣ ኣዳም ንኣምላኽ ከምስሎ ዘኽእል ሓይሊ ነይርዎ እዩ ኢልና ክንድምድም ኻኽእል ኢና። ኣዳም ንኣምላኽ ከምስሎ ዝኽእል ሓደ ሕቡእ ክእለት ነይርዎ እዩ። ብደጋዊ ኣረኣእያ፣ ሰብ ድሮ ንኣምላኽ ኪመስል ክኢሉ እዩ። ደኹን እምበር ሰብ ምስ ኣምላኽ ሞራላዊ ተመሳሳልነት ኪህልዎውን ተመዲቡ እዩ። (ሞራላዊ ኪብል ከለኹ ንናይ ሰብ ጽቡቕ ጠባይ ጥራይ ዘመልክት ዘይኮነስ እንኮላይ ኻኹሉ ልዕሊ ነገራዊ ነገር ዝሓቁፍ እዩ) ስለዚ እቲ ብሰሪ ውድቀቱ ዝኽሰሮ ክሳራ ክሳዕ ክንደይ ዓቢ ምንባሩ ግሁድ እዩ። ስለዚ መጠን ናይቲ ብውድቀት ዝሰዓበ መጉዳእቲ ኪንዮ ናትና ገምጋም እዩ።

ውድቀት ሰብ

ኣዳም ነፍሲ እዩ። መንፈሱን ስጋኡን ድማ ኣብ ነፍሱ ተጠሚረን ኣለዋ። እቲ ክንዘራረበሉ ዝጸናሕና መስተንክራዊ ሓይሊ ኣብ ነፍሱ እዩ ዚርከብ። ማለት እታ ብምትሕውሮስ መንፈስን ስጋን ናብ ህላወ ዝመጸት ነፍሲ፣ ኪሕሰብ ዘይክኣል ዓቢ ልዕለ ባህርያዊ ሓይሊ ትውንን እያ። ኣብ ውድቀት ግና እቲ ንዓናን ንኣዳምን ዚፈላልየና ብርቱዕ ሓይሊ ከሲርናዮ ኢና። እዚ ሓይሊ እዚ ደጊም ኣብ ነፍሲ የሎን ማለት ግና ኣይኮነን። ዋላኳ እዚ ሓይሊ እዚ ኣብ ሰብ እንተሎ ግናኸ ደስኪሉ፣ ዘይንቀሳቐስ ኮይኑ እዩ ዘሎ። ብመሰረት ዘፍጥረት ምዕራፍ 6 ሰብ ድሕሪ ውድቀት “ስጋ” ኮይኑ እዩ። ማለት ብስጋ ተዓፊኑ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቁጽጻር ናይ ስጋ ተንበርኪኹ እዩ። ሰብ ብመበቆሉ ነፍሲ እዩ ነይሩ ድሕሪ ውድቀት ግና ሰብ ስጋ ኮይኑ። ነፍሱ ንመንፈሱ ክትግዛእ ዝነበራ ሕጂ ግና ንምልኪ ስጋኡ ተንበርኪኻ። ስለዚ እዩ ጐይታ ”ንሱ ስጋ ድማ እዩ እሞ፣ መንፈሰይ ንሓዋሩ ምስ ሰብ ኣይጻረርን [ወይ ኣይቃለስን]” ዝበለ። ኣብዚ እግዚኣብሄር ንሰብ “ስጋ” ብምባል ኪጽውዖ ከሎ ንረኽቦ። ካብ ሽዑ ንደሓር ኢና ኽኣ “ስጋ” መለለዩ ሰብ ኮይኑ ንረኽቦ። እዚ ዝስዕብ ጥቕስታት ንመልከት፣

“ስጋ ዘበለ ኩሉ መገዱ ኣብ ምድሪ ኣበላሽዩ ነበረ እሞ” ዘፍ 6፣12

“[እቲ ቅዱስ ቅብኢ] ኣብ ሲጋ ሰብ ኣይክሥ” (ዘጽኣት 30፡ 31-32)

(እቲ ቅዱስ ቅብኢ ንመንፈስ ቅዱስ እዩ ዘመልክት)

“..... ሲጋ ዝለበሰ ኩሉ ኣብ ቅድሜኡ ብግብሪ ሕጊ ዘጸድቕ የልቦን” ሮሜ 3፡20

ስለምንታይ ክሳዕ ክንድዚ ናብዚ ጉዳይ ምእታው ኣድልዩኒ? ምክንያቱ ኣብ ራእይ ዮሃንስ 18 ብዛዕባ ኣብ ዳሕራይ ዘመን ኪኸውን ዘለዎ ነገራት ዝተጻሕፈ ነገር ስለ ዘሎ እዩ። ኣቐዲመ ኣብቲ መእተዊ፡ ነፍሲ ሰብ ኣብ ባቢሎን ከም ኣቕሓ ከም ዚንገድ ጠቂሰ ነይረ። ልክዕ ከም ኣቕሓ ኪዕደግን ኪሽየጥን ከም ዝኾነ ርእይና ነይርና። ግናኸ ስለምንታይ እዩ ነፍሲ ሰብ ከም ኣቕሓ ዚውሰድ ዘሎ? ምክንያቱ ኣብ ዳሕራይ ዘመን ሰይጣንን እቲ ናቱ ኣፈኛ ዝኾነ ጸረ-ክርስቶስን ንነፍሲ ሰብ ከም መሳርሒ ገይሮም ኣብ ዕዮታቶም ኪጥቀሙላ ስለ ዝደልዩ እዩ። ኣዳም ኣብ ገነት ኤደን ምስ ወደቐ ሓይሉ ለሚሱ እዩ። ሓይሉ ምሉእ ብምሉእ ኣይጠፍአን እንታይ ደኣ፡ እቲ ሓይሊ ኣብ ውሽጡ ከም ዝቕበር እዩ ኮይኑ። ሰብ ስጋ ኾይኑ፡ ስጋ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ስጋኡ ነቲ መስተንክር ሓይሊ ጠሚሩ ኣብ ውሽጢ ቀይድዎ። ሰብ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ምስ ተተኻኸአ ድማ፡ እቲ ናይ ቀደም ክእለቱ ከም ሓደ “ሕቡእ” ሓይሊ ኮይኑ ተሪፉ። ኣይጠፍአን ግዳ ብስጋኡ ተኣሲሩ ማለት እዩ።

ሎሚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣብዛ ምድሪ ዘሎ ፍጡር ሰብ እዚ ኣዳማዊ ሓይሊ እዚ ኣሎ። የግዳስ ርእሱ ኪገልጽ ከም ዘይክእል ኮይኑ ተቐይዱ ይርከብ። ግናኸ ዋላ ኪወጽእ እንተዘይከኣለ፡ እቲ ሓይሊ ግና ልክዕ ከምቲ መጀመርያ ኣብ ነፍሲ ኣዳም ዝነበረ፡ ሕጂውን ኣብ ነፍሲ ኩሉ ሰብ ኣሎ። ግናኸ ነፍሲ ሰብ ብስጋ ስለ ዝተኸበደነት እቲ ሓይሊውን ምሳኣ ተቐይዱ ተሪፉ። ኣብዚ ዘመን እዚ ድያብሎስ ዚሰርሓሉ ዘሎ ኣገባብ ድማ ነቲ ኣብ ነፍሲ ሰብ ተዓጽዩ ዘሎ ሓይሊ ፈቲሕካ ንዕዮ መንፈስ ቅዱስ ኣመሳሲልካ ንመንፈሳዊ ሓይሊ ምትምያን እዩ። ስለዚ ናይዚ ጉዳይ እዚ ቐንዲ መልዓልየይ ድማ፡ ኣብ መወዳእታ ዘመን ነፍሲ ሰብን ኣሰራርሓ ሰይጣንን ክሳዕ ክንደይ ከምዚተኣሳሰር ንምግላጽ እዩ።

ኣዳም ብኽመይ ልዕለ-ባህሪ ዝኾነ ክእለት ከም ዝወነነ ገሊጽና ነይርና ከም ሓቂ እቲ ሓይሉ ብሉጽን ልዕለ-ባህርያዊን እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ሎሚ ንዓና ከም ልዕለ-ባህሪ ኮይኑ ክረኣየና ይኽእል እዩ። ቅድሚ ውድቀት ኣዳም ነዚ ሓይሊ እዚ ኣብ ነፍሱ ስለ ዝነበረ ብዘይ ጸገም ኪሰርሓሉ ይኽእል ነይሩ እዩ። ድሕሪ ውድቀቱ ግና እዚ ሓይሊ እዚ ብስጋ ስለ ዝተዳኘነ ብእኡ ተኽልኪሉ ተሪፉ እዩ። ቀደም ስጋ ኣዳም ንሓይሊ ነፍሲ ኣዳም መተሓባብርቲ እዩ ነይሩ። ነፍሲ ምስ ወደቐት ግና ሓይላ ብቐርፊ ናይ ስጋ ተኽኪባ ተሪፋ። ሰይጣን ግና ሕጂ ነዚ ደጋዊ ስጋዊ ቅርፊ ከፊቱ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሰብ ደቂሱ ዘሎ ሓይሊ ፈቲሑ ንሰብ ኪቐጻጸር እዩ ዚፍትን ዘሎ። ብዙሓት ግና ካብ ኣምላኽ ዝተቐበልዎ ስለ ዝመስሎም፡ ነዚ ስልቲ ናይ ሰይጣን ይርድኡዎ የሎን።

ብሃይማኖታዊ ኣረኣእያ

እዚ ኣብ ሃይማኖት ክርስትና ጥራይ ከምዘይኮነ ምፍላጡ ጽቡቕ እዩ። ባቢሎናውያን፡ ኣዕራብ፡ ቡዱሂስት፡ ታኦዩስት፡ ሂንዱ ኮታ ኩሎም በብመገዶም ነቲ ኣዳም ኣብ ነፍስና ዝገደፈልና ሓይሊ፡ ኪፈትሕዎ ፈተነታት ይገብሩ እዮም። ኣብ ዝኾነ ሃይማኖት ብብዙሕ ዝተፈላለየ ትምህርትታትን መምርሒታትን መገድታትን ይግለጽ እኳ እንተኾነ፡ ሓደ ናይ ሓባር መትከልን ዓላማን ግና ኣለዎም። እዚ ሓባራዊ መትከል ድማ ነቲ ደጋዊ ስጋ ስዒርካ ንነፍሲ ሰብ ካብ ኩሉ ዓይነት ማእሰርቲ ኣናጊፍካ ንሓይላ ብዘይ ጸገም ብነጻ ክትፈትሖ ምግባር እዩ። ገለ ካብቲ በዞም ሃይማኖታት እዚኣቶም ዚወሃብ ትምህርትታት ብኽመይ ንነፍስን ስጋን ኣወሃሂድካ ከም ትሰርሕ ይሕብሩኻ። ገና ካልኦት ድማ ብኽመይ ንምትዕንቓፍ ናይ ስጋ ክትስዕሮ ከም ትኽእል የለማምዱኻ። ካልኦት ከኣ ብኽመይ ንነፍሲ ከተሐይላ ከም ትኽእል ኣለማሚዶም ንስጋ ከም ትስዕር ይገብሩኻ። እቲ መገዲ ድላዩ ይኹን እቲ ብድሕሬኡ ዘሎ ኣጠቓላሊ ዓላማ ግና ሓደ እዩ። ነዚ እንተ ዘይፈሊጥናዮ ድማ ክንታለል ንኽእል ኢና።

ሰባት ክሳዕ ክንደይ ይፈልጥዎ ኣይፈልጥን፡ ግናኸ ሰባት ካብ ማእሰርቲ ስጋ ወጺኦም በቲ ሕጂ “ድቁስ” ኮይኑ ዘሎ ኣደናቒ ሓይሊ ናይ ነፍሲ ኣቢሎም ተኣምራታዊ ምርኢት ከርእዩ ከምዚኽእሉን ክሳብ ናብ ናይ “ደቂ ሕድርትና” “ወይ ዛርቲ” ወይ “ቡድሃ” ደረጃ ከም ዚበጽሑን፡ ምፍላጡ ኣገዳሲ እዩ።

ኩሎም ነዚ መገድታት ብድያብሎስ በቲ ክፉእ መንፈስ ከይተሓበሮም ኣይተርፍን እዩ። ኣገላልጻኦም ሓደ ካብ ሓደ ይፈላለዩ ይኾኑ፡ እቲ መሰረታዊ መትከል ግና ዝኾነ ኾይኑ፡ ሓደ እዩ። ንሱ ኸኣ፡ ገለ ፍሉይ መገዲ ጌርካ፡ ነቲ ቐሙጥ ሓይሊ ናይ ነፍሲ ምፍታሕ እዩ። ምናልባት ከምዚ ሕጂ ንሕና ንብሎ ዘሎና “ሓይሊ ነፍሲ” ዚብል ቃላት ኣይጥቀሙን ይኾኑ፡ ኮይኑ ግና እቲ ሓቂ ንሱ እዩ። ንኣብነት ኣብ “ብዱሂዝም” ወይ “ታኦይዝም” ከምኡውን ኣብ ገለ ገለ ጉጅለታት ክርስትና፡ ንመጻኢ ብምትንባይ ወይ ሕማማት ንምሕዋይ ዘኽእሎም ፍሉይ ልዕለ-ባህርያዊ ሓይሊ ኣለዎም።

ነቲ ባሕተውቲ ናይ ታኦይዝም፡ ዚለማመድዎ ዓይነት ምስትንፋስ ከም ኣብነት ንውሰድ። ድሓን ዋላ ነቲ ዝቐለለ ረቂቕ “ኣስተንትኖ” ናይ ምግባር ኣገባባት ንውሰድ። ናይዚ ኩሉ ኣብ ኣስተንትኖ ምእታው ቀንዲ ዓላማ፡ ካብ ምልኪ ናይ ስጋ ሓራ ወጺእካ፡ ንሓይሊ ነፍሲ ካብ ማእሰርቲ ምፍታሕ እዩ። ስቕ ኢልካ ማሪታዊ እዩ ኢልካ ክትሓልፎ ዘይትኽእል ርኡያት ተኣምራታት ኪግበሩ ምርኣይ ድማ ዘገርም ኣይኮነን። እምነት ቡድሃ ኣብ መበቆሉ ኣምላኽ የሎን ዚብል ሃይማኖት እዩ ዝነበረ። ጉታማ ሲድሃርታ ኣምላኽ የሎን ዚብል ሰብ እዩ ነይሩ። እዚ ብዛዕባ እምነት ቡድሂዝም ዝፍለጡ ሊቃውንቲ ዘበጽሕዎ ናይ ሓባር መረዳእታ እዩ። ግናኸ ንሱ ኣብ ምግዓዝ ናይ ነፍስን፡ ኣብ ኒርቫና ምብጻሕን ይኣምን ነይሩ። “ኒርቫና” ብኣጋላልጻ እምነት ቡድሃ፡ ነፍሲ ካብ ዘላቶ ተሰዊራ ብዳግመ-ልደት ኣቢላ ትበጽሖ ልዑል ደረጃ በረኸት እዩ። ኣነ ሕጂ ብዛዕባ ቡድሃ ኣስተምህሮ ኪህብ ድሌት የብለይን፡ ናተይ ዓላማ፡ ክንደይን ከመይን ዝኣማሰሉ ተኣምራታት ኣብዚ ሃይማኖት እዚ ከም ዚግበሩ ክገልጽ ስለ ዝደለኹ እየ።

ኣብ ቡድሂዝም፡ “ካብ ዓለም ምምላጥ” ዚብል ትምህርቲውን ኣሎ። እቶም ናይ ቡድሃ ማሕላ ዝገብሩ፡ ግድን ካብ መርዓን ስጋን ኪሕረሙ ኣለዎም። ዝኾነ ህያው ፍጡር ኪቐትሉ የብሎምን። ግናኸ ብናይ ብሕትውና ልምምዳት፡ ቀስ ብቐስ ናብ ፍጹም ዝኾነ ደኹን መግቢ ዘይደልይሉ ደረጃ ይሰጋገሩ። ገለ ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ዚበጽሑ ፈለስቲ ቡዲሂዝም፡ ንኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝነበረ ሕቡእ ነገር ኪስንጥቑን ንመጻኢ ድማ እንታይ ከም ዚኸውን ኪንበዩን ይኽእሉ እዮም። ብናይ ቡድሂዝም ስራያት ገይሮም ድማ በበይኑ ተኣምራታት ይገብሩ እዮም። ከምቲ ንሳቶም ዚብልዎ “ደም ልቦም ምስ ሰረበ” መጻእቲ ነገራት ኪንበዩ ክእለት ይህልዎም። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ብሕትውናን ናይ ምሕራምን ልምምዳት ምጽማድ

ቀንዲ ኣሳሪ መትከሉ፣ ሓደ ተኽታሊ ቡድሃ፣ ካብቲ ኣካላዊን ነገራዊን ማእሰርቲ ሓራ ወጺኡ፣ ናይ ነፍሱ ሓይሊ ንምፍታሕ እዩ።

ብዕድመ ካባይ ዚዓብዩ፣ ኣብ ሓደ "ሕብረት-ክለብ" ዝኣተዉ ኣነ ዝፈልጦም ሰባት ኣለዉ። ንሳቶምን ደቂ-ሕብረቶምን ብሓባር ኮይኖም "ረቂቕ ምስትንታን" ምግባርን ካልእን ይለማመዱ። ንሳቶም ከም ዝበሉኒ ነፍሲ ወከፍ ዚበጽሕዋ ደረጃ፣ ናይ ገዛእ ርእሳ ድምቀት ብርሃን ኣለዋ። እቲ ዚቕበልዎ ብርሃን ነቲ ዝኣተውዎ ሓቂ ዚገልጽ እዩ። ኣነ ነቲ ዝበሉኒ ይኣምኖ እየ። ምክንያቱ ካብ ጸቕጢ ናይ ስጋ ወጺኡም፣ ነቲ ኣዳም ቅድሚ ምውዳቑ ዝነበሮ ሓይሊ ኪፈትሕዎ ስለ ዝኽእሉ። እዚ ብርግጽ ፍሉይ ነገር ኣይኮነን።

ናይ ዘመንና "ማሕበር - ክርስቶስ፣ ሳይንቲስት"፣ ብ ወ/ሮ ሜሪ ቤከር ኢድይ ትብሃል ሰበይቲ እዩ ተጀሚሩ። ንሳ ህላው ናይ ሕማም፣ ቓንዛ፣ ሓጢኣት፣ ሞት ትኽሕድ ነይራ። (ዋላኳ ወ/ሮ ኢድይ ንባዕላ ሞይታ እንተኾነት)። ብመሰረት ናታ ትምህርቲ፣ ዝኾነ ሕማም ዚበሃል ነገር ስለ ዘየለ ዝኾነ ዝሓመመ ሰብ ብኣእምሮኡ ነቲ ቓንዛ እንተ ዘይተቐቢሉዎ ካብ ሕማሙ ይሓዊ እዩ። እዚ ማለት ከኣ፣ ሓደ ኣብ ህላው ናይ ሕማም ዘይኣምን እንተኾይኑ፣ ኣይሓምምን እዩ። ብተመሳሳሊ መገዲ ድማ፣ ሓደ ህላው ናይ ሓጢኣት እንተ ዘይኣሚኑ ኣይሓጥእን እዩ። ሓደ ህላው ናይዞም ነገራት እዚኣቶም [ብምሉእ ነፍሱ] ማለት ብሓሳቡ፣ ብፍቓዱን፣ ብስምዒቱን ምሉእ ብምሉእ ኪኽሕዶም እንተ ደኣ ክኢሉ፣ ከም ሓሶትን ከም ምትላልን ጌይሩ እንተደኣ ወሲድዎም፣ ንሳቶም ንእኡ ብሓቂ ዘየለዉ እዮም ዝኾንዎ። [ትብል ሜሪ ቤከር ኢድይ ኣብ ትምህርታ።]

እዚ ትምህርቲ እዚ መጀመርያ ኣብ ዘስፋሕፋሉ ዝነበረ እዋናት፣ ካብ ብዙሓት ሰባት ተቓውሞ ገጢምዎ እዩ። ብፍላይ ሓኻይም እምብዛ ተቓዊሞምዎ። ከመይሲ እዚ ሓቂ እንተደኣ ኮይኑ፣ ሓኻይም ኣድለይቲ ኣይኮነን ማለት እዩ! ግናኸ ነቶም በዛ ክርስትያን ሳይንቲስት፣ ሜሪ ቤከር፣ ዝተፈወሱ ሰባት መርመራ ምስ ገበሩሎም፣ እቶም ሓኻይም ናይ ሜሪ ቤከር ዘረባ ሓሶት ምኻኑ ዘቃልዕ መርትዖ ኪረኽቡ ኣይከኣሉን። ከም ውጽኢቱ ድማ ብዙሓት ብሉጻት ሊቓውንቲን ሓኻይምን ዚርከብዎም ማእለያ ዘይብሎም ሰባት ነቲ ትምህርቲ እንዳ ተቐበሉዎ መጺኦም። እዚ ግና ዘገርም ኣይኮነን። ምክንያቱ ኩሉ በቲ ሕጂ ብስጋ ተዓጽዩ ዘሎ ዓቢ ቕሙጥ ሓይሊ ነፍሲ ስለ ዚኸውን።

ብስነ ፍልጠታዊ ኣረኣእያ

ሕጂ እስከ ነዚ ነገር እዚ ብስነፍልጠታዊ መገዲ ንመልከቶ። ናይ ሳይኮሎጂ (ስነ ኣእምሮ ወይ ስነ ልቦና) ዓውደ ፍልጠት ቅድሚ ሕጂ ዘይተቐልቀለ፣ ሓድሽ ዓውደ ፍልጠት እዩ። ሳይኮሎጂ ግና እንታይ ማለት እዩ? እቲ ሳይኮሎጂ ዚብል ቃል ንባዕሉ ካብ ክልተ ናይ ግሪኽ ቃላት ዝመጸ እዩ። "ሳይክ" ማለት ነፍሲ ማለት እዩ። "ሎጅያ" ማለት ድማ ትምህርቲ ወይ ዘረባ ወይ መደረ ማለት እዩ። ስለዚ ሳይኮሎጂ ማለት ናይ ነፍሲ ዓውደ-ፍልጠት ማለት እዩ። ስነ-ፍልጠት ናይ ነፍሲ ማለት እዩ። ስለዚ በዞም ናይ ዘመንና ሊቓውንቲ ዚግበር ዘሎ መርመራታት ብቐንዱ ናብ ነፍሲ ዘቕነዐ እዩ። ግናኸ እዚ መርመራታት እዚ ኣብ ነፍሲ ጥራይ ተሓጺሩ ዚተርፍ እምበር ንመንፈስ ኣይትንክፍን እዩ። ናይ ሎሚ ፓራሳይኮሎጂ ብ ፍራንዝ ኣንቶን መስመር ዚበሃል ሰብ ዝተጀመረ ምኻኑ ርዱእ እዩ። ንሱ ብ1778 መጀመርያ ገለ ሓድሽ ነገር ረኺቡ። እቲ ንሱ ዝረኸቦ ነገር ድማ "መስመሪዝም" ወይ "መስመርነት" ተባሂሉ ተጸዊዑ። ንሱ ኸኣ፣ መስመር ባዕሉ ዘካይዶ ዝነበረ ናይ "ምዕንዛዝ" (hypnotism) ተግባራት ኢዩ። ልክዕ ከምቲ ካብ ሰማያዊ ዚምንጩ ቀጠልያ፣ ንሰማያዊ ዚበልጾ። ናይ መስመር ደቀ መዛሙርቲ ኸኣ ሓለፋኡ ከይዶም ካልእ ኪረኽቡ በቒያም።

ገለ ካብቲ ንሳቶም ኣብ ምርምራቶም ዝረኸብዎ ውጽኢት ዳርጋ ክትእምኖውን ዘጸግም እዩ። እቲ ዝተኸተልዎ ኣገባብ ግና ካብ ትጽቢት ወጻኢ ኣይኮነን፣ ነቲ ኣብ ነፍሲ ዘሎ ሕቡእ ሓይሊ ኣብ ምውጻእ ስለ ዝኽኣሉ እዮም። ንኣብነት ርእየተ-ስውር፣ (Clairvoyance) ማለት ንኣብ ርሑቕ ዘለዉ ነገራት፣ ኪንዮ ባህርያዊ ደረት-ርእቀት ናይ ህዋሳት ሓሊፍካ፣ ናይ ምፍላጥ ክእለት ወይ ትኩረት። ቴለፓሲ (Telepathy) ማለት ድማ በቶም ልሙዳት ህዋሳትካ ክይተጠቀምካ ሓሳባት ናይ ምፍላጥን ምምሕላፋን ክእለት።

ብሳይንሳዊ መገዲ ብምልኣት ክትፈልጦ ወይ ክትገልጾ ዘይከኣል፣ ኣብ ነፍሲ ሰብ ሓደ ምስጢራዊ ሓይሊ ከም ዘሎ ተረጋጊጹ ኣሎ። በዚ ሜላ ተጠቂሞም ድማ ሰባት ኣሸሓት ኪሎሜተራት ርሒቑ ንዘሎ ነገራት ኪርእዩ ወይ ኪሰምዑ ወይውን ኬጭንዉ ይኽእሉ። መስመርነት "ኩሉ ስነ-ኣእምሮኣዊ ስነ-ፍልጠት ዝተፈንጨሓሉ ከውሒ" እዩ ዚበሃል። ቅድሚ መስመር ነፍሳዊ ምርምራት ከም ርእሱ ዝኽኣለ ዓውደ ፍልጠት ይውሰድ ኣይነበረን። ኣብ ባህርያዊ ሳይንስ ብዙሕ ግምት ዘይወሃበ ቦታ እዩ ነይርዎ። ድሕሪ እዚ ዘደንቕ ርኽበታት ግና ሳይኮሎጂ ማለት ናይ ስነ-ኣእምሮ፣ ዓውደ ፍልጠት ርእሱ ዝኽኣለ ዓውዲ ኪኸውን በቒዑ።

ሕጂ ኣነ ብዛዕባ ሳይኮሎጂ ክምህር ድላይ የብለይን። እቶም ብእኡ ዝፍጸሙ ተኣምራታት ግና፣ ነቲ ድሕሪ ውድቀት ኣብ ነፍሲ ተደጕሉ ዘሎ ሓይሊ ብምውጻእ ዚርከቡ ምኻኖም ክትርድኡ ስለ ዝደለኹኹም እየ። ስለምንታይ ኢና ነዚ፣ "ድጉል" ሓይሊ ኢልናዮ? ምክንያቱ ኣብ ውድቀት፣ ኣምላኽ ነቲ ንኣዳም ሂቡዎ ዝነበረ "ልዕለ-ባህርያዊ" ሓይሊ ኣይመንጠሎን። ኣብ ክንዳኡ እቲ ሓይሊ ምሳኡ ብምውዳቕ ኣብ ስጋኡ ከም ዝቕየድ እዩ ኮይኑ። እቲ ሓይሊ ነይሩ እዩ፣ ኪገሃድ ግና ኣይከኣለን። ስለዚ ኢና ድማ "ድጉል ሓይሊ ነፍሲ" ኢልና ዝሰመናዮ።

ክትዛረብን ክትሓስብን ምኽኣል ኣዝዩ ዘደንቕ ተርእዮ ናይ ደቂ-ሰብ እዩ። እቲ ኣብ ነፍሲ ተሓቢኡ ተደጕሉ ዘሎ ሓይሊ ግና ካብኡ ንላዕሊ ዘገርም እዩ። እዚ ሓይሊ እዚ እንተደኣ ኪወጽእ ክኢሉ ኣብ ህይወትና ካልእ ዘደንቕ ተርእዮ ይቀላቕል። ነዚ ሕጂ ናይ ዘመንና ብዙሓት ፓራሳይኮሎጂስት ዝረኸብዎ ተኣምራታዊ ልዕለ-ባህርያዊ ክእለት ድማ ነዚ እዩ ዘረጋግጸልና። ከምኡውን ገለ ኣገባባት ብምጥቃም ነቲ ኣብ ውሽጢ ነፍሲ ተደጕሉ ዘሎ ሓይሊ ኪወጽእ ከም ዚኽእል እዮም ዘረጋግጹልና።

ጆሰየ ፔን ልዊስ ትበሃል ኣዝያ ብልጽቲ ሓፍቲ ኣብ ጽሑፋታ ከምዚ ትብል፣

"ዝርዝር ናይቶም ደድሕሪ እቲ መስመር ዝረኸቦ መሰረታዊ ፍልጠት ናይ ኣብ ሰብ ተደጕሉ ዘሎ ሕቡእ ሓይሊ፣ ዝሰዓቡ ርኽበታት ክትርኢ ከለኻ፣ - ሰብ ሓንሳብ ነታ መፍትሕ ምስ ረኸባ - እዚ ምንቅሰቓስ ክሳዕ ክንደይ ብዘገርም ናህሪ ከም ዝሰጎመ የርእየና። ብ1784 ሓደ ተመሃራይ ናይ መስመር ድሕሪ "መስመራዊ ምዕንዛዝ" ሃንደበት፣ ናይ ካልኦት ሓሳብ ናይ ምንባብ ክእለት ረኺቡ"

ተለፓሲ ማለት ካብቲ ልሙድ ህዋስ ወጻኢ ብዝኾነ ኣገባብ ሓደ ኣእምሮ ንኻልእ ኣእምሮ ናይ ምንባብ ተኽእሎ ማለት እዩ። ማለት ሓደ ሰብ ብነፍሳዊ ሓይሉ ገይሩ ናይ ካልኦት

ሓሳባት ከይተነግሮ ከንብብ ይኽእል። ዓመት ድሕሪ ዓመት ድማ “ምዕንዛዝ፣ ኒዮሮሎጂይ፣ ሳይኮሜትሪ፣ ወ.ዘ.ተ. ወ.ዘ.ተ ዚብሃሉ ቁጽሪ-ኣልቦ “ምህዞታት” ስሚቦም። ምዕንዛዝ እንታይ ማለት እዩ? ምዕንዛዝ ማለት ብገለ ሰብ-ሰርሖ ኣገባብ ድቃስ መሰል ኩነት ትፈጥር እሞ እቲ ዕንዙዝ በቲ ኣዐንዛዚ ዝተባህሎ ነገር ኪገብር ምሉእ ብምሉእ ነግ ፈረግ ከይበለ ከም ዝምእዘዝ ምግባር ማለት እዩ። ንሰብ ጥራይ ዘይኮነ ዋላ ነዞም ትሕተዎት እንስሳታትውን ክተዐንዝዞም ዚከኣል እዩ። “ሳይኮሜትሪኽ” እንታይ ማለት እዩ? ሳይኮሜትሪ ማለት ድማ ትብል እዛ ኣቐዲምና ዝጠቐስናያ ሓፍቲ፣

”ሳይኮሜትሪ ማለት፣ ኣእምሮ ሰብ ካብ ስጋ ሰብ ወጺኡ ኪዓዩ ከም ዚኽእል ምስ ተፈልጠ ሰብ “ብሳይኮሜትሪካዊ ክእለት” ንሕሉፍ ነገር ልክዕ ከም መጽሓፍ ኩተንብቦ ከም ዚከኣል ተበጺሑ።

ድሕሪኡ ድማ “ስታቱቪሊዝም” ዚበሃል ስዒቡ እዚ ድማ ኣብ ፍቓድ ሰብ ዚሰርሕ ኮይኑ፣ እቲ ሰብ ንኣእምሮኡ ናብ ርሑቕ ቦታ “ሰው” የብሎ እሞ፣ ኣብቲ ቦታ ንዘሎ ነገር ክርኢ፣ ኪሰምዕ፣ ኽጭኑን ወይ ኪስምዖን ከም ዚኽእል ይኽውን።

ቀጺሉ ኸኣ “ፓተቲዝም” ዚበሃል ተቐልቂሉ በዚ ኣቢልካ ድማ ኣእምሮ፣ ቓንዛ ከም ዘይስምዖ ትገብሮ፣ ብኡ ኣቢልካ ድማ ሕማማት ተሕዊ። ሊቃውንቲ ስነ ፍልጠት መጀመርያ ነዞም ርክበታት እዚኣቶም ከም ጨንፈር ባህርያዊ ሳይንስ ጥራይ ይወስድዎም ነይሮም።[3]

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ምህዞታት ምስ ተቐላቐሉ ግና፣ ፓራሳይኮሎጂ ከም ርእሱ ዚኽኣለ ዓውደ-ፍልጠት ኪውሰድ በቒዑ። ነዞም ኣብዚ ዓውዲ ስነ-ፍልጠት እዚ ዝነጥፉ ሰባት ከኣ፣ እዚ ተኣምራታዊ ተርእዮታት እዚ ባህርያዊ ነገር እዩ። ንዓና ንኣመንቲ ኸኣሞ ኣዝዮም ባህርያዊያን ነገራት እዮም። ከመይሲ እዚ ነገር እዚ በቲ ኣብ ነፍሲ ዘሎ ድጉል ሓይሊ ከም ዚኽውን ኣጸቢቕና ስለ እንርዳእ።

ሊቃውንቲ ስነ-ኣእምሮ ከም ዚብልዎ፣ ኣብ ውሽጢ ሰብ፣ ሓደ ዓቢ ኩምራ ናይ ሓይሊ ኣሎ። ናይ ምግታእ ርእሽካ ሓይሊ፣ ናይ ምፍጣር ሓይሊ፣ ናይ ዳግመ-ህንጸት ሓይሊ፣ ናይ እምነት ሓይሊ፣ ህያው ናይ ምግባር ሓይሊ፣ ናይ ምንቕቓሕ ሓይሊ። እዞም ሓይልታት እዚኣቶም ብደቂ ሰባት ካብ ነፍሲ ኪፍትሑ ይኽእሉ እዮም። ሓደ ናይ ሳይኮሎጂ መጽሓፍ ከም ዚብሎ እንተኾይኑ ኸኣ እሞ፣ “ኩሎም ሰባት ኣማልኽቲ እዮም!” እቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ኣምላኽ ግና ተኣሲሩ እዩ ዘሎ። ነቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ኣምላኽ እንተደኣ ፈቲሕናዮ ድማ፣ ኩላትና ኣማልኽቲ ኾነውን ማለት እዩ። እዚ ቃላት እዚ ምስቲ [ሰይጣን ንሄዋን ዝኣተወላ ቃል ተስፋ] ከመይ ኣይመሳሰልን!

እቲ ሓባራዊ ሕጊ

ኣብ ቻይና ይኹን ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት፣ ኩሉ እዚ ፍሉይ ኣገባብ ምስትንፋስ፣ ናይ ብሕትውና ልምምዳት፣ ምዕንዛዝ፣ ምትንባይ፣ መልሰ-ተግባራት፣ ርክባት፣ ኮታ ኩሎም እዞም ነገራት እዚኣቶም፣ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ሓይሊ ንምፍታሕን ንምግላጽን ዘገልግሉ እዮም። ኩላትና ብዛዕባ ምዕንዛዝ ኪገብሮ ዚኽእል ተኣምራታዊ ፍጻመ ሰሚዕ ና ኾነውን ኢለ ይግምት። ኣብ ቻይና ጉንቦ ኢድ ብምርኣይ ትንበያ ዝህቡ ኣዝዮም ሚኡናት ሰባት ኣለዉ። ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ንኣዝዮም ሒደት ሰባት ጥራይ እዮም ዘእንግዱ። ነቲ ስነ-ጥበብ ንምምዕባል፣ ብዙሕ ግዜን ጻዕርን እዮም ገይሮምሉ። ትንቢታቶም ድማ ብዘገርም መገዲ ትኽክል ኮይኑ ንረኽቦ። ቡድሂስት ኮኑ ታኣይስት፣ ንሳቶምውን ናይ ገዛእ ርእሶም ተኣምራታዊ ግብርታት ይገብሩ እዮም። ዋላኳ ናይ ምትላል ስራሕ ምኻኑ ዘረጋግጸልና መርቶያታት እንተ ኣለዎ እቲ ተግባራት ግና ልዕለ ባህርያዊ ምኻኑ ዘይከሓድ እዩ።

መብርሂ ናይዚ ኩሉ ተርእዮታት ቀሊል እዩ።

ወይ ብዕድል ወይ ድማ ብመሪሕነት ናይ ክፉእ መንፈስ በዚ ይኹን በቲ፣ ብዝኾነ መገዲ ወይ መገድታት ናይ ብሕትውና ልምምዳት ኣቢሎም፣ ናብ ሓደ ዘይልሙድ ነገር ምግባር ይበጽሑ። እቲ ተራ ሰብ ከምዚ ዓይነት ሓይሊ ኣብ ውሽጡ ከም ዘሎ ኣይፈልጥን እዩ። ካልኦት ከኣ ብመገዲ ሳይንሳዊ ፍልጠት ዋላኳ ብምሉእ ኪገልጹዎ እንተዘይከኣሉ፣ እዚ ሓይሊ እዚ ኣብ ውሽጦም ከም ዘሎ ግና ይፈልጥዎ እዮም። ግናኸ እዚ ብኾመይ ከም ዚኾውን ኪነግሩ ኣይክእሉን እዮም። ንሕና እዞም ብኣምላኽ ዝተመሃርና ሰባት ከኣ፣ እዚ ክእለት እዚ ብምኽንያት ውድቐት ኣዳም ብሲጋ ተዓፊኑ ዚርከብ ድጉል ሓይሊ ናይ ነፍሲ ምኻኑ ኣጸቢቕና ንርድኦ ኢና። እዚ ሓይሊ እዚ ምስ ሰብ ካብ ወደቐ፣ ፍቓድ ኣምላኽ፣ ሰብ ነዚ ሓይሊ እዚ ከይጥቀም እዩ። ናይ ሰይጣን ድላይ ግና፣ ሰብ ነዚ ሓይሊ እዚ ተጠቂሙ፣ ነቲ ባዕሉ [ሰይጣን] ሓደ ግዜ ዘተስፈዎ፣ ሰብ ማዕረ-ኣምላኽ ናይ ምኻን ህርፋን፣ ዘዕግብ ኣምሲሉ መታን ከርእዮ እዩ። [ሰብ እዚ ሓይሊ እዚ ኣብ ውሽጡ ከም ዘሎ እንተደኣ ተረዲእዎ] ንገዛእ ርእሱ ከምልኽ ክጅምር እዩ። ብተዘዋዋሪ ድማ ንሰይጣን የምልኽ ኣሎ ማለት እዩ።

ስለዚ ብድሕሪ እዚ ኹሉ ናይ ፓራሳይኮሎጂ ምርምራት ሰይጣን ኣሎ። ብመገዲ ነፍሳዊ ሓይሊ ኣቢሉ ዓላማኡ ክውን ንምግባር ይጽዕት ኣሎ። ነዚ ምኽንያት ድማ ኩሎም ነፍሳዊ ሓይሎም ኣብ ምጥቃም ዝተዋፈሩ ሰባት፣ ኣብ መወዳእታ፣ ሰይጣን ከይተረኽቦምን ከይተጠቐመሎምን ኣይተርፍን እዩ።

ጂ. ኤች. ፐምፐር ኣብታ ቀዳሞት ዘመናት ምድሪ (Earth’s Earliest Ages) እትብል መጽሓፉ ነዚ ነገር እዚ ብኽልእ ኩርናዕ ክጥምቶ ከሎ ነንብብ። ኣብኡ ንሱ ከምዚ ይብል፣

“ደቂ ሰባት ብዘይሕጋዊ መገዲ ሓይልን ፍልጠትን ዝረኽብሉን ናብ ክልኩል ነገር ዚኣትውሉን ክልተ ኣገባባት ዘሎ ይመስል። ነቲ ቀዳማይ ኣገባብ ዝኽተል ሰብ፣ ሲጋኡ ብነፍሱ ከም ዝምለኽ ገይሩ፣ ንነፍሱ ናብ ድሳዩ ኪውንጭፋ ክኽእል ኣለዎ። ገለ ሒደት ሰባት ነዚ ኣእምሪዊ ክእለት እዚ እንዳ ኣማዕበልዎ ይኹዱ ከም ዘለዉ ኸኣ ጥርጥር የሎን። እቲ ናብዚ ዝበጽሕሉ መገዲ ድማ ኣዝዩ ኣድካምን ብቓንዛ ትለማመዶ ነገርን ክይኑ፣ ቀንዲ ዓላማኡ ንኪቻ ኣብ ምሉእ ምቁጽጻር ምእታው እዩ። እቲ ተለማማዳይ ወይ ሰልጣኒ ካብ ኩሉ ምኾት፣ ጣዕሚ፣ ቓንዛ፣ ስምዒት፣ ናይዛ ህይወት እዚኣ ኪሕረም ኮታ ካብ ኩሉ ንኣእምሮኣዊ ትምኒቱ ዙተንናኾጽ ነገራት ክርሕቕ ክኽእል ኣለዎ። ምኽንያቱ ድማ፣ ምዕባሌኡ መታን ከይተንናኾጸ። እቲ ካልኣይ ኣገባብ ድማ ንናይ ባዕዲ [መናፍስቲ?] ብልሙስ ፍቓድ ሕራይ ኢልካ ምቕባል እዩ” [4]

እዚ ሕጂ ንሕና ብፍሉይ ኣተኵርና ንዛረበሉ ዘሎና ዛዕባ እቲ ናይ ፐምፐር ቀዳማይ ኣገባብ እዩ። ማለት ነቲ ኣብ ነፍሲ ተደጕሉ ተቐሚጡ ዘሎ ሓይሊ ምብርባር። ናይ ፐምፐር ኣመለኻኽታ ምስዚ ናትና ምሉእ ብምሉእ እዩ ዚሰማማዕ። ኣብ እምነት “ቡድሃ” ዘሎ ናይ ብሕትውና ልምምዳት ኣብ እምነት “ታኦ” ዘሎ ረቒቕ ኣገባብ ምስትንፋስን ምስትንታንን፣ እቶም ናይ “ምዕንዛዝ” ክእለት ዘለዎም ሰባት ዚገብርዎ ምስትንታን፣ ናይ ሓሳባት ምትኳር፣ ህዱእ ኣቀማምጣ ናይቶም ኣብ ሕብረት-ክለብ

[3] Penn-Lewis, *op. cit.*, p67-68

[4] G. H. Pember, Earth’s Earliest Ages. New York, Fleming H. Revell Co., n.d., p.251-254.

ዘለዉ ኣባላት፣ ኮታ ኩሉ ዓይነት በበይኑ ኣስተንትኖታት፣ ምሕላን፣ ኣብ ሓንቲ ሓሳብ ምትኳር፣ ወይውን ፈጺምካ ዘይምሕሳብ፣ ናይዝን ካልእ ነዚ ዝኣመሰለ ኣማኢት ኣገባብትን ቀንዲ ዓላማኡ ሓደ እዩ። ዋላኳ ደረጃ ፍልጠቶምን እምነቶምን ካብ ንሓድሕዶም ዚፈላለ እንተኾነ፣ ቀንዲ ዓላማኦም ግና ነቲ ዝንቡዕ ሓሳባት ሰብን ተለዋዋጢ ስምዒቱን ደኹም ፍቓዱን ናብ ርግኣት ኣምጺእካ፣ ንስጋኡ ከም ድሌቱ ኪመልኮ ከም ዚኽእል፣ ዚግበሩ ልምምዳት እዮም። ብኡ ኣቢሉ ድማ ነቲ ኣብ ነፍሲ ዘሎ ድጉል ሓይሊ ምብርባር እዩ እቲ ናይ መወዳእታ ዓላማኡ። ኩሉ ሰብ ናብዚ ደረጀ ኪበጽሕ ዘይከኣለሉ ምኽንያት ድማ ኩሉ ሰብ ነቲ ምትዕንቓጽ ናይ ስጋ መሊኹ ንገዛእ ርእሱ ናብ ፍጹም ነፍሳዊ ርግኣት ክበጽሕ ስለ ዘይክእል እዩ።

ገለገለ ክውናት ነገራት

ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ምስ ሓደ ህንዳዊ ሌላ ገይረ ነይረ። ንሱ ከም ዝበለኒ ድማ ሓደ ከምዚ ዓይነት ልምምዳት ዚገብር ተኸታሊ እምነት ሂንዱ ዝኾነ ዓርኪ ኣለዎ። ንሱ ብዙሕ ምስጢራት ብትኽክል እዩ ዚፈልጥ። ሓደ ግዜ ክእለት ናይቲ ተኸታሊ እምነት ሂንዱ ዓርኩ መታን ኪግምግም፣ እዚ ዝተላለኹዎ ህንዳዊ ሓደ ነገር ገይሩ። ሓደ እዋን ንዓርኩ ናብ ቤቱ ይዕድሞ እሞ፣ እዚ ተኸታሊ እምነት ሂንዱ ዝኾነ ዓርኩ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ተመዘዚ ዘሎ ኩሉ ነገር ከይረአየ ብዘይ ጌጋ ይነግሮ። ድሓር እዚ ዝተላለኹዎ ህንዳዊ፣ ንዓርኩ ኣብ ደገ ኪጸንሕ ነገሮ እሞ ዓርኩ ደገ ምስ ወጸ፣ ሓደ ክቡር ኣኾሓ ተኸዳንን ወረቐትን ሸፊኑ ኣብ ሳጹን ሓቢኡ ኣብ ተመዛዚ ዓጸዎ። እቲ ሂንዱ ዓርኩ ናብ ቤት ተመሊሱ እንታይነት ናይቲ ኣኾሓ ሕጂውን ብዘይ ጌጋ ነገሮ። እዚ ዓርኩ ከምዚ ኪገብር ዝኸኣለ ሓይሊ ነፍሱ ብምጥቃም ምኳኑ ጥርጥር የሎን። ቦቲ ሓይሊ እቲ ንነገራዊ ነገራት ፈናጢሱ ምስጢራት ኪፈልጥ ክኢሉ።

ሚስ ጀሰየ ፔን ልዊስ፣ እታ ኣቐዳምና ዝጠቐስናያ ሓፍቲ፣ ሓደ መዓልቲ ከምዚ ክትብል ጽሒፋ ነይራ፣

“ሓደ እዋን ኣብ ሰሜናዊ ህንዲ፣ ንሓደ ምስ ኣብ ሕብረተሰብ ሱሚለ ዝበዓለ ጽፍሒ ዘለዎም ሰባት ኪራኸብ ዕድል ዘለዎ፣ ሰብኣይ ረኺበ፣ ሱሚለ፣ ኣብ እዋን ሓጋይ ቤትጽሕፈት ማእከላይ መንግስቲ ህንዲ ዚርከቦ ቦታ እዩ። ንሱ [እቲ ሰብኣይ] ሓደ ምሽት ከምዚ ብምባል ነጊሩኒ፣ ምስ ኣብ ህንዲን ኣብ ካልእ ክፋል ኤስያን ብዛዕባ ዘለዉ ማህተማታት ከም ዚረኸብ ከኣ ገሊጹለይ። ንሱ፣ ዓበይቲ ፖለቲካዊ ለውጥታት ቅድሚ ምኳኖም ኣቐዲሙ ከም ዚፈልጥ ሓቢሩኒ። ቅድሚ ምኳኖም፣ ቅድሚ ሰሙን ወይ ቅድሚ ወርሒ ይፈልጥ እዩ። ንሱ ወሲኹ ከምዚ ኢሉኒ “ኣነ ኣብ ዜናን ኣብ ጋዜጣን ኣይምርከስን እየ፣ እዚኣቶም ብዛዕባ ሕሉፍ ጥራይ እዮም ዘዘንትዉ ንሕና ግና ናይ መጻኢ ነገር ቅድሚ ምኳኖም ኢና ንፈልጦም” ሓደ ኣብ ሎንደን ዘሎ ሰብ ብኸመይ ኣብ ህንዲ ንዘጋጠመ ነገር ኪፈልጥ ይኽእል ወይውን ብግልባጡ? ንዓይ እዚ ነገር እዚ፣ ብ “ሓይሊ ነፍሲ” ከም ዚኸውን እዩ ዝተነግረኒ ማለት በቶም ምስጢራት ማህተማ ፈሊጦም ንነፍሶም ኪውንጭፉ ዝኸኣሉ ሰባት እዩ እዚ ዚኸውን”[5]

ፕምፐር ንናይ ዊልድ መንፈሳዊ ዳይናሚክስ (Spiritual Dynamics) **እትብል መጽሓፍ ጠቒሱ ከምዚ ዚስዕብ ቃላት ኣስፊሩ ኣሎ፣ ኣብታ ኣቐዲምና ዝጠቐስናያ መጽሓፉ፣**

ሓደ ናይዚ ፍልጠት በዓል ሞያ፣
“ኣእምሮ ካልኦት ሰባት ብቕሉዕ ኪርኢ ይኽእል እዩ። ብሓይሊ ነፍሱ፣ ንናይ ደገ መናፍስቲ ክእዝዝ ይኽእል። ዕቤት ኣታኽልቲ ከቃላጥፍ፣ ሓዊ ከጥፍእ ይኽእል። ከም ዳንኤል ድማ ጨካናት ኣራዊት መሮር ኪመልኽ ይኽእል። ነፍሱ ናብ ርሑቕ ልኢኹ ናይ ካልኦት ኣእምሮ ከንብብ ክእለት ይህልዎ ጥራይ ዘይኮነ ምስቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ነገራት ኪዘራረብን ኪተናኸፍን ይኽእል፣ ኣረ እዚ መዓስ ጥራይ፣ ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ኣዕሩኽቱ ነቲ ሓቀኛ ምስሊ ናይ ስጋኡ ብልክዕ ዚመሳሰል መንፈሳዊ ስጋኡ ከርእዮም ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ እቲ በዓል ሞያ፣ ኣብቲ ዘለዎ ብዙሓ-ባእታዊ ሃዋህው፣ ምስሊ ናይ ዝደለዮም ነገራት ኪፈጥር ይኽእል። ወይውን ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ቁሳቁስ ናብ ጥቓኡ ከቕርቦም ይኽእል”[6]

ናይ ክርስትያን ኣመለኻኽታ

እዚ ኣብ ሃይማኖት ይኹን ኣብ ስነፍልጠት ዚረአ ዘሎ ተኣምራታዊ ተርእዮታት ካብቲ ኣብ ሰብ ዘሎ ቅሙጥ ሓይሊ ናይ ነፍሲ እዩ ዝምንጩ። ብግዴኡ ድማ ኣብ ረብሓ ክፋኣት መናፍስቲ እዩ ዚውዕል። ኩሎም ድማ ሓደ ሓባራዊ ሕጊ እዮም ዚኽተሉ። ንሱ ኸኣ፣ ሓይሊ ሞቒሕ ናይ ስጋ ሰቢርካ፣ ነቲ ኣብ ነፍሲ ተቐሚጡ ዘሎ ሓይሊ ምፍታሕ እዩ። ኣብ ሞንጎናን (ማለት ንሕና ክርስትያናትን) ሞንጎኡምን ዘሎ ፍልልይ ግና ኩሎም ናትና ተኣምራታት ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ ዚዓይዮም እዮም። ሰይጣን ግና በቲ ኣብ ነፍሲ ዘሎ ድጉል ሓይሊ ገይሩ እዩ ሓይሉ ዚገልጽ። ስለዚ ሓይሊ ነፍሲ ሰብ፣ መሳርሒ ሰይጣን እዩ ኮይኑ ኣብ መወዳእታ ከኣ፣ ክፋእ ዓላማ ናይ ሰይጣን ኣብ ምውቃዕ እዩ ዘገልግል።

ኣምላኽ ግና ብሓይሊ ነፍሲ ዓይዩ ኣይፈልጥን እዩ። ምኽንያቱ ኸኣ ንእኡ ዘይጠቅም ስለ ዝኾነ። ዳግም ምስ ተወለድና ካብ መንፈስ ቅዱስ ኢና ንውለድ። ኣምላኽ ኸኣ ሓይሊ ነፍስና ክንጥቀም ፈጺሙ ድላይ የብሉን። ድሕሪ ውድቀት፣ ኣምላኽ ንሰብ እቲ ዝተዋህቦ መበቆላዊ ሓይሉ ከይጥቀመሉ ከልኪልዎ እዩ። ነዚ ምኽንያት ድማ እዩ ጐይታና የሱስ ነፍሳዊ ህይወትና ከንጥፍኣ ብዙሕ ሳዕ ዝሳበወና። ንነፍሱ ዘጥፍኣ ማለት ከኣ ንሓይሊ ነፍሱ ዚኽሕድ ማለት እዩ። ሎሚ ናይ ኣምላኽ ድላይ እምበኣር ሓይሊ ነፍስና ብስሩ ከይንጥቀም እዩ።

ሎሚ ኣብ ዓለም ዚግበሩ ተኣምራታት ኩሎም ሓሶት እዮም ኣይንብልን መብዛሕቶኦም ክዉናት ተርእዮታት ምኽኖም ንእመን ኢና። ግናኸ ኩሎም እዞም ተርእዮታት እዚኣቶም ቦቲ ድሕሪ ውድቀት ኣዳም፣ ኣብ ነፍሲ ዝተደገለ ሓይሊ እዮም ዚኾኑ። ከም ክርስትያናት እምበኣር ኣብዚ መወዳእታ ዘመን ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ሓይሊ ነፍስና ከይንጥቀም ክንጥንቀቕ ይግበኣና እዩ።

ነቶም ኣብ መጀመርታ ዘንበብናዮም ጽሑፋት እስከ ደጊምና ንመልከቶም። ኣብ መወዳእታ ዘመን፣ ናይ ሰይጣንን ናይቶም ትሕቲኡ ዘለዉ ክፋኣት መናፍስትን ፍሉይ ስራሕ፣ ሓይሊ ነፍሲ ሰብ ምንጋድ ምኳኑ ነጊርና ኣሎና። እቲ ዓላማ ድማ ነዛ ዓለም በዚ ሓይሊ እዚ ምጥልቕላቕ እዩ። ሓደ ተኸታታሊ ናይ መጽሄት ኦቨርካመር፣ ንመወዳእታ ዘመን ኪገልጽ ከሎ ከምዚ ኪብል ጽሒፉ

“ሓይልታት ነፍሲ፣ ኣንጻር ሓይልታት መንፈስ ምቕናዕ”

ኩሎም መንፈሳዊ ምብራህን ምግላጽን ዝተቐበሉ ሰባት ሓቅነት ናይዚ ዝተባህለ ምሉእ ሓሳባት ይርድኦም እዩ። ሓይሊ ነፍሲ ከም ውሒዝ፣ ናባና ገጹ ይቕልጥፍ ኣሎ። ሓንሳእ ብሃይማኖት ኣምሲሉ፣ ሓንሳእ ድማ ከም ሳይንሳዊ ዓውደ ፍልጠት ብምምሳል (ሳይኮሎጂን ፓራሳይኮሎጂን)፣

[5] *Overcomer* magazine for 1921-23, quoted in Mrs. Jessie Penn Lewis. *Soul and Spirit*.

[6] G. H. Pember, *Earth's Earliest Ages*. New York, Fleming H. Revell Co., n.d. , p.251-254

ንገለ ዓያሱ ማሕበራት ክርስትና ድማ (ንልዕለ-ባህርያዊ ነገር ምርኣይን ምልምማድን ካብ ዘለወን ክቱር ድሌት፣ ንመንፈሳዊ ህያብ ብመጽሓፍ ቅዱሳዊ መገዲ ኣብ ክንዲ ዝሕዛኡ፣ ስቕ ኢለን ነጻ ስለ ዝሓድጋኦ) መንፈሳዊ ሓይሊ ኣምሲሉ ብምትምያን፣ ሰይጣን ነዛ ዓለም ብሓይልታት ጸልማት ከም ትምላእ ይገብር ኣሎ። እዚ ግና ሰይጣን፣ ነቲ ጸረ ክርስቶስ መታን ከማህደዱ፣ ዘጣጥሑ ዘሎ ናይ መወዳእታ ምድላው እዩ።

እቶም ናይ ሓቂ መንፈሳውያን ዝኾኑ ሰባት (ማለት እቶም ንሓይሊ ነፍሲ ምሉእ ብምሉእ ዝነጸጉ ሰባት) ኣብ ከባቢኦም ተቓውሞ ናይ ክፉኣት መናፍስቲ እንዳጸዓቑን እንዳቐልጠፈን ይመጽእ ከም ዘሎ ይስወጦም እዩ። ኩሉ እቲ ሃዋህው ስለ ዝጸልመተ ጉዕዞኦም ኣጸጋሚ እንዳኾነ ይመጽእ ከም ዘሎ ይርድኦም እዩ። ይኹን እምበር እዚ፣ እግዚኣብሄር፣ ነቶም ሰዓርቲ ኪነጥቕ ይሰናዶ ከም ዘሎ ዘርእየናውን እዩ።

ሓይሊ ነፍሲ እንታይ ማለት ምኳኑን እቲ ሓይሊ እቲ ኪገብሮ ዚኽእል ነገርውን ከመይ ምኻኑን ምርዳእ ከድልየና እዩ። ጐይታና ቅድሚ ምምላሱ እዚ ነገራት እዚ ምናልባት ልዕሊ ሚእቲ ዕጽፊ ከም ዚዛይድ ክነግረኩም እደሊ። ሰይጣን ነቶም ሕሩያት ኣምላኽ ኬስሕት ብሓይሊ ነፍሲ ገይሩ ዘደንቕ ግብርታት ከርኢ እዩ።

እዚ ዘለናዮ ግዜ ናብቲ “ዓቢ ክሕደት” እንዳ ተቓረብና ኢና ኾኸይድ ዘሎና። “እቲ ዝንባለ እንዳበርተዐ ይኸይድ ኣሎ” ትብል ሚስ ፔን ልዊስ “ኢድ ናይቲ ሊቀ-ጳላኢ ኣምላኽን [ኢድ ሰይጣንን] ኢድ ሰብን፣ ነቲ መዘውሪ (ስቴርሶ) ሒዘናኦ ኣለዋ፣ ዓለም ድማ ናብቲ ናይ ጸልማት ሰዓት እንዳቐልጠፈት ትመጽእ ኣላ። ሽዑ ሰይጣን ንሓጺር እዋን “ኣምላኽ እዛ ዓለም እዚኣ” ኪኸውን እዩ። ሰይጣን ድማ ብመገዲ እቲ ልዕለ-ሰብ ንዓለም ኪገዝእ እዩ፣ ምጽኣቱ [ናይ ጐይታ] ድማ ኣይኪድንጉይን እዩ”

ሓይሊ ነፍሲ እንታይ እዩ? ናብ ቅዱሳት ጽሑፋት ከይዶም ብብርሃን ናይ መንፈስ ቅዱስ ገይሮም ኩላቶም ኣመንቲ ኪርድኣዎ እንተደኣ ክኢሎም፣ እዚ ሓይሊ እዚ ናብ ኩለን ሃገራት ዘስፋሕፍሕ ዘሎ፣ ኻኩሉ ናብ ሕንፍሽፍሽ ከእቱ ዚደሊ ሲኣላዊ ሓይሊ ምኻኑ ብሩህ እዩ።

ሰይጣን ነዚ ሓይሊ ነፍሲ ከም መተካእታ ወንጌል ኣምላኽን ሓይሉን ገይሩ ከቕሞ እዩ ዚደሊ። ዓላማኡ ድማ ልቢ ሰባት ብምዕዋር ናብቲ ዘደንቕ ግብርታት ሓይሊ ናይ ነፍሲ ማረኹ፣ ንሓደ ደም-ኣልቦ ሃይማኖት ከም ዝቕበሉ ምግባር እዩ። ሰይጣን ንሳይኮሎጂካዊ ሓይሊ ከም ስነ-ፍልጠታዊ ዓውደ ፍልጠት ገይሩ ኣብ ዓለም ዘተኣታተወሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ፣ ሰባት ኻኩሉ ብክርስትና ዚግበር ልዕለ-ባህርያዊ ፍጻመታት ከም ዝጠራጠሩዎ ንምግባር እዩ። ሰባት ዋላ ነቲ ተኣምራታዊ ሓይሊ ናይ እግዚኣብሄር እንተ ረኣዩ፣ ካብ ሓይሊ ነፍሲ ፈልዮም ክርእይዎ ከጸግሞም እዩ። ዓላማ ሰይጣን እምበኣር ምድሓን ክርስቶስ ብሓይሊ ነፍሲ ምትካእ እዩ። እዚ ሎሚ ኣዐንዚዞም ሕማቕ ጠባይካን፣ ክፉእ ኣመልካን፣ ከም ትልውጥ ዚገብሩኻ ክእለት፣ ድማ መርኣያ ናይቲ ድሓር ዚስዕብ ተርእዮ እዩ።

ደቂ ኣምላኽ ካብዚ ኪሕለዉ እንተደኣኮይኖም ኣብ ሞንጎ ነፍስን መንፈስን ዘሎ ፍልልይ ኣጸቢቕም ኪፈልጡ ኣለዎም። ኣብዛ ኣዳማዊት ህይወትና መስቀል ብዓሚቕ እንተ ዘይሰሪሑ ብመንፈስ ቅዱስ ኣቢልና ምስቲ ትንሱእ ጐይታ ሓቀኛ ህያው ሕብረት እንተ ዘይገይርና፣ ብዘይፍላጥ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ነፍሳዊ ሓይሊ ከነበራብሮ ኻኽእል ኢና።

ንሚስ ፔን ልዊስ ሕጂውን እንተ ተወከስናያ ክትድግፈና ትኽእል እያ። ንሳ ትብል፣

“ሎሚ “ሓይሊ ነፍሲ” ኣንጻር “ሓይሊ መንፈስ” ኣብ ዓውደ ኹናት እዮም ዘለዉ። ስጋ ክርስቶስ ማለት ማሕበር ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ናብ ሰማይ ገጻ ትግስግስ ኣላ፣ ነፍሳዊ ምንቅስቓስ ተኽልኩሎም፣ ናይ ኣየራት ጸላእቲ [ክፉኣት መናፍስቲ] ኣብ ልዕሌና ብምህላዎም፣ ኣየራት ዓለምና እንዳ ተዓብሰኻ ይመጽእ ኣሎ። እቲ እንኮ መድሕን ንውሉድ ኣምላኽ እምበኣር ነቲ ብክርስቶስ ምስ ኣምላኽ ዝተሰወረ ህይወት ምልምማድ ጥራይ እዩ። ሽዑ ልዕሊ እቲ መርዛም ዕዮ ናይቲ ሓለቓ ስልጣን ኣየር ክትዝምቢ ትኽእል ኢኻ። ደም ክርስቶስ ንምንጻህ፣ መስቀል ክርስቶስ ምስ ሞቱ ዘለና ሕብረት ንምርግጋጽ፣ ሓይሊ ናይቲ ትንሱእ ዕሩግ ጐይታ ድማ፣ ብመንፈስ ቅዱስ ብቐጻሊ ብምእዋጅን ኣጽኒዕካ ብምሓዝን ብምልጋብን ጥራይ እዩ ሓደ ኣማኒ ንዓወት ናይቲ ዕሩግ ጐይታ ዚሓብሮ”[7]

ተስፋይ ሎሚ ድማ ምንጪን ኣሰራርሓን ናይቲ ድጉል ሓይሊ ናይ ነፍሲ ከመይ ምኻኑ ክትርድኡ ክሕግዘኩም እዩ። ሓይሊ ነፍሲ ኣብ ዘለዎ ሓይሊ ክፉእ መንፈስ ከም ዘሎ ክንርዳእ መታን ክንክእል እግዚኣብሄር ኮታ እንተ ዝትንክፈና። ንሕና ቡቲ ካባና ዝኾነ ሓይሊ ዘይኮነስ ቡቲ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ ሓይሊ ክንጥቐም እዩ ዚግበኣና። ኣብ ኢድ ሰይጣን መታን ከይንወድቕ ነቲ ቕሙጥ ሓይሊ ነፍሲ ምኽሓድ ኮታ እንተኾነስ እል። ከመይሲ ብሰሪ ውድቀት ናይ ኣዳም ሓይሊ ነፍሲ ብሓጢኣት ስለ ዝተመረዘ ኣብ ረብሓ ናይ ሰይጣን እዩ ዚውዕል። ብሰይጣን እንዳተገዝኣ ንዕዮ ሰይጣን እዩ ዘገልግል ዘሎ። ስለዚ ሰይጣን ከየታልለና ኣዚና ኣዚና ጥንቁቕት ክንከውን ይግበኣና።

[7] Penn-Lewis op.cit. p. 70

ክርስትያንን ነፍሳዊ ሓይልን

[መጽሓፍ ቅዱስ] ኣዳም ኪፍጠር ከሎ፣ ሓደ ዘይልምዱን ዘገርምን ክእለት ከም ዝተዋህቦ ይነግረና። ኣዳም ምስ ወደቐ ድማ፣ እዞም ዳርጋ ተኣምራት ዝኾኑ ሓይሉ፣ ምሳኡ ሓቢሮም ወዲቖም። ገለ ደናቒር ሰባት፣ ኣዳም ምስ ወደቐ፣ እቲ ዝነበሮ ኩሉ ዘገርም ሓይልታቱ፣ ኣጥፊእዎ እዩ ኢሎም ይሓስቡ። ፎቹን እምበር በዚ ናይ ሎሚ ፓራሳይኮሎጂ ተባሂሉ ዚፍለጥ ዓውደ ፍልጠት ብዘርእዮ ዘሎ ዘገርም መርትዖታት፣ ኣዳም ንሓይሉ ኣጥፊእዎ ዘይኮነስ ደጉሉዎ ከም ዘሎ ኢና ንምልከት። ኣብዘን ዝሓለፋ ሓሙሽተ ወይ ሽዱሽተ ሽሕ ዓመታት ነዚ ሓይሊ ነፍሲ ኪገልጹ ዝኽኣሉ ዘይኣመንቲ ኣዝዮም ሒደት እዮም። ኣብዘን ናይ መወዳእታ ሚእቲ ዓመታት ግና ማእሊያ ዘይብሎም ሰባት፣ ነዚ ሓይሊ ናይ ነፍሲ፣ ኪገልጽዎ ክኢሎም ኣለዉ። ኣብ ኣዳም ዝነበረ መበቆላዊ ክእለት ፈጺሙ ኣይጠፍአን፣ እንታይ ደኣ ብስጋኡ ጥራይ እዩ ተሓቢኡ ዘሎ። ኣብዚ ክፋል ናይዚ መልእኽቲ፣ ኣብ ሞንጎ ክርስትያንን ድጉል ነፍሳዊ ሓይልን ብዛዕባ ኪህሉ ዘለዎ ምትእስሳር ክዛረብ እየ። ምክንያቱ ሓደገኛነቱ እንተደኣ ዘይተረዲእናዮ፣ ካብኡ ክንከላኸል ኣይንኽእልን ኢና። ስለዚ ነዘን ዚስዕባ ሓቅታት ክትምልከቱ እዕድመኩም።

ኣርባዕተ ሓቅታት

1. ኣብ ኣዳም “ጥቓ ተኣምራት” ተባሂሉ ኪጽዋዕ ዚኽእል ዳርጋ ዘይውሱን ሓይሊ ኣሎ

ነዚ “ሓይሊ ነፍሲ” ኢልና ኢና ንጽውዖ። እዚ ነገር እዚ ብ1778 ብመስመር ዚበሃል ሰብ ምስ ተረኽበ ድሕሬኡ ኩሉ ዓይነት ነፍሳዊ ሓይልታት እንዳተቐልዐ መጺኡ። ናይ ሳይንስ ድዩ ናይ ሃይማኖት ሽፋን ሒዙ ምምጻኡ ብዘየገድስ፣ ኩሉ ነገር ዚግበር ነዚ ኣብ ነፍሲ ሰብ ዘሎ ሓይሊ ብምውጻእ እዩ። ክንርስያ ዘይብልና እምበኣር፣ እዞም ነፍሳዊ ሓይልታት እዚኣቶም ቅድሚ ውድቐት ኣብ ሰብ ዝነበሩ እሞ፣ ሰብ ምስ ወደቐ ድሓር ኣባኡ ተደጉሎም ዝተረፉ እዮም።

2. ሰይጣን ነቲ ኣብ ሰብ ዘሎ ድጉል ነፍሳዊ ሓይሊ ኪቆጻጸር ይደሊ

ንሱ ኣብ ነፍሲ ሰብ ሓደ ብዙሕ ነገር ኪገብር ዚኽእል ሓይሊ ከምዘሎ ኣጸብቒ ይርድኣ እዩ። ስለዚ ኣብ ክንዲ ኣብ ትሕቲ ኣምላኽ፣ ኣብ ትሕቲኡ ገይሩ ኪቆጻጸሮ ይደሊ። ሰይጣን ነዚ ሓይሊ እዚ ንዓላማኡ እዩ ኪጥቀመሉ ዝደሊ። ሰይጣን ኣብ ገነት ንኣዳም ሄዋንን ዝፈተነሉ ቀንዲ ዓላማ ድማ ነዚ ሓይሊ እዚ ንምርካብ እዩ።

ኣብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦምን ኣብ ኦም ህይወትን ዘሎ መንፈሳዊ ትርጉም ብዚምልከት ብዙሕ እዋን ተዛሪበ ኣለኹ። ናይታ ክፉእን ጽቡቕን እተፍልጥ ኦም ቀንዲ ትርጉም፣ “ናጽነት” እዩ፣ ማለት ነጻ ኪንካ በይናዊ ውሳነ ክትወስድ ምኽኣል። ናይ ኦም ህይወት መንፈሳዊ ትርጉም ግና ኻኹሉ ነገር ኣብ ኣምላኽ “ምጽጋዕን ምምርኳስን” ማለት እዩ። ኦም ህይወት ተርእየና ካልእ ነገር እንተ ኣልዩ ኸኣ መበቆላዊት ናይ ኣዳም ህይወት፣ ህይወት ሰብ ከም ዝነበረት፣ ስለዚ ድማ ክትነብር እንተደኣ ኮይና፣ ህይወት ኣምላኽ ተቐቢላ ኣባኡ ክትምርኮስ ጥራይ እዩ ዘለዋ። ናይታ ክፉእን ጽቡቕን እተፍልጥ ኦም ግና፣ ሰብ ኣብ ኣምላኽ ኪጽጋዕ ከም ዘየድልዮ ኣብ ገዛእ ርእሱ ተመርኩሱ፣ ብገዛእ ርእሱ ኪነብርን ፍረ ኪፈሪ ከም ዚኽእልን እያ እተርእየና። ስለምንታይ ነዚ ነገር እዚ የምጽኦ ኣለኹ? ምኽንያቱ ውድቀት ኣዳምን ሄዋንን ብኽመይ ከም ዝሰዓበ ክገልጸልኩም ስለ ዝደለኹ እየ። ናይ ኣዳም ድጉል ሓይሊ ክንፈትሖ እንተደኣ ክኢልና ንሕናውን ዘገርም ድንቂ ተግባራት ክንገብር ንኽእል ኢና። ግናኸ ከምኡ ክንገብር ተፈቒዱልና ድዩ?

ሰይጣን ኣብ ሰብ ከምዚ ዓይነት ሓይሊ ከም ዘሎ ስለ ዝፈለጠ፣ ሰብ ካብ ኣምላኽ ተፈልዩ፣ ነጻነት ኪእውጅ ፈቲንዎ። ኣብ ገነት ኤደን ዘጋጠመ ውድቀት ከኣ ካልእ ዘይኮነ ሰብ ርእሱ ካብ ኣምላኽ ፈልዩ፣ ኣብ ኣምላኽ ከይተጸገዐ፣ ዝወሰዶ በይናዊ ስጉምቲ ዘስዓቦ ጸገም እዩ። ታሪኽ ውድቀት ገነት ምስ ኣጽናዕና ጥራይ ኢና ዓላማ ሰይጣን እንታይ ከም ዝነበረ ክንፈልጦ ንኽእል። ዓላማኡ ነፍሲ ሰብ ኪኸስብ እዩ። ሰብ ምስ ወደቐ ድማ መበቆላዊ ማለት ኪፍጠር ከሎ ዝነበሮ ክእለቱን ተኣምራታዊ ብርታዔኡን ኣብ ኢድ ሰይጣን ወዲቑ።

3, ናይ ሰይጣን ድሌት፣ ኣብ ነፍሲ ዘሎ ሓይሊ ምፍታሕን ምግሃድን እዩ

ሰብ ምስ ወደቐ ብኡንብኡ፣ ኣምላኽ፣ እቲ ነፍሳዊ ሓይሊ ብስጋኡ ከም ዝቕየድ እዩ ገይርዎ። ኩሎም ሓይልታቱ ኸኣ ኣብ ስጋ ተሓጺሮም ተሓቢኦም ከም ዚቕመጡ ኮይኖም። ኣለዉ፣ ግና ዘይንጠፋት እዮም። ድሕሪ ውድቀት፣ እቲ ቀደም ናይ ነፍሲ ዝነበረ ኩሉ፣ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻርን ማእሰርትን ናይ ስጋ ኣትዩ። ኩሉ ነፍሳዊ ወይ ስነ-ኣእምራዊ ሓይሊ ብስጋዊ ሓይሊ ከም ዚመሓደር፣ ኮይኑ። ናይ ሰይጣን ቀንዲ ዓላማ ኸኣ ንነፍሲ ሰብ ካብዚ ቀይዲ እዚ “ናጻ” ኣውጺኡ፣ ነቲ ደጋዊ ቅርፊ ናይ ስጋ ሰቢሩ፣ ካብ ስጋዊ ማእሰርቲታት ሓራ ገይሩ ነቲ ድጉል ሓይሊ ነፍሲ ከም ዚገልጽ ምግባር እዩ። ኣብ ራእይ 18፣13 ተጠቒሱ ዘሎ ነገር ድማ ካብዚ ሓሊፉ ካልእ ኣይኮነን። ነፍሳት ሰብ ምሽቃጥ! ኣብኡ ነፍሲ ሰብ ሓንቲ ካብተን ሰይጣን ዚሸቐጠን ኣቑሑት ኮይና ኢና ንረኽባ። ጸላኢ ነቲ ኣብ ሰብ ዘሎ ስነ ኣእምራዊ ሓይሊ ኣብ ምንጋድ ዝያዳ የተኩር።

ኣብ ዘመን መወዳእታ ብፍላይ ድማ ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ፣ ናይ ሰይጣን ሃቕና ነቲ ቐደም ኣብ ገነት ኤደን ኪረኽቦ ዝሐለኖ እሞ ዘይረኸቦ ነገር ንምርካብ እዩ። ዋላኳ ኣብ ገነት ነቲ ንነፍሲ ሰብ ንምቁጽጻር ዝነበሮ ዓላማ ጀማሚርዎ እንተነበረ፣ ምሉእ ብምሉእ ከም ዘይተዓወተ ግና ርዱእ እዩ። ምክንያቱ ድሕሪ ውድቀት፣ ሰብ ብኹለንትናኡ፣ ነፍሳዊ ሓይሉ ከይተረፈ፣ ኣብ ትሕቲ ስጋኡ ከም ዝኾነ ንፈልጥ ኢና። ብኻልእ ኣዘራርባ ናይ ሰብ ስነ ኣእምራዊ ሓይሊ ኣብ ናይ ሰብ ኣካላዊ ሓይሊ ከም ዚሕጸር ኮይኑ። ማለት ነፍሳዊ ሓይሉ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣካላዊ ስጋኡ ከም ዚኣቱ እዩ ኮይኑ። ጸላኢ ድማ ከም ውጽኢቱ ነፍሲ ሰብ ኪቆጻጸር ኣይከኣለን። ብሰሩ ድማ ኩሉ ውጥኑ ፈሪሱዎ።

ነዞም ኣሸሓት ዓመታት እዚኣቶም፣ ሰይጣን ንደቂ ሰባት እቲ ኣብ ነፍሶም ዘሎ ሓይሊ ኪጥቀምሉ ይድረኾም ነይሩ። ብዙሕ እዋን ድማ፣ ኣብዚን ኣብቲን፣ ሎሚን ሽዑን፣ ነዚ ሓይሊ እዚ ዘበራብሩ ሰባት ኪረክብ ክኢሉ እዩ። እዞም ነፍሳዊ ሓይሎም ከበራብሩ ዝኽኣሉ ሰባት ድማ፣ ገበርቲ ተኣምራት፣ መራሕቲ ዝተፈላለያ ናይ ዓለም ሃይማኖታት፣ ኪኾኑ በቒያም እዮም። ኣብዘን ዝሓለፋ ሚእቲ ዓመት መስመር ኣብ ዓውዲ ፍልጠት ፓራሳይኮሎጂ ድሕሪ ዝረኸቦ ርኽበት ግና በበይኑ ሓደስቲ ኽእለታትን ነፍሳዊ ተርእዮታትን ኪቀላቐል ጀሚሩ። እዚ ኸኣ ሓደ ነገር እዩ ዘርእየና፣ ንሱ ኸኣ፣ ጸላኢ እቲ ሓደ እዋን ኣበጋጊሱ ኣብ

መፈጸምታ ከብጽሑ ዘይከኣለ ዘይዕወት ስራሑ፣ ዳግም ጀማሚርዎ ከም ዘሎ እዩ። ኣብ ነፍሲ ሰባት ዘሎ ኩሉ ድጉል ሓይሊ ኪፈትሑ ድማ ይህቅን ኣሎ። ን ኣሸሓት ዓመታት ኪኹሸኹሶ ዝጸንሐ እንኮ ዓላማኡ ድማ ካልእ ዘይኮነ እዚ እዩ። ነዚ እዩ ድማ ነፍሳት ሰብ ልክዕ ከም ወርቂ፣ ብሩር፣ ክቡር እምኒ፣ ሉል፣ ከብትን ኣፍራስን ኣብ ዕዳጋ ዘውዕሎ ዘሎ፣ ከም ሓቂ፣ ሰይጣን ነዚ ኣገዳሲ ኣቐሓ እዚ ንምርካብ ዚከኣሎ ኩሉ ገይሩ እዩ።

4. ሰይጣን ብኽመይ እዩ ነዚ ድጉል ሓይልታት ክጥቀመሎም ዚኽእል? ካብዚኽ እንታይ ረብሓታት እዩ ዚረክብ።

ሀ. ሰይጣን ከምዚ እንተገይሩ እቲ ባዕሉ ቀደም ንሰብ ዝሃቦ “ከም ኣምላኽ” ናይ ምኻን ተስፋ ይፍጽም ኣሎ። ሰባት ብገዛእ ርእሶም ድንቂ ተግባራት ምግባር ከም ዚከኣል ምስ ረኣዩ፣ ንነፍሶም ከም ኣምላኽ ይቑጽርዋ፣ ኣብ ክንዲ ንእግዚኣብሄር ድማ ንገዛእ ርእሶም የምልኹ።

ለ. [ግብርታት ነፍሲ] ምስ ተኣምራት ኣምላኽ የደናግሮ። ኩሎም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጻሒፎም ዘለዉ ተኣምራታት ውጽኢት ስነ ኣእምራዊ ሓይሊ ኣምሲሉ ንደቂ ሰባት የረደኦም። ስለዚ ድማ ክብሪ ከም ዘይህልዎም ይገብሮም። ሰባት፣ ኩሉ እቲ ጐይታ የሱስ ዝገበሮ ግብሪ ንሳቶምውን ኪገብርዎ ከም ዚኽእሉ ክኣምኑ ይገብሮም።

ሐ. ንዕዮ መንፈስ ቅዱስ ይደባልቕ

መንፈስ ቅዱስ፣ ምስ መንፈስ ሰብ እንዳ ተሓባበረ እዩ ዕዮኡ ኣብ ሰብ ዚገብር። ሕጂ ግና ንስራሕ መንፈስ ቅዱስ ዚመሳሰሉ፣ ሰይጣን ኣብ ነፍሲ ሰብ፣ ትምዩን ተግባራት፣ ይገብር እሞ፣ ከም ሳዕቤኑ ኽኣ፣ ናይ ሓሶት ንስሓ፣ ናይ ሓሶት ምድሓን፣ ናይ ሓሶት ዳግመ-ልደት፣ ናይ ሓሶት ምንቕቓሕ፣ ናይ ሓሶት ሓጎስ፣ ኮታ ካልኦት ንዕዮ መንፈስ ቅዱስ ዘምሰልስሉ ናይ ሓሶት ትእምርትን ተኣምራትን ይገብር።

መ. ነቲ ኣብ መወዳእታ ዘመን ኪገሃድ ዘለዎ ምስ ውጥን ኣምላኽ ዚጻባእ ነገር ንምግባር ሰይጣን ንደቂ ሰባት ኪጥቀመሎም ይደሊ።

መንፈስ ቅዱስ፣ ኣምላኽ ተኣምራት ዚገብረሉ ሓይሊ እዩ። ነፍሲ ሰብ ከኣ፣ ሰይጣን ተኣምራት ዚገብረሉ ሓይሊ እዩ። እቲ ናይ ብርቱዕ ጸባባ ግዜ፣ ማለት እቲ ናይ መወዳእታ ሰለስተ ዓመትን ፈረቓን ነፍሲ ሰብ ብመሪሕነት ሰይጣን፣ ዓበይቲ ድንቂ ነገራት ትገብረሉ ግዜ እዩ።

ከም መጣቓለሊ፣ እዚ ንብሎ ዘሎና እዚ እዩ።

1. ኩሎም ተኣምራታዊ ሓይልታት ኣብ ኣዳም ኣለዉ።
2. ዓላማ ሰይጣን ነዞም ሓይልታት ምቑጽጻር እዩ።
3. ኣብዘን ዳሕሮት መዓልታት፣ ሰይጣን ነዞም ሓይልታት እዚኣቶም ብፍሉይ ኪገልጸም እዩ።
4. እዚ ድማ ነቲ ቅድም ኣብ ገነት ዝፈሸሎ ዕማም ሕጂ ንምውቃዕ ዝፍትኖ ዘሎ ፈተነ እዩ።

ኣብ ሞንጎ ናይ ኣምላኽ ኣሰራርሓን ናይ ሰይጣን ኣሰራርሓን ዘሎ ፈላላዪ ነጥቢ

ካብ ምትላል ብኽመይ ክንሕሎ ንኽእል? ናይ ኣምላኽ ኣሰራርሓን ናይ ጸላኢ ኣሰራርሓን ከነለልዮ እንተኽኢልና፣ ዕዮ ናይ መንፈስ ቅዱስ ዚዓዮ ዕዮን ክፉእ መንፈስ ዝዓዮ ዕዮን ክንፈላልዮ እንተ ኽኢልና ጥራይ ኢና ካብዚ ክንድሕን ንኽእል። ናይ መንፈስ ቅዱስ ዕዮታት ኩሎም ብመገዲ መንፈስ ሰብ እዮም ዚግበሩ። ዕዮ ናይ ጸላኢ ድማ ኩሎም ብመገዲ ነፍሲ ሰብ እዮም ዚኾኑ። መንፈስ ቅዱስ ንመንፈስ ሰብ እዩ ዘንቀሳቕስ፣ መንፈስ ጸላኢ ግና ንነፍሲ ሰብ እዩ ዘንቀሳቕስ። እዚ እዩ እቲ መሰረታዊ ፍላላዪ ነጥቢ ኣብ ኣሰራርሓ ኣምላኽን ኣሰራርሓ ጸላኢን። ዕዮ ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ እዩ ዚበጋገስ። ስራሕ ጸላኢ ግና ኣብ ነፍሲ ሰብ እዩ ዚፍልም።

መንፈስ ሰብ ብሰሪ ውድቀት፣ ስለ ዝሞተ ምስ ኣምላኽ ክንራኸብ ኣይከኣልናን። ብጐይታ የሱስ ምስ ኣመንና ግና ሽዑ ዳግም ንውለድ። ምድሓን ወይ ዳግም ምውላድ እንታይ ማለት እዩ? ስቕ ኢልካ ናይ ቃላት ምቕይያር ከም ዘይኮነ መቸም ንርድኦ ኢና። መሰረታዊ፣ ሓቀኛ፣ ኣካላዊ (organic) ለውጢ ኣባና ተፈጺሙ እዩ። ጐይታ ምስ ኣመንና፣ ኣምላኽ ንህይወቱ ናብ መንፈስና ይልእኾ እሞ መንፈስና ህይወት ረኺቡ ይበራበር። ከምቲ መንፈስ ሰብ ጭቡጥ ዝኾነ እቲ ኣምላኽ ኣባና ዘቕምጦ ሓድሽ መንፈስውን ጭቡጥ ነገር እዩ።

ዮሃንስ 3፡6 ሓድሽ ልደት እንታይ ማለት ምኳኑ ይነግረና፣ “ካብ መንፈስ እተወልደ መንፈስ እዩ” ህዝቅኤልውን ከምዚ ብምባል የረጋግጸልና “ሓድሽ መንፈስ ከሕድረለኩም .....እየ” (ህዝ 36፡26) ስለዚ ኣብ ዳግመ ልደት፣ ሓድሽ መንፈስ ንቕበል ኢና። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ጐይታ የሱስ ከምዚ በለ “እዘን ኣነ ዝነገርኩኹም ቃላት፣ መንፈስ እየን ህይወትውን እየን” (ዮሃ 6፡63) ስለዚ ህይወትናን ስራሕናን ኩሉ ኣብ ደረጃ መንፈስ እዩ ኪኸውን ዘለዎ። እግዚኣብሄር ክጥቀመልና እንተኾይኑ ኣብ መንፈስናን ብመንፈስናን እዩ። ነዚ እዩ ኣብ ኤፌሶን 5፡18 “መንፈስ ይምላእኩም” ዝብለና። እዚ ኽኣ እቲ ዝተቐበልናዮ ሓድሽ መንፈስ ብመንፈስ ቅዱስ ኪምላእ ከም ዘለዎ ይሕብረና። ብኽልእ ኣዘራርባ፣ ኣምላኽ ንመንፈስና ብመንፈሱ ይመልኦ ማለት እዩ።

መንፈስ ቅዱስ ኣብ መንፈስና እዩ ዚሰርሕ። ክፉእ መንፈስ ግና ኣብ ነፍስና እዩ ዚዓዩ። ሰይጣን ኣብ ነፍስን ብሓይሊ ነፍስን እዩ ኪሰርሕ ዝኽእል። ሰይጣን ኣብ መንፈስ ሰብ ዕዮኡ ኪፍልም ዘኽእሎ ባይታ የብሉን። ስራሑ ኣብ ነፍሲ ሰብ ዝተሓጽረ እዩ። ኣብዘን ዝሓለፋ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ሺሕ ዓመታት ኪገብሮ ዝጸንሐ ድማ እዩ ሕጂን ንመጻኢን ኪገብሮ። ንምንታይ ሰይጣን ከም ኣምላኽ ኩሉ ዚኽእል፣ ኩሉ ዚፈልጥ፣ ኣብ ኩሉ ዚነብር መሲሉ ይርኣ? ምኽንያቱ ካልእ ዘይኮነ ነቲ ኣብ ነፍሲ ሰብ ዘሎ ሓይሊ ክጥቀመሉ ስለ ዝኽኣለ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ሓይሊ ኣምላኽ ኪኸውን ከሎ፣ ነፍሲ ሰብ ድማ ሓይሊ ሰይጣን ኮይኑ እዩ ዚረአ ክንብል ኽኣእል ኢና።

ብዙሓት ሰባት ሓይሊ ነፍሲ ሰብ ብኽመይ ከም ዚገሃድ ኣይፈልጡን እዮም። ብብዱሂዝምን ታኣይዝምን ዚግበር ናይ ብሕትውና ልምምዳት (ማለት በይኻ ኣብ ጽምዋ ትገብሮ ልምምድ) ፍሉይ ኣገባብ ኣስተናፍሳ፣ ረቂቕ ኣስተንትኖ፣ በቲ ሓደ፣ ኣብ ምዕራብ ኣውሮጳ ዚግበር ምዕንዛዝን ካልእ ነፍሳዊ ምርምራትን ወይውን ካልእ ዚግበር ማእለያ ዘይብሉ ዘደንቕ ፍጻመታትን ከኣ በቲ ኻልእ፣ ኩሉ

መግለጺ ነፍሳዊ ሓይሊ ምኻኑ፡ ብዙሓት ሰባት ኣይፈልጥዎን እዮም። እዚ ድማ ኣዝዩ ዘጉሂ ነገር እዩ።

ኣሕዋትን ኣሓትን፡ ነዚ ነገር እዚ ከም ንእሽቶ ደቂቕ ጸገም ቆጺርና፡ ከም ተመራመርቲ ከጽንዕዎ ዘለዎም ጉዳይ ወሲድና ዕሽሽ ክንብሎ ኣይግባእን። እዚ ብሓቂ ኣብ ልዕሌና ዓቢ ጽልዋ ዘለዎ ነገር እዩ።

እቶም ክልተ ገጻት፡ ሓይሊ ናይ ነፍሲ

ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ፡ ድጉል ሓይሊ ነፍሲ ክልተ ዓይነት ነገራት ዚሓቁፍ እዩ ዚመስል። እዚ ፍልልይ እዚ ካብ ስነ-ኣእምራዊ ነገር ተበጊስና ኢና ንገብሮ። ነዞም ክልተ ነገራት እዚኣቶም ብንጹር ክንፈልዮም ከም ዘይኽእል ኣቐዲምና ንእመን። እንተኾነ ንሕና ክንብሎ ኽኽእል ኣብቲ ድጉል ሓይሊ ናይ ነፍሲ ሰብ፡ ክልተ በበይኑ ዓይነት ሓይልታት ነፍሲ ከም ዘለዉ እዩ ዚመስል። እቲ ሓደ እቲ ተራ ልሙድ ነገር ኪኸውን ከሎ፡ እቲ ካልእ ድማ እቲ ተኣምራታዊ መዳይ እዩ። እቲ ሓደ ባህርያዊ ክመስል ከሎ፡ እቲ ካልእ ግና ልዕለ-ባህርያዊ ዚመስል ነገር እዩ። እቲ ሓደ ሰብ ክርድኦ ዚኽእል ይመስል፡ እቲ ሓደ ግና ኪንዮ ምርዳእ ደቂ-ሰባት እዩ ዚመስል።

እቲ "ኣእምሮ" ዚብል ቃል ካብቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚጥቀመሉ ዝያዳ ብዝሰፍሐ ትርጉም እዮም ኣብ ሳይኮሎጂ ዚጥቀምሉ። ሳይኮሎጂስት "ኣእምሮ" ወይ "ልቢ" ኪብሉ ከለዉ ኽኽልተ ነገራት ዘጠቓለለ እዩ። ንሱ ድማ ንቐልብን፡ ንትሕተ-ቐልብን እዩ። እቲ ተኣምራታዊ መዳይ ሓይሊ ነፍሲ ሰብ ኣብቲ ትሕተ-ቐልቢ ዘሎ ክፋል ናይ ነፍሲ እዩ ዚርከብ። ተመራመርቲ ስነ-ኣእምሮ ማለት ሳይኮሎጂስት ንቐልብን፡ ንትሕተ ቐልብን ኪፈልይዎም እኳ እንተኾኣሉ፡ ፍጹም ኪፈላልይዎም ግና ኣይክእሉን እዮም። ነቶም ኣዝዮም ልሙዳት ሓባራዊ ነፍሳዊ ተርእዮታት ኣብቲ ቐዳማይ ወገን፡ ማለት ኣብ ደረጃ ቐልቢ ይምድብዎም። ነቶም ፍሉያት ተኣምራታዊ ተርእዮታት ድማ ኣብቲ ካልኣይ መደብ ይምድብዎም። ማለት ኣብ ትሕተ-ቐልቢ።

ንሕና ነቶም ልሙዳት ተርእዮታት ጥራይ ኢና ከም ናይ ነፍሲ ጌርና እንወስዶም። ኣብ ነፍሲ ተኣምራታዊ ተርእዮታት ከም ዘሎ ግና ኣይንፈልጥን ኢና። ምኽንያቱ ኽኣ መብዛሕቶኡ እዚ ተኣምራታዊ ተርእዮታት ኣብቲ ትሕተ-ቐልቢ ክፋል ናይ ነፍስና ስለ ዘሎ እዩ። ገለ ሰባት ብመጠን እቲ ዝኣተውዎ ዕምቆት ናይ ነፍሲ፡ ዘንጸባርቕዎ ሓይሊ ናይ ነፍሲውን ብኡ መጠን ይፈላለ እዩ። ገሊኦም ናይቲ ቀዳማይ ወገን ዝያዳ ከንጸባርቑ ከለዉ፡ ካልኦት ከኣ ናይቲ ካልኣይ ወገን ብዝያዳ የንጸባርቑ።

ንጐይታ ዘገልግሉ ኩሎም ነዚ ነገር እዚ ፍሉይ ኣተኩሮ ኪገብሩሉ ይግባእ። እንተዘይኮነ ግና ንሰባት ኪሕግዙ ኪብሉ በዚ ተኣምራታዊ ሓይሊ እዚ ኪሰሓቡ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ኣብ ነፍስን መንፈስን ዘሎ ፍልልይ ደጊመ ከብረሃልኩም ጽቡቕ እዩ። ናይ ኣዳም ዉዱቕ ነፍሲ ንብረት ናይዚ ኣረጊት ፍጥረት እዩ። እቲ ዳግም ዝተወልደ መንፈስ ግና ሓድሽ ፍጥረት እዩ። ኣምላኽ ኣብ መንፈስ ሰብ እዩ ዚሰርሕ ምኽንያቱ፡ ናይ ሰብ ዳግም ዝተወልደ ህይወት ወይ ሓድሽ ፍጥረት ዚበሃል መንፈስ እዩ። ብኣንጻሩ ኽኣ ሰይጣን ኣብ ነፍሲ ሰብ እዩ ጉዳዩ ዚገብር። ማለት ኣብቲ ዉዱቕ ነፍሲ ናይ ኣዳም እዩ ስራሕ ሰይጣን ዚሰራሕ። ሰይጣን ነቲ ኣረጊት ፍጥረት ጥራይ እዩ ክጥቀመሉ ዚኽእል። እታ ኣብቲ ሓድሽ ፍጥረት ዘላ ዳግም ዝተወልደት ህይወት ግና ሓጢኣት ክትገብር ኣይትኽእልን እያ።

ሰይጣን ሎሚ ኣብ ማሕበር ዚገብሮ ዘሎ ነገር

ሰይጣን ብኽመይ እዩ ነቲ ኣብ ነፍሲ ሰብ ተደጕሉ ዘሎ ነፍሳዊ ሓይሊ ተጠቂሙ ብነፍሲ ሰብ ኪዓዩ ዚኽእል? ድሮ ኣብነታት ናይ ብዱሂዝም፡ ታኦይዝም፡ ክርስትና፡ ፓራሳይኮሎጂ፡ ካልእን ጠቒስና ኣሎና። ሕጂ ኸኣ ሰይጣን ብኽመይ ነፍሲ ሰብ ኣብ መንፈሳዊ ነገራት ክጥቀመላ ከም ዝኽእል ገለገለ መብረሂታት ክንህብ ኢና። እዚ ኸኣ ንሓደ ክርስትያን ኣየናይ እዩ ናይ ኣምላኽ ኣየናይ እዮኸ ናይ ጸላኢ ንኽፈላለ ይድግፎ እዩ። ከምኡውን ብኽመይ እዩ ኣምላኽ መንፈስ ሰብ ዚጥቀም ብኽመይ እዮኸ ሰይጣን ነፍሲ ሰብ ዚጥቀም ክርድኦ ይኽእል።

ጸሎት

መቸም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘለው ጸሎታት ብልህታት እምበር ደናቑር ኣይኮኑን። ጐይታ የሱስ ጸሎት ኪምህረና ከሎ እተን ቀደሞት ቃላቱ ከምዚ ይብላ፡

"ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና"

ናብቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦና ኢና ጸሎት ከነዕርግ ምሂሩና። ንሕና ክርስትያናት ግና ብዙሕ ሳዕ ናብቲ ኣብ ገዛእ ቤትና ዘሎ ኣምላኽ ኢና ጸሎትና እነዕርግ። ጸሎትና ንሱ ኪሰምየ ናብቲ ሰማያዊ ኣቦ እዩ ኪቕርብ ዘለዎ። ኩነታት ስሚዒትና ብዘየገድስ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ወይ ስምዒት ኣልቦ፡ ጸሎትና ኩሉ ሳዕ ብእምነት ኣቢልና ናብ ሰማይ ክንልእኾ እዩ ኣምላኽ ዚደልየና። ናብቲ ኣብ ገዛእ ቤትና ዘሎ ኣምላኽ እንተ ጸሊና ወይ ንሱ ኪሰምዓና እንተ ተጸቢና ግና በቲ ኣብ ቤትና ዘሎ ኣምላኽ ዘተደረኽ ተኣምራታዊ ተሞክሮታትን ራእይታትን ካልእ በበይኑ ፍሉይ ዝኾነ ስምዒታት ክንቕበር ከም እንኽእል እሰግእ እየ። እዚ ብሰይጣን እዩ ዚወሃበካ ካብ ሰይጣን ትቕበሎ ኩሉ ነገር ከኣ፡ ወይ ኣብ ቐልቢ ወይ ኣብ ትሕቲ ቀልቢ እዩ ዚምደብ።

ሓደ ሰብ ምናልባት ናብቲ ኣብ ገዛኡ ዘሎ ኣምላኽ ዘይክጽሊ ይኽእል ይኸውን። ምናልባት ንጸሎቱ ናብቲ ዝጽልየሉ ዘሎ ሰብ ከምርሖ ይኽእል እዩ። እዚ ልምዲ እዚውን ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። ንኣብነት ካባኻ ሓደ ክልተ ሺሕ ማይል (ከባቢ 3500 ኪ.ሜ) ርሒቑ ዚቕመጥ ዓርኪ ኣሎካ ንበል። ምናልባት ድሌትካ እንተ ኾይኑ፡ ብቕሉ ገይሩ ከነቕቕሖ ወይውን ኬድሕኖ ናብ ኣምላኽ ጸሎትካ ተዐርግ። ጸሎትካ ግና ኣብ ክንዲ ናብ ኣምላኽ ዚቕንዕ፡ ኣብ ገዛእ ሓሳባትካ እንተደኣ ኣተኵርካ፡ ማለት ናብቲ ደሊኻዮ ዘሎኻ ሓሳባት እንተደኣ ኣተኵርካ ኣቓልቦኻ፡ (ማለት ሃምሳን ቀልብኻን) ኣብቲ ናትካ ሃረርታን ትጽቢትን እንተጌርካ፡ እሞ ኸኣ እዚ ሓሳብ እዚ ናብቲ ኣብ ርሑቕ ዘሎ ዓርኽኻ ከም ሓይሊ ጌርካ እንተልኢኽካዮ፡ ጸሎትካ ልክዕ ከምቲ ንሓሳብካን ድሌትካን ሃረርታኻን ዝውንጭፍ ቀስቲ ኮይኑ የገልግለካ እዩ። ዓርኽኻ፡ በዚ ሓይሊ እዚ እምብዛ ስለ ዚጽቐጥ ድሌትካ ብዘይ ጎደሎ ምሉእ ብምሉእ ኪፍጽም ይኽእል እዩ። ጸሎተይ ተመሊሱ ኢልካ ትሓስብ ትኸውን። ክነግረካ ግና፡ ናባኡ ስለ ዘይጸለኻ ኣምላኽ ኣይኮነን ጸሎትካ መሊስዎ። ናብ ዓርኽኻ ዘምራሕካዮ ጸሎትካ ተመሊሱ ጥራይ ኢና ክንብል እንኽእል።

ሓደ ሰብ ሓደ እዋን ጸሎቱ ብኽመይ ከም ዝተመለሰ ኪገልጽ ከሎ፡ "ኣብ ልዕሊ ዓርከይ ጸሎት ምስ ደርደርኩ" ብምባል መሊሱ። ርግጽ! ጸሎቱ ናብ ዓርኩ እምበር ናብ ኣምላኽ ኣይነበረን፡ ጸሎትካ ተመሊሱ እዩ፡ ግናኸ ብኣምላኽ

ኣይኮነን። ዋላ ናይ ምዕንዛዝ ነገር ዘይትፈልጥ ኩን፣ ከይተረደኣካ ብስውር፣ ሕጊ-ምዕንዛዝ ትኽተል ኣሎኻ። ነዚ ነገር እዚ ክትገብር ከኣ ነፍሳዊ ሓይልኻ ፈቲሕካዮ ኣሎኻ።

ስለምንታይ ኢና ከምዚ ንብል ዘሎና? ምኽንያቱ ንሸኻ ናብቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣምላኽ ኣይኮንካን ጸሎትካ ኣቕኒዕ ካዮ። እኳ ደኣ ጸሎትካ ናብቲ ትጽልየሉ ዘሎኻ ሰብ ዝዓለመ፣ ናባኡ ዝተኾመረ ኣባኡ ዝተጸፍጸፈ ስለ ዝኾነ እዩ። ብደገ ትጽሊ ዘሎኻ ኢኻ ትመስል፣ ከም ሓቂ ግና ነቲ ሰብ ብነፍሳዊ ሓይሊ ኢኻ ተጨንቕ ዘሎኻ፣

ካልእ ኣብነት ኪጥቀም፣ ሓደ ሰብ፣ ዋላ እንተ ዘይተፈርደ - ብውሑዱ መቕጻዕቲ ኪበጽሖ - ዓቢ ሓይሊ ናይ ነፍሰኻ ጌርካ ጸሎት ትገብር እንተ ኣለኻ፣ ሓይሊ ጸሎት ናይ ነፍሰኻ፣ ካልኻ ወጺኡ፣ ነቲ ሰብ ከሕምሞ ይኽእል እዩ። እዚ ዘይልወጥ ሕጊ ናይ ነፍሲ እዩ። ልክዕ ከምቲ ሓደ ሰብ ኢዱ ናብ ሓዊ እንተ ኣእትዩ ብርግጽ ዚነድድ፣ እዚውን ብርግጽ ከምኡ እዩ።

ሓደ ሰብ ኪገብሮ ንጽበዮ ነገር ይገብር እንተዘየልዩ፣ መቕጻዕቲ ኪወርዶ ክንጽሊ የብልናን። ከምዚ ዓይነት ጸሎት ነቲ ሰብ ከም ዚስቀ ኪገብሮ ይኽእል እዩ። ሓደ ጸላዪ ኸኣ ከምዚ ዓይነት ወዮታት ኣብ ካልኦት ከበጋግስ ኣይግባእን። እንተጸለና፣ ጸሎትና ናብ ኣምላኽ እምበር ናብ ሰብ ኣይኮንናን ከነቕንያ ዚግባእ። ኣነ ባዕለይ ናይ ከምዚ ዓይነት ጸሎት ዘምጽኦ ሕማቕ ሳዕቤን ተጠቒዐ እየ። ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት፣ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ምሉእ፣ ሓሚመ። እዚ ኸኣ ብሰሪ ሓሙሽተ ወይ ሽዱሽተ ዝኾኑ ሰባት ጸሎቶም ኣባይ ስለ ዝደርደሩ (ዝኾመሩ) እየ። ብመጠን እቲ ንሳቶም ዝጸለይዎ ብኡ መጠን ኣነ ይደክም ነይረ። ኣብ መወዳእታ ነቲ ጠንቂ ኣለልየዮ። ነዞም ጸሎታት እዚኣቶም ድማ ክቃወሞም ጀሚረ። ንእግዚኣብሄር ድማ ካብቲ ዝጽልይዎ ዘለዉ ጸሎት ከላቕቕኒ ሓቲተዮ። ድሕሬኡ ኸኣ ጥዕየ። ምስዚ ብዝተኣሳሰር ብሓደ ኣማኒ ዝተጻሕፈ ሓደ ጽሑፍ ኪጠቅስ፣

“ሎምቅነ ብብርቱዕ መጥቃዕቲ ናይ ጸላኢ ሓሊፈ። ደም ምድማይ፣ ረኽሲ ልቢ፣ ምልህላህ፣ ምድካም፣ ኩታ ኩሉ ሲጋይ ኣብ ጥቓ ምዕናው በጺሑ። ሃንደበት ክጽሊ ከለኹ፣ ኩሎም ነፍሳዊ ሓይልታት ኣብ ልዕለይ ዝጥዎ ዘለዉ ኩሎም ብነፍሳዊ ሓይሊ ዝተደረኹ ነፍሳዊ “ጸሎታት” ኪቃወሞም ከም ዘሎኒ ድንገት ተረዲኡኒ። ብእምነት ብሓይሊ ደም ክርስቶስ፣ ንገዛእ ርእሰይ ካብታቶም ፈልየየ። እቲ ውጽኢት ድማ ዘገርም እዩ። ብኡንብኡ ምስትንፋሰይ ናብ ንቡር መጺኡ፣ ደም ምድማይ ኣቋረጹ፣ ድኻም ጠፊኡ፣ ኩሉ ቓንዛ የሎን፣ ኣብ ሲጋይ ህይወት ዳግም ተዘራኡ። ካብኡ ንንየው ተሓዲሰን ተበራቲዐን። በዚ ተሞክሮ እዚ ኣስሊፉ ኣምላኽ ሓደ ነገር ምሂሩኒ። ንሱ ኸኣ ኩነታተይ ብሰሪ ጸሎት ናይ ዝተታለሉ ዝቃወሙኒ ነፍሳት ከም ዝኾነ ካብዚ ምስ ተናገፍኩ ክርዳእ ክኢለ። ካባታቶም ንኽልተ ካብቲ ዘለውዎ ነገር ክናግፎም ጐይታ ተጠቂሙለይ፣ ዝተረፉ ካልኦት ግና ኣብ ዘሰንብድ መዓሙቕ ጥሒሎም ይርከቡ”

ሓይሊ ንኣገልግሎት

ሓደ ሰብ ብጐይታ ዝተሞከረ እንተኾይኑ፣ ኣብ ናይ ምንቕቓሕ ኣኼባ ድማ እንተ ተኻፈሉ፣ እቲ ተዛራቢ ነፍሳዊ ድዩ መንፈሳዊ ሓይሊ ዚጥቀም ዘሎ ክመምዮ ይኽእል እዩ። ሓደ እዋን ሓደ ዓርከይ ብዛዕባ ሓደ ሰባኺ፣ ከመይ ሓያል ሰባኺ ምኻኑ ነጊሩኒ። እዚ ሰባኺ ቅድሚ ሕጂ ገጢሙኒ ስለ ዘይፈልጥ “ክፈርድ ኣይኽእልን እየ” ኢለዮ፣ ግና ኣብ መዘኻኸሪ ጥራዙ ሓደ ነገር ጽሒፈ ሂበዮ እቲ ዝጸሓፍኩዎ ከኣ እዚ እዩ። “ሓያል! ግዳ እንታይ ዓይነት ሓይሊ?” እቲ ዓርከይ ከም በዓልቲ ቤቱ ኣብ ጐይታ ብዙሕ ኣይገበረን፣ እቲ ዝጸሓፍኩሉ ነገር ምርዳእ ስለ ዝኣበዮ ድማ ንበዓልቲ ቤቱ እንታይ ማለተይ ምኻነይ ሓቲቱዋ።፣ ነቲ ጽሕፈት ምስ ኣንበበት፣ እንዳ ሰሓቐት ከምዚ ኢላቶ “ብርግጽ፣ እዚ ነገር እዚ መሰረታዊ ሽግር እዩ። እዚ ሰባኺ በየናይ ሓይሊ እዩ ተመሊኡ ዘሎ?” ሓደ እዋን ሓደ ሓው ካብ ሞንጎና እዚ ዝስዕብ ትዕዝብቲ ገበረ። “ሓደ ሰብ ሓይሊ ዘለዎን ዘይብሉን ብሓይሊ ኣዋጅቕዓ ፑልፒት ኣይኮነን ዚፍለጥ” በለ። ኣብ ሓደ ኣኼባ ምስ ኣተና እቲ ዚዛረብ ዘሎ ሰብ ዝጥቀመሉ ዘሎ ሓይሊ ነፍሳዊ ድዩ ወይስ መንፈሳዊ ከነለልዮ ይግበኣና እዩ። ነዚ ሓይሊ እዚ ካብ ክልተ ሽኽኒ ክንፈርዶ ንኽእል ኢና። ወይ ካብቲ ሰባኺ ወይ ድማ ካብቶም ሰማዕቲ። ሓደ ሰባኺይ ኣብ ሕሉፍ ተሞክሮኡ ይምርኮስ እንተኾይኑ፣ ንኣብነት በቲ ቐደም ዝሃቦ መልእኽቲ ሰባት ተነሲሖም እንተነይሮም እሞ ነዚ ስብከት እዚ ሕጂውን ነዚ ናይ ቀደም ተሞክሮ ንምድጋም ሕጂ ይሰብኮ እንተ ኣልዩ፣ እዚ ብዘይ ጥርጥር ነፍሳዊ ሓይሉ እዩ ዚጥቀም ዘሎ። ወይ ሰባት ብኽመይ ከም ዝተነስሑ ቁጽሪ ዘይብሉ ኣብነታት እንዳተጠቀመ ልቢ ሰባት ዘለዓዕል እንተኾይኑ እዚውን ነፍሳዊ ሓይሉ እዩ ዚጥቀም ዘሎ።

ብኻልእ መገዲ ግና፣ ናይ ሓደ ሰባኺይ ባህሪ፣ ከም ናይቲ ብ1904-05 ጐይታ ኣብ ምንቕቓሕ ዋለስ ብዓቢ ዝተጠቀመሉ ኢቫን ሮበርትስ እንተኾይኑ፣ እዚ ነፍሳዊ ሓይሉ ምሉእ ብምሉእ ዝኸሓደ እዩ። እዚ ባርያ ኣምላኽ እዚ፣ ንጐይታ ሓደ ነገር ጥራይ ሓቲቱዎ። ንጐይታ “ስበረኒ፣ ዕጸፈኒ” ብምባል ለሚኑዎ። ካባኡ ዚወጽእ ዘበለ መታን ኪዕገት፣ ሓይሊ ነፍሱ መታን ኪእሰር፣ ኣብ ገዛእ ርእሱ ልንም ኪገብር እግዚኣብሄር ሓቲቱዎ። ዘገልግል ዘበለ ኩሉ ኣብዞም ክልተ ሓይልታት ዘሎ ፍልልይ ኪፈልጥ ይግብኣ። ብነፍሱ ዝግበር ዘበለን ብሓይሊ ኣምላኽ ዝተገብረ ነገርን ፈላልዩ ኪፈልጦም ኣለዎ።

ዕዮ መንፈስ ቕዱስ ስሉስ እዩ።

1. ንዓና ዳግም ምውላድ
2. ፍረ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ክንፈሪ፣ ኣባና ምሕዳር
3. ክንምስክር መታን ክንክእል ኣብ ልዕሌና ብምፍሳስ ሓይሊ ምኟን። ስለዚ እዩ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ዝጠቕሰሉ እዋን ኩሉ ሳዕ ምስ ናይ ምስክርነት ስራሕ ዘተሓሕዘ። እዚ ናባና ምምጻኡ እምበር፣ ነቲ ኣብ ውሽጥና ኮይኑ ዚሰርሖ ስራሕ ኣይኮነን ዘመልክተና። ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ንዕዮ ምኟኑ ብሩህ እዩ። ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣባና ምሕዳር ግና ንፍረ እዩ። ኣብቲ መበቆላዊ ቓንቒ ንሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣልዒሉ ኪዛረብ ከሎ፣ ወትሩ እዋን ናባና ዚወርድን ናብ ልዕሌና ዚፈስስን ምኳኑ ገይሩ እዩ ዚዛረበሉ። እቲ ኣባና ኮይኑ ፍረ ዘፍርየና ናይ መንፈስ ቅዱስ ተግባር ግና ኣባና ማለት ኣብ ውሽጥና ኮይኑ ብዝገብሮ ነገር ምኳኑ ይነግረና።

እቲ መንፈስ ቅዱስ ዘዕጥቐካ ሓይሊ ስለምንታይ እዩ ከም “ናባና ዚፈስስ” ደጋዊ ነገር ኮይኑ ተገሊጹ ዘሎ? ምኽንያቱ እቲ መንፈስ ቅዱስ ዘዕጥቐካ ሓይሊ “ደጋዊ” ስለ ዝኾነ፣ ከም ካብ ደገ ናባኻ ዚፈስስ ኮይኑ እዩ ተገሊጹ ዘሎ። ብዛዕባኡ ምሉእ ብምሉእ ርግጸኛ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ። ስለዚ ሰባት ብዛዕባ ሎሚ ዝሀልወና ፕሮግራም ትተኣማመንዶ ኢሎም እንተ ሓቲቶምኻ ማለት ሰባት ሎሚ ኣብ ፕሮግራም ከም ዚድሕኑ ርግጸኛ ዲኻ ኢሎም እንተ ሓቲቶምኻ፣ ርግጽነት ዚበሃል ከም ዘይብልካ ብግልጺ ክትነግሮም ኣሎካ። ምኽንያቱ እዚ ሓይሊ እዚ ካባኻ ወጻኢ እዩ ዘሎ። ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኪንዮ ናትካ ምቁጽጻር እዩ። እቲ ሓይሊ ሓይሊ ነፍሲ እንተኾይኑ ግና ርግጸኛ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። በቲ ንሸኻ ተመሓላልፎ መልእኽቲ ሰባት ብንብዓት ክንስሑ ከም ዝኽእሉ ብምትእምማን

• **ካብ** Jesse Penn Lewis, *Soul and Spirit*

ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ስለዚ እቲ ሰባት “ኣደናቒ ሓይሊ” ብምባል ዚጽውዕዎ ሓይሊ ካልእ ዘይኮነስ ናይ ነፍሲ ሓይሊ ጥራይ እዩ።

ሓደ እዋን ዋላኳ ካልኦት ሰባት ደሓን ከም ዘሎኹ ርእይቶኦም እንተ ሃቡኒ፣ ኣነ ግና ሓይሊ-ኣልቦ ዝኾንኩ ኮይኑ ተሰመዓኒ። ምሕላል ተሰመዓኒ። ስለዚ ኽኣ ንሓንቲ ብጐይታ ብዙሕ ዝተሞከረት፣ ማርጋረት ኢ ባርበር ትብሃል ዓባይ ሓፍቲ ክውከሳ ከድኩ፣ ከምዚ ድማ በልኩዋ “ናትኪ ሓይሊ ኣመና ዓቢ እዩ ስለምንታይ እየ ኣነ እቲ ሓይሊ እቲ ዘይብለይ” ብዙሕ እዋን ኣብ መንፈሳዊ ጉዳያት ብዙሕ ዝጠቐመትኒ ዓባይ ሓፍቲ ስለ ዝኾነት ጽቡቕ ሌላ እዩ ነይሩና። ናባይ ብዕቱብ ብምጥማት ድማ ከምዚ ብምባል ሓተተትኒ፣ “እንታይ ዓይነት ሓይሊ ኢኻ ትደሊ ዘሎኻ? ስምዒት ዚህበካዶ ወይስ ስምዒት ዘይህበካ!?” መልሳ ምስ ሰማዕኩ እንታይ ማለታ ምኻና ብኡንብኡ ተረድኣኒ እሞ ከምዚ ብምባል መለስኩላ፣ “ኣነ ደኣ ስምዒት ዘይህበኒ “ዘይስምዓኒ” ሓይሊ እየ ዚደሊ” ብልኩዋ። ንሳ ድማ ከምዚ እንዳበለት ዘረባኣ ቀጸለት “ካብ መንፈስ ቅዱስ ንዝመጽእ ሓይሊ፣ ሰባት ኪስምዖም ዘድሊ ኣይኮነን። ናይ ሰብ ሓሳፍነት “ምእዛዝ” ጥራይ እዩ። ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ንሰባት ስምዒት ኽህበካ ኣይኮነን ዚመጽእ!” (እዚ ክብል ከለኹ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ብመንፈስካ ኣይስምዓካን እዩ ኣይኮነን ዚብል ዘለኹ) ስለዚ ናተይ ሓሳፍነት እግዚኣብሄር ንነፍሳዊ ሓይለይ ኪኣስር ምሕታት እዩ። ማለት ንናይ ገዛእ ርእሰይ ሓይሊ እግዚኣብሄር ክኣስሮ ኪሓቶ ኣለኒ። ናተይ ተራ ንኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ ምእዛዝ እዩ። ዝተረፈ ኹሉ ግና ንኣምላኽ ይሓድገሉ።

ብሓይሊ ነፍሲ ንዓዱ እንተ ኮይንና፣ ልክዕ ከምቲ ነቶም ኣዐንዘዝቲ ሰባት፣ ዝስምዖም ንዓናውን ኪስምዓና ይኽእል እዩ። ሓደ ነገር ብምግባሮም ክረኽብዎ ዝኽእል ውጽኢት ድማ ኣዐርዮም ይፈልጥዎ እዮም። ካብታ ቀዳመይቲ ደረጃ ክሳዕ እቲ ናይ መወዳእታ ደረጃ እንታይ እንታይ ከም ዚስዕብ ኣጸቢቑም ይፈልጥዎ። ኣብ መድረኽ ደው ኢሉም ዝሰብኩ ሰባት ዘየለለይዎ ነገር እንተደኣ ኣልዩ ኮይኑ ኽኣ ብሓይሊ ነፍሲ ይጥቀሙ ምህላዎም ስለ ዘይፈልጡ እዩ። ሓይሊ ዘለዎም ኮይኑ ይስምዖም፣ ግዳ ብሰነ-ኣእምራዊ ሓይሊ ብምሕጋዝ እዮም ንሰባት ዚረብሕዎም።

ገለ ገለ ሰባት “ሰበኽቲ ማለት ሰነ ኣእምራዊ ሓይሊ ብኽመይ ትጥቀመሉ ዚፈለጡ ክኢላታት እዮም” ብምባል ይዛረቡ። ነዚ ከምዚ ዓይነት ሸፈጥ ኣነ ብወገነይ ብትሪ እየ ዝነጽጎ። ብሰነ-ኣእምራዊ መገዲ ንሰባት ብኽመይ ክትስሕቦም ከም ትኽእል ዋላኳ ንፈልጥ እንተኾንና፣ ነዚ ኣገባብ እዚ ከይንኽተል ብዕላማ ክንነጽጎ ይግበኣና እዩ።

ሓደ እዋን ኣብ ሻንቱን ይዓዱ ነይረ። ኣብኡ ኽኣ ሓደ ፕሮፈሰር ነቶም ብጸቱ “ሰበኽቲ እኮ ብስምዒት እዮም ዚዓዩ” ኪብል ተዛሪብዎም ነበረ። ኢጋጣሚ ሽዑ ምሸት ኣነ መጺኡ ነቶም ኣብኡ ዝነበሩ ኣመንቲ፣ “ስምዒታት ክንውከሎም ዘይብልና፣ ዘይጠቕሙ ተርእዮታት” ምኻኖም ሰበኽኩሎም። ኣብቲ ኣኬባ፣ ንዘረባ ናይቲ፣ ሰበኽቲ “ብስምዒት እዮም ዚዓዩ” ዝበለ ቀዳማይ ፕሮፌሰር ዝሰምዐ ሓደ ካልእ ፕሮፌሰር ተኻፊሉ ነይሩ፣ እቲ ቀዳማይ ፕሮፌሶር ኣብኡ ብዘይምንባሩ ኽኣ ጉህዩ።

ብስምዒት ዝግበሩ ኩሎም ዕዮታት ዘጠራጥሩን ንንእለቱን እዮም። ኣብ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ዝዕየዩ ኩሎም ዕዮታት ግና ሰብ ብባዕሉ ወይ ብሓይሉ ኪገብሮ ዘድልዮ ዋላ ሓደ ነገር የሎን። ብክእለት ነፍሲ ዚግበር እንተኾይኑ ግና ሓደ ሰብ ብዙሕ ኣገባባት ኪጥቀምን ብዙሕ ሓይሊ ከጥፍእን ይግደድ። ካልእ ዕላማ ዘይብሉ፣ ነቶም ሰማዕቱ ከለዓዕሎም መታን ኪኽእል ጥራይ፣ ምብካይ፣ ምውጫጭ፣ (ምጭዳር)፣ ምዝላል፣ መዛሙር ምድግጋም፣ ቁጽራ-ኣልቦ ዛንታታት ምንጋር፣ ኮታ በበይኑ ብልሓት ይጥቀም።

እዚ ክብል ከሎኹ ኣብ ኣኬባታትና መዝሙር ኣይንዘምር ወይ ዛንታ ኣይንንገር ማለት ኣይኮነን። የግዳስ ግቡእ ደረት ኪህልዎም ይግባእ እየ ዚብል ዘሎኹ።

ገለገለ ሰባት ፍሉይ ናይ ምስሓብ (ምምሳጥ) ማማኔታዊ ክእለት ከም ዘለዎም ንፈልጥ ኢና። ካብ ካልኦት ብሉጻት ኮይኖም፣ ወይ ኪኢላታት ተዛረብቲ ኮይኖም ዘይኮኑስ፣ ፍሉይ ሰባት ናብ ዙርያኦም ናይ ምስሓብ ክእለት ግና ኣለዎም። ብዙሕ እዋን ሰባት “ኣብ በዓል እገለ ተሰማዕኑት ሰለ ዘሎካ ስለምንታይ ከምዚ ኪገብሩ ዘይትዛረቦም” ይብሉኒ። ከምዚ ክብሉኒ ከለዉ ኣነ ከምዚ እየ ዚብሎም፣ “እዚ ጥቕሚ የብሉን” ከምዚ ምግባር ባህርያዊ ነገር ጥራይ እዩ። መንፈሳዊ ኣይኮነን። ንክርስትና ከም ኣብ ሳይኮሎጂ ዘጋጥም ነፍሳዊ ተርእዮ ዝወስድዎ ብዙሓት ሰባት ኣለዉ። ነዞም ሰባት ክንወቕሶም ኣይኽእልን ኢና። ምኽንያቱ እቶም ቀዳሞት ጌገኛታት ባዕልና እዞም ኣመንቲ ስለ ዝኾንና። ንቤተሰብካ ወይ ንደቅኻ ሓይሊ ኣምላኽ እንተ ዘይሲሒብዎም ናትና ባህርያዊ ስሕበት ምንም ጥቕሚ የብሉን። ዋላ ቡቲ ኣደናቒ ሓይልኻ ሰሓቦምከ፣ እንታይ ረብሓ ረኺብ ክትብል ኢኻ!

ሰላምን ሓጎስን

ኣብ ክርስትና ኪብጻሕ ዚኽእል ዝለዓለ ነገር እንታይ እዩ? ካብ ገዛእ ርእሽኻ ተላቒቕካ ምስ ኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ ምሕባር እዩ። ኣብ ዘመናዊ ሳይኮሎጂውን ሓደ ሰብ ምስቲ “ዘይረአ ኣእምሮ” ሕብረት ገይሩ መንነቱ ምጥፋእ፣ ዚበሃል ዘረባታት ኣሎ። እዚ ልክዕ ከም ክርስትና እዩ ዚመሳሰል። ከም ሓቂ ግና ኽኽልቲኦም ዘራኽብ የብሎምን። እቲ ኣብ ምንቅስቓስ ጉጅለ ኦክስፎርድ ህቡብ ዝኾነ ዶ/ር ፍራንክ ቡችማን ኽኸምዚ ዓይነት ሳይኮሎጂ ዚጣበቕ ሰብ እዩ። ካብቲ ንሱ ዚምህሮ ሓደ፣ “ኣስተንትኖ” ምግባር እዩ። ንሱ ኣብ ሞንጎ ኣምላኽን ሰብን ርክብ ኪህሉ እንተኾይኑ እቲ እንኮ መገዲ “ብምስትንታን” እዩ ይብል። ንሱ ብተወሳኺ ሰባት ንግሆ ተንሲኦም መጽሓፍ ቅዱስ ከንብቡ ኣይኮኑን ዘድሊ ይብል። ብኣንጻሩ ቅድም ከስተንትኑ ደሓር ኪጽልዩ ጥራይ እዩ ዘለዎም፣ ብምባል ይዛረብ። ቀጺሉ ድማ፣ “ድሕሪ ጸሎት ዚመጸካ ናይ ፈለማ ሓሳብ ከኣ ናይ ኣምላኽ እዩ” እንዳበለ ይእውጅ። ስለዚ ነታ መዓልቲ፣ ቡቲ ሓሳብ እቲ ክትነብራ ኣሎካ። እዚ ከምዚ ዓይነት ልምምድ እዚ ካብቲ “ብቐስታ ኮፍ ምባልን” “ረቂቕ ምስትንታን ምግባርን” ዚፈልዮ ከም ዘይብሉ መን ይሓስቦ? ናይዚ ከምዚ ዓይነት ኣስተንትኖ ምግባር ውጽኢት ወይ ጽልዋኽ ከመይ ይመስል? ንሳቶም ከም ዚብልዎ፣ እዚ ኣገባብ እዚ ብሰላምን ብሓጎስን ከም ትምላእ ይገብረካ። ናብ ሓደ ነገር ንሓደ ሰዓት ዚኣክል ብህድኣት ሓሳባትካ እንተ ኣተኵርካ ንሸኻውን እዚ ኣብዚ ሰላምን ሓጎስን ሰላምን ተባሂሉ ዘሎ ነገር ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ዋላ ሓሳባት ዘይብልካ ስኽ ኢልካ ንሓደ ሰዓት ብጽሞና ብረቂቕ እንተ ኣሰላሲልካ፣ እዚ ሰላምዶ ሓጎስዶ ዚበሃል ዘሎ ነገር ዘይክትስእኖ ትኽእል ኢኻ። ናይ ብዙሓት ሰባት ምስትንታን ነፍሳዊ ተግባራት ጥራይ እዩ። ኣብ እምነት ክርስትና ግና ከምዚ ዚበሃል ነገር የልቦን። ህይወት ኣምላኽ ኣባና ስለ ዘላ ብዛዕባ ኣምላኽ ከነስተንትን ኣየድልየናን እዩ። ኣብ ውሽጥና ብዘሎ ንኣምላኽ ከፍልጠና ብዚኽእል ክእለት (Intuition) ኢና ንፈልጦ። ስምዒትና ብዘየገድስ። ንኣምላኽ ክንፈልጠሉ ኽኽእለሉ ኣባና ውሽጣዊ ክእለት ኣሎና። ከም ተወሳኺ ኽኣ ቃል ኣምላኽ ኣሎና። ቃሉ ዝበሎ ዘበለ ኹሉ ኽኣ ንኣምኖ። እምነት እንተሎና ኽኣ ንስምዒት ብዙሕ ግምት ኣይንህቦን ኢና። ኣብዚ ድማ እዩ ኣብ እምነት ክርስትናን ሳይኮሎጂን ዘሎ ፍልልይ።

ዘገርሙ ተግባራት

ኣብ ዘገርሙ ተግባራት ከኣ እስከ ሕጂ ንዛረብ። ኣነ ብግለይ ዋላ ሓደ ተጻብኦ የብለይን። ብገዛእ ኣዒንተይ፣ ብመሎኪታዊ ፈውሲ ብቕጽበት ዝተፈወሱ ጉዳያት ርእየ ኣለኹ። ገለገለ ሰባት ሕማም ከሕውዩ ከም ዚኽእሉ ይዛረቡ እዮም። ንሕና ምፍዋስ ኣይንቃወምን ኢና። ብግቡይ መገዲ ፈውሲ ምርካብ ግና ንቃወም ኢና። ገለ ሰባት ብልሳን ምዝራብ ይቃወም እንተኾይነ ይሓቱኒ፣ ፍጹም! ኣይቃወምን እየ። ዘይቅኑዕ ኣገባብ ተጠቂምካ ዚግበር ብልሳን ምዝራብ ግና ሕቶ ኣሎኒ። ንራእይን ሕልምን ዚምልከትውን ኣነ ባዕለይ ዓቢ ብርሃን ርእየ እየ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገራት ከም ዘሎውን ንፈልጥ ኢና። ብዘይሕጋዊ መገዲ ዚርከቡ ሕልምታትን ራእያትን ግና ይቃወሞም እየ።

መጽሓፍ ቅዱስ ምንባር ኣእዳውን ዘይቲ ምቕባእን እውን ጠቒሱ ይዛረብ እየ። ገለ ግና ኣብ ርእሲ ካልኦት ኣእዳዎም ኣንቢሮም ኣብ ዳሕሮዋይ ክፋል ናይ ሓንሳሉን ሕቑኡን ብሓይሊ ይደርዝዎ እሞ፣ እቲ ሰብ ከመይ ይስምየ ከም ዘሎ ይሓትዎ። ኣብ ክሳዱ እንተደኣ ተደሪዙ ግድን ዋዒ ክስምየ ባህርያዊ እየ። እዚ ግና ዋላ እቶም ኣዐንዘዝቲ ከማን ዘይቅበልዎ ትሑት ሽፈጥ ምኻኑ ክንፈልጠ ይግባእ። ድሕሪ ሓንሳልና ክሳብ ዓንዲ ሕቑና ዚዝርጋሕ ሓደ ዓቢ መትኒ ኣሎ። እቲ ዝደርዝ ዘሎ ሰብ እቲ ዚገብሮ ዘሎ ነገር ናይ ምዕንዛዝ ተግባር ምኻኑ ዘይክፈልጥ ይኽእል እዩ። እቲ ዚድረዝ ዘሎ ሰብ ድማ ብዓንዲ ሕቑኡ ሓሊፉ ዚስምየ ዋዒ ኪህሉ ይኽእል እዩ። ኪፍወስውን ይኽእል። ግዳ እዚ መርኣያ ናይ ድጉል ነፍሳዊ ሓይሊ ሰብ እምበር፣ ካልእ ኣይኮነን። ዋላ ምሉእ ጥዕና ይሰመዓሉ፣ ኣነ ከም “መለኮታዊ ፈውሲ” ገይረ ኣይወስዶን እየ።

ብመንፈስ ምጥማቕ

ሕጂ ድማ እስከ ብመንፈስ ቅዱስ ምጥማቕ ኣልዒልና ንዘራረብ። ኣነውን ኣብ ሻንቱን ከሸኹ ሰባት ነዚ ነገር እዚ ኪደልይዎ ይነግሮም ነይረ እየ። ብዙሓት ሰባት ኣብ ሓደ ጸቢብ ክፍሊ ተዓጽዮም ንመዓልታት ኪጸሙ፣ ኪጽልዩ፣ መዝሙር ኪዝምሩ ግና ኣይቅበሎን እየ። ሰባት ከምዚ ምግባር እንተ ተለማሚዶም፣ ነዊሕ ከይጸንሑ ሓንሳሎም ጥራሑ ይኸውን፣ ናብ ልሙሳት ድማ ይቕየሩ፣ ከናፍሮም ሓደ ዘይፍለጥ ነገር ይዛረብ፣ ክትጭብጦ ዘይትኽእል ድምጺ ልሳንውን የስምዑ። በዚ መገዲ እዚ ኸኣ ኑቲ ድጉል ሓይሎም ይፈትሕዎ።

ብመንፈስ ንምጥማቕ ኣብ ዝግበሩ ኣኪባታት፣ ገለ ሰባት “ሃሌሉያ” ንትብል ቃል እልፊ ሻዕ ይደጋግሞዋ። ቀስ ብቐስ ድማ ሓንሳሎም ዲዞ ይኸውን፣ ኣእምሮኣም ድማ ይልምስ፣ ራእይታት ምርኣይ ይጅምሩ። ነዚ ብኸመይ ብመንፈስ ምጥማቕ ጌርኩም ትወስድዎ። እዚ ብነፍሲ ምጥማቕ እምበር ካልእ ኣይኮነን። ዝቕበልዎ ኸኣ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ዘይኮነ ነፍሳዊ ሓይሊ እዩ። እዚ ኸኣ መግለጺ ድጉል ሓይሊ ነፍሲ እዩ። እዚ ብናይ ኣምላኽ ውህበት ዘይኮነ ዚመጽእሲ ካብ ሰብኣዊ ልምምድ እዩ ዚርከብ። ብመንፈስ ቅዱስ ምጥማቕ ነዚ ኣገባብ እዚ ተኸቲልካ ኣይኮንካን ትረኽቦ። ሰባት ግና ኃላእት ከምዚ ልምምዳት እንዳ ኣርኣዩ ካብ ኣምላኽ ዝተቐበልዎ መምርሒታት ዘይኮነስ ናታቶም ውልቃዊ ተሞክሮታት ይነግርዎም ኣለዉ።

ነዚ ጽሑፍ እዚ ምስ ኣንበቡ ገለ ሰባት፣ ከምዚ ብምባል ኪሓትቱ ይኽእሉ እዮም። “ከምዚ ትብሎ ዘሎኻ እንተደኣ ኮይኑ ሓቀኛ ተኣምራት ዚበሃል ነገር የሎን ድዩ?” መልሰይ “ኣሎ እምበር” ዚብል እዩ። ስለቶም ካባኡ ዚመጹ ተኣምራታት ኩሎም ንኣምላኽ ምስጋና ንህቦ። ይኹን እምበር ተኣምራታት ምንጮም ካብ ኣምላኽ ድዩ ካብ ድጉል ነፍሳዊ ሓይሊ ምፍላዮም ከድልየና እዩ። ኣብ ሻንቱን ከሸኹ ሓንቲ ንብዙሕ ዓመታት ተረሚሳ ዝነበረት ሰበይቲ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝተፈወሰት ሰሚዐ። እቲ ናታ ፈውሲ ብርግጽ ካብ ኣምላኽ እንተኾይኑ ስሌኣ ንኣምላኽ የመስግኖ።

ምልላይ ነፍሳዊ ሓይሊ

ሜሪ ቤከር ኢድይ፣ መስራቲት ማሕበር ክርስትያን ሳይንቲስት፣ ሞት፣ ሕማም፣ ቓንዛ፣ ዚበሃል ከም ዘየለ ትኽሕድ ነይራ። ንሳ ንባዕላ እኳ ሞይታ እንተኾነት፣ እቲ ንሳ ዚሰረተቶ ማሕበር ክርስቶስ፣ ሳይንቲስት፣ ግና ድሕራኣ እንዳበልጸገ እዩ ከይዱ። ክሳዕ ሕጂ ኸኣ ሓደ ሕሙም ሰብ፣ “ኣይሓመምኩን” ኢሉ እንተደኣ ኣሚኑ፣ ቓንዛ ዚበሃል ኣይስምዖን። ሓደ ዚመውት ዘሎ ሰብውን ብተመሳሳሊ መገዲ “ኣይመውትን እየ” ኢሉ እንተ ደኣ ኣሚኑ ኣይመውትን እዩ ዚብል እምነት ኣለዎም። ከም ውጽኢቱ ድማ ብዙሓት ሰባት ክፍወሱ ከኢሎም እዮም። ኣካላዊ ሕማም ከሕዊ ዚኽእል ነፍሳዊ ሓይሊ ከም ዘሎ ድማ ኣረጋጊጾም። ኣብ ሰብ ዘሎ ድጉል ሓይሊ ብምፍታሕ ኣብ ስጋ ዘሎ ድኻም ኪሰዓር ከም ዚኽእል እውን ኣረጋጊጾም።

ሎም ዘመን ኣብ ነፍሲ ዘሎ ድጉል ሓይሊ እንዳ ማዕበለ ስለ ዝመጸ ዝግበሩ ዘገርሙ ነገራት ቁጽሮም እንዳዛየደ ይኸይድ ኣሎ። ካብዞም ዘገርሙ ነገራት እዚኣቶም፣ ብዙሓት ፈጺሞም ልዕለ-ባህርያዊ ተርእዮታት ዚኾኑ ተኣምራታት እዮም። ኩሎም እዚኣቶም ግና መግሃድ ድጉል ሓይሊ ነፍሲ እዮም። ዋላ ኣነ ነቢይ ኣይኹን፣ ናይ ትንቢት መጽሓፍቲ ግና ኣንቢበ ኣለኹ፣ ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ድጉል ነፍሳዊ ሓይልታት ብዝበለጸ ኪገሃዱ እዮም። ምኽንያቱ ኣብ ዳሕራይ ግዜያት፣ እቲ ጸላኢ፣ ሓይሊ ነፍሲ ተጠቂሙ እዩ ዕዮኡ ዚገብር። ነዚ ሓይሊ እዚ ኣብ ምሓዝ እንተ ተዓዊቱ ኸኣ፣ ዓበይቲ ዘስደምሙ ነገራት ኪገብር ይኽእል እዩ።

ንተኣምራት ብዚምልከት፣ ክልተ ዓይነት ጉጅለ ናይ ሰባት እዮም ዘለዉ። ኩሎም ከኣ ሕሉፍ ኣመሸካኽታ ዘለዎም እዮም። ገለ ወገናት ተኣምራት ዚበሃል የሎን ይብሉ። ናይ መለኮታዊ ፈውሲ ተኣምራት ኪሰምዑ ከለው ኸኣ፣ ኣይቅበልዎን እዮም። እቶም ካልኣይ ጉጅለ ድማ ካብ ኣምላኽ ድዩ ወይስ ካብ ጸላኢ፣ ምንጩ ብዘየገድስ ደድሕሪ ተኣምራት እዮም ዚጎዩ። ሎሚ ናብ ክልቴኡ ጫፍ ከይንዘዙ ክንጥንቐቐ ይግበኣና። ተኣምራት ተገይሩ ዚብል ወረ ኣብ ንሰምዓሉ እዋን ክንሓቶ ዘሎና መን እዩ እቲ ገባሪ? ኣምላኽ ወይስ ጸላኢ? ብቕዱስ መንፈስ ኣምላኽ ድዩ ኮይኑስ ዋላ ብሕጊ ሰብኣዊ ሳይኮሎጂ።

ሎሚ፣ ገለ ካብቲ [ናይ ነፍሲ] ክእለታት፣ ከም እኒ ኣእምሮ፣ ፍቓድ፣ ስምዒት፣ ክንጥቀመሎም ይግበኣና እዩ። ነቲ ኣብ ነፍስና ዘሎ ድጉል ሓይሊ ግና ክንገልጾ ኣይግባእን። ፍቓድ፣ ኣእምሮ፣ ስምዒት፣ ሰብ ግድን ኪጥቀመሎም ዚግባእ ነገራት እዮም። ምኽንያቱ ሰብ እንተደኣ ዘይተጠቂምሎም ክፋእ መንፈስ ኪጥቀመሎም እዩ። ሰብ ነቲ ኣባኡ ዘሎ ድጉል ሓይሊ እንተደኣ ተጠቂምሉ ግና ብድሕሬኡ ኮይኑ እቲ ክፋእ መንፈስ ብዙሕ ዓይነት ትምዩን ተኣምራታት ኪህቦ እዩ። ኩሉ ብሓይሊ ነፍስን ብሕጊ ነፍስን ዚግበር ስራሓት ትምዩን (ናይ ሓሶት) እዩ። ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ዚዕየ ዕዮ ጥራይ እዩ እቲ ሓቀኛ። መንፈስ ቅዱስ ናይ ገዛእ ርእሱ ናይ ኣሰራርሓ ሕጊ ኣለዎ። ምኽንያቱ ኣብ ሮሜ 8፡2 “ሕጊ መንፈስ ህይወት” ተባሂሉ ኣሎ። ኣምላኽ ይመስገን!

መንፈስ ቅዱስ ሓቂ እዩ! ሕጊ መንፈስ ቅዱስውን ሓቂ እዩ። ብሕጊ መንፈስ ቅዱስ ዝመጹ ተግባራት ኩሎም ካብ ኣምላኽ ዚመጹ እዮም።

ኣመንቲ ምስልምና ብጐይታና የሱስ ኪኣምኑ ኣዝዩ ከቢድ እዩ፣ በዚ ምኽንያት ከኣ፣ ክርስትያናት ዚኾኑ ብተዛማዲ ኣዚዮም ሒደት እዮም። ስለምንታይ? ኣመንቲ ምስልምና ብቕመይ ከም ዚጽልዩ ንፈልጦዶ? ኣብ መስጊዶም ሰለስተ ሳዕ ንመዓልቲ ይጽልዩ። ንሳቶም ሓደ ነገር ኪገበሩ እንተ ደኣ ደልዮም፣ ብሓድነት ኣሸሓት ሰባት ክጽልዩ ክኽእሉ ኣለዎም። *“ኣብቲ ኣብ ደልሂ ዘሎ ዓቢ መስጊድ ጁማ ኮይኖም ዚጽልዩ ኣእላፋት ኣመንቲ ምስልምና ከም ኣብነት ንውሰድ”* ትብል ሚስ ፔን ልዊስ *“ልዕሊ 100 ሺሕ ሰባት ኣብ ውሽጢ መስጊድ ኮይኖም ካብኡም ዚበዝሑ ድማ ብደገ ኮይኖም ኪጽልዩ ንርእዮም”* ንምንታይ እዮም ዚጽልዩ ነይሮም? ኩሎም ብሓባር *“ቱርኪ ክትነቓቓሕን ካብ ዕብለላ ጸዓዱ ዓሌት ሓራ ክትወጽእን ይጽልዩ ነይሮም”* ነፍሳዊ ሓይሉም ድማ ኣዐዊትዎም። ከም ውጽኢቱ ድማ “ስምምዕ ሴቭረስ” ዳግም ተኹቲሙ። ብመሰረት እቲ ስምምዕ ድማ፣ ኩሉ እቲ ንቱርኪ ተወሲዱዋ ዚነበረ ተመሊሱዋ። ሓንቲ ምብራቓዊት ሃገር ኣንጻር ኩለን ሃገራት ምዕራብ ክንድዚ ዓወት ከተመዝግብ ምኽኣል ብርቂ ነገር እዩ። እቲ ኣብ ህንዲ ዚወሃብ መግለጽን ዝእመንን ግና እዚ ነገር እዚ ብሓይሊ ነፍሲ ኪኽውን ከም ዚኽኣለ እዩ።[8] እቲ ዘሕዘን ግና ናይ ብዙሓት ክርስትያናት ጸሎት ኣምላኽ ዘይኮነስ ቡቲ ኣብ ነፍሶም ዘሎ ድጉል ሓይሊ ነፍሲ ይምለስ ምኻኑ እዩ። ሽቶኣም ድማ ብናይ ኣስላም ኣገባብ ተጠቒሞም እዮም ዚወቕዑ።

ኣብ ሂንዱይዝም ዚረአ ሓይሊውን ተመልከትሉ። ገለ ኣመንቲ ሂንዱይዝም ከይነደዱ ኣብ ሓዊ ኪኾዱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ሓሶት ኣይኮነን። ኣብ ሓዊ ንሒደት ስጉምቲ ጥራይ ዘይኮነ ነዊሕ መገዲ ኣብ ዝቕይሐ ርሱን ሓጺን እንዳረገጹ ገለ ከየተጎድኡ ይኽዱ። ገለ ገሊኣቶም ድማ ኣብ ንላዕሊ ዝተሰመሩ በላሕቲ መሳምር ይድቅሱ። (ርግጽ እዩ እቶም ጀመርቲ ከምዚ ዓይነት ቃንዛን መጉዳእቲን ኪጸወሩ ከም ዘይክእሉ ባህርያዊ ነገር እዩ።) ይኹን እምበር እዚውን ካብ ምዕባለ ነፍሳዊ ሓይሊ ዚጥረ ነገር እዩ። [ክርስትያናት] ኣመንቲ በቲ ሂንዱ ዚጥቀሙሉ ሚላ ገይሮም ተኣምራት ኪገብሩ ምርኣይ ክንደይ ዘሰንብድ እዩ።

ኣብ ኣኬባታት ብዙሕ ሳዕ ክርስትያናት ገለ ዚጸቕጥ ሓይሊ ይስምዖም እዩ። ወይ ድማ ኣብ እዋን ጸሎት ወይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ዘንብብሉ እዋን፣ ብዘይ ምኽንያት ጸቕጢ ደጋዊ ሓይሊ ኪስምዖም ይኽእል እዩ። ኩሉ እዚ ከጥቃዓናን ኪጸቕጠናን መታን ነፍሳዊ ሓይሊ ተጠቂሙ ሰይጣን ዚገብሮ ተግባር እዩ። ብዙሓት ምኩራት ክርስትያናት ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ እዚ ናይ ሰይጣን ከቢድ መጥቃዕቲ እዚ ኣብዚ ዳሕሮት መዓልታት መጠኑ እንዳ ዛየደ ከም ዚኽይድ ይዛረቡ። ኩላ ዓለም በዚ ጣቕ ናይ ነፍሳዊ ሓይሊ እንዳ ተመልኣት ስለ ትኽይድ ዘላ፣ ገዛእ ርእስና በቲ ክቡር ደም ጐይታ ሽፈንና ክንሓብእ ግቡእ እዩ።

ኣብ ሓደ ዓቢ ኣደራሽ ተቕሚጥካ ነቲ ዚስበኽ ስብከት ብምስማዕ፣ ኣብኡ ህላውነት ናይ ነፍሳዊ ሓይሊ እንተሎ ክትፈልጥ ትኽእል ኢኻ። ማለት ዘለዓዕለካ ሓይሊ ምህላውን ዘይምህላውን ክትፈልጥ ትኽእል ኢኻ።

ዋላ እቲ ሰባኺ፣ ክንድዚ ሰባት ተነሲሑም ወይ ዲሒኖም ይበል፣ ውጽኢት ናይቲ ስብከት ብጥንቃቐ ክትግምግሞ ይግባእ። ምኽንያቱ ምጽንባር ናይ ሓደ ዘይግቡእ ሓይሊ ኣብኡ ነይሩ እዩ። እቲ ሓይሊ እቲ ካብ ኣምላኽ ዝመጸ ነይሩ እንተ ዚኸውን ግና፣ ብርሃንን ጽሬትን ምተሰመዓካ ነይሩ። ዓቢ ኣኼባ ኣብ ዘለወሉ እዋን ጸላኢ ነቲ ነፍሳዊ ሓይሊ ከም መበራበሪ ይጥቀመሉ እዩ። ከይንታለል መታን ነዚ ነገር እዚ ክንፈልዮ ኮታ እንተ ኾነ ኽኽእል።

እቲ ግዜ በጺሑ እዩ። ሰይጣን ብሃይማኖተኛታት ኮነ ብሊቃውንቲ ስነ ፍልጠት፣ ዋላውን ብገለ ክርስትያናት ተጠቂሙ፣ ነቲ ድጉል ሓይሊ ነፍሲ ከበራብር ኩሉ ዓይነት ኣገባብ ብምጥቃም ብዘሎ ሓይሉ ይሰርሕ ኣሎ። እዚ እዩ እቲ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ክውንነት፣ ከነለልዮ መታን ክንክእል ጐይታ ብርሃን ኪህበና ክንሓቶ ይግባእ።

[8] Mrs. Jessie Penn-Lewis, *Soul and Spirit.* Poole, Dorset, England, Overcomer Literature Trust, 1968?, p.67. Also available in the United States from Christian Literature Crusade, Fort Washington. Pa.

ሓይሊ መንፈስ ብመንጽር ነፍሳዊ ሓይሊ

ብዛዕባ “ድጉል ሓይሊ ናይ ነፍሲ” ኣልዒልናዮ ዘሎና ኣገዳሲ ኣርእስቲ ክንቅጽሎ ኢና። ነፍሳዊ ሓይሊ እንታይ ኪገብር ከም ዚኽእል ርእይና ኣሎና። ከምኡዉን ካብ ኣምላኽ ንዝኾነን ካብ ኣምላኽ ንዘይኮነን ብኽመይ ክንፈላልዮም ከም እንኽእል ሰሚዕና ኣሎና። ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዘመን፡ ብዙሓት ተኣምራታት ዘገርሙ ፍጻሜታትን ልዕለ-ባህርያዊ ተርእዮታትን ኣለዉ። እዚኣቶም ግና ካብ ኣምላኽ ካብ ባዕሉ ድዮም ዚኾኑ ዘለውስ ካብ ካልእ ሓይሊ? ነቲ መንፈሳዊ ካብቲ ነፍሳዊ ሓይሊ ምፍላይ ክንፈልጥ ከድልየና እዩ። ስለዚ ሕጂ ቀጺልና ሓይሊ ነፍሲ ብኽመይ ከም ዚሰርሕን ብዛዕባ ናይ ኣሰራርሓኡ ሚላ ብዝያዳ ክንዘራረብ ኢና። እዚ ከምዚ ዘመሰለ ፍልጠት ኽኣ ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ፡ ካብቲ ካብ ኣምላኽ ዘይኮነ ነገራት ክንፈልዮ ኪሕግዘና እዩ።

ትንቢታት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ

ቅድም ግና፡ ኣብ ዳሕራይ ዘመንን ኣብ ኣጋ ምጽኣት ጐይታናን ዚቕልቀሉ ምልክታት እንታይ ምኻኖም ካብ ቅዱሳት ጽሑፋት ገለ ገለ ጥቕስታት ክንጠቅስ፡

ማቴ 24፡24

“ናይ ሓሶት መሲሃትን ናይ ሓሶት ነብያትን ኪመጹ እዮም እሞ፡ እንተተኻእሎምሲ ነቶም ሕሩያት እኳ ኬስሕቱ፡ ዓበይቲ ትእምርትን ተኣምራትን ኪገብሩ እዮም”

ራእይ 13፡2-5, 12-13

“እቲ ዝርኤኹዎ ኣራዊት ከኣ ነብሪ እዩ ዚመስል፡ ኣእጋሩ ኸም ናይ ድቢ፡ ኣፉውን ከም ኣፍ ኣንበሳ እዩ። እቲ ገበል ድማ ሓይሉን ዝፋኑን ብዙሕ ስልጣንን ሃቦ። ሓደ ኻብቶም ኣራእሰውን ንሞት ከም እተወግኤ ኸነ እሞ እታ ቁስሊ ሞቱ ሓወየት፡ ብዘላ ምድሪ ድማ ተገረማ ደድሕሪ እቲ ኣራዊት ሰዓበት። ..... ኣብ ቅድሚኡ ድማ ብዘሎ ስልጣን እቲ ቐዳማይ ኣራዊት ይገብር። ንሱ ነቲ እታ ቁስሊ ሞቱ ዝሓወየትሉ ቀዳማይ ኣራዊት ከኣ፡ ምድርን እቶም ኣብኣ ዚነብሩን ከም ዚሰግዱሉ ይገብሮም። ኣብ ቅድሚ ሰብሲ ሓዊ እኳ ኻብ ሰማይ ናብ ምድሪ ኽሳዕ ዜውርድ፡ ዓበይቲ ትእምርቲ ይገብር”

2 ተሰ 2፡8-10

“እቲ መፍረስ ሕጊ ድማ ሽዑ ኪግለጽ እዩ። ንእኡ ጐይታና የሱስ ብመንፈስ ኣፉ ገይሩ ኬጥፍኦ፡ ብምግላጽ ምጽኣቱውን ክንቱ ኺገብሮ እዩ። እቶም ዚጠፍኡሰ ንምድሓኖም ዚኽውን ፍቕሪ ሓቂ ስለ ዘይተቐበሉ፡ ንኣታቶም ናይ እዚ ኣመጻጽኣ ብኹሉ ጥበራ ዓመጻ፡ ብኹሉ ሓይልን ትእምርትን ተኣምራት ሓሶትን ብሓይሊ ሰይጣን እዩ ዚኽውን።”

ነዞም ጥቕስታት ቅድሚ ምግላጽና ኣብ 1ተሰ 2፡9 ተባሂሉ ዘሎ በጃኹም ኣስተብህሉሉ። ኣብኡ “ተኣምራት ሓሶት” ዚብል ሓረግ ንረክብ። እዚ ማለት እቲ ተኣምራት ብጭቡጥ ተገይሩ እዩ፡ ግናኸ ሰባት ንምስሓት ዝዓለመ እዩ ማለት እዩ። እዞም ተርእዮታት እዚኣቶም ትም ኢሎም ሓሳባውያን ዘይኮኑስ፡ ጭቡጣት ፍጻመታት እዮም። ቕንዲ ድራኼኡም ግና ንምትላል እዩ።

እዞም ዘንበብናዮም ክፍሊ ጽሑፋት ኩላቶም ብዛዕባ ሓደ ነገር እዮም ዚዛረቡ። ንሱ ኸኣ እዞም ንብሎም ዘሎና ነገራት ኣብ እዋን እቲ ብርቱዕ ጸበባ ከም ዚኾኑ እዮም። ግናኸ ገለ ካብዚኣቶም ቅድሚ እቲ ብርቱዕ ጸበባ ኪፍጸሙ ምኻኖም ጥርጥር የለን። እዚ ኸኣ፡ ምስቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ሓደ መሰረታዊ ሕጊ ዚሰማማዕ እዩ። ንሱ ኸኣ ሓደ ትንቢት ቅድሚ ብግሁድ ምግላጹ፡ ቀቅድሜኡ ናቱ “ቅምሶ” እዩ ዚመጽእ። እቲ ነገር ኣብ መወዳእታ እዩ ብምልኣት ዚገሃድ እንተኾነ ግና እቲ ነገር ቅድሚ ምግሃጹ፡ ኣቐዲሞም ንእኡ ዚመስሉ ጥምዓዊ ፍጻመታት እዮም ዚመጹ። ነዚ ምኽንያት ድማ ብዙሓት ምሁራት ትንቢትውን ዚሰማምዕሉ ነጥቢ ኣሎ ንሱ ኸኣ ዋላ ከምቲ ኣብ ዝመጽእ መዓልታት ብብዝሒ ዚረኣየሉ ግዘያት ኣይኹን፡ ቀቅድሜኡ ሕጂ፡ ኣብዚ ግዜ እዚ፡ ብመጠኑ ንኡስ ዝኾነ፡ ተርእዮታት ሓደ ድሕሪ ሓደ ይቕልቀሉ ኣለዉ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ክፋላት መጽሓፍ ቅዱስ ባህርያት ናይቲ “እዋን ብርቱዕ ጸበባ” እንታይ ከም ዚመስል ኣርእዮምና ኣለዉ። ኣብቲ ግዜ እቲ ዓበይቲ ትእምርትን ተኣምራትን ኪግበር እዩ። ሓደ ሰብ ቅድሚ ምምጻኡ ጽላሎቱ ቅድም ከም ዚረአ ድምጹውን ኣቐዲሙ ከም ዚሰማዕ ኩላትና ንሰማምዓሉ ይመስለኒ። ብተመሳሳሊ መገዲ እቲ ብርቱዕ ጸበባ ቅድሚ ምምጻኡ ጽላሎትን ድምጺን ናይ ትእምርትን ተኣምራትን ድሮ ተራእዮም ኣለዉ።

ኣብ እዋን ናይቲ ብርቱዕ ጸበባ ትእምርትን ተኣምራትን ከም ሓደ ልመድ ነገር ኮይኑ ኪውሰድ ስለ ዝኾነ ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ እዋናት መጠኖም እንዳዛየደ ኪኸይድ ግድን እዩ።

ውልቃዊ ትዕዝብቲ

ናብ ካልእ ቅድሚ ምኻድና ገለ ትዕዝብቲ ክህብ እደሊ። ኣነ ብግለይ ንተኣምራት ኣይጸረርን እየ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሓት ተጻሒፎም ኣለዉ። ስለዚ ከኣ ኣዝዮም ክቡራትን ብዘይ መጠን ኣድለይትን እዮም። ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ሓደ ኣማኒ ብብዙሕ መዳይ ብኽመይ ኪዓቢ ከም ዚግብኦ ጸቂጠ ተዛሪበ ኣለኹ። ሕጂ ኸኣ መሊሰ ክደግሞ እደሊ። ሓደ ሰብ ምስ ደሓነ ቀዳማይ ኪገብሮ ዘለዎ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ ቅኑዕ ፍልጠት ኪህልዎ ምድላይ እዩ። ካልኣይ፡ ኣብ መንፈሳዊ ህይወቱ ዕብየት ከርኢ ኪጽዕት ኣለዎ፡ ብፍላይ ኣብ ከም ዓወት፡ ቅድስና፡ ፍጽምቲ ፍቕሪ፡ ካልእን። እዚ ኣዝዩ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ሳልሳይ፡ ነፍሳት ንምርካብ ዚጽዕት ውዕውዕ ህይወት ኪህልዎ ኣለዎ። ራብዓይ ድማ፡ ኣምላኽ ተኣምራት ኪገብር ከሎ መታን ኪርእዮ ኣብ ኣምላኽ ፍጹም እምነት ኪህልዎ ይግባእ።

ኣብዛ ሎሚ ዘላ ማሕበር ብዙሕ ኣበራት እዩ ዘሎ። ብዙሓት ኣመንቲ ካብ ንቓል ኣምላኽ ምትንታን ሓሊፎም ካልእ ኣይደልዩን እዮም። ፍልጠቶም ብሉጽ እዩ፡ ግናኸ ንዕብየት ኣብ መንፈሳዊ ህይወት ብዙሕ ኣይግደስሉን እዮም። ኣይደልይዎንውን።

ካልኦት ድማ ሓደ ደረጃ ንቕድሚት ይደፍኡ እሞ ንልዑል ህይወትን ንዓሚቕ ነገራት ኣምላኽን የናድዩ። ነቶም ዝተረፉ ሰለስተ ነገራት ግና ዕሽሽ ይብልዎም። ገና ካልኦት ድማ ቅንኣት ብዘይፍልጠት ኣለዎም። ኩሉ እዚ፡ ናብ ሓደ ጥራይ ዚዛዘወ ጻዕሪ ጥዑይ ኣይኮነን። ሎሚ ኣብ ማሕበር ንመጽሓፍ ቅዱስ፡ ቃል ብቓሉ ወይ ብመንፈሳዊ ትርጉሙ ዚትንትንዎ ወይውን ደድሕሪ ዝዓመቐን ዝበለጸን ህይወት ዚስዕቡ፡ ነፍሳት ክረብሑ ቅንኣት ዘለዎምውን

ብቑጽሪ ኣይተሳእኑን። ካባኡ ገለ ኪረኽቡ (ተኣምራት ክርእዩ) ኢሎም ኣብ ኣምላኽ ብህያው እምነት ዝውከሉ ግና ኣመና ሒደት እዮም። ዘይሚዛናዊ ኩነታት መታን ከይፍጠር ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ናብዘን ኣርባዕተ መዳያት እዚኣተን ብማዕረ ኪስጉም ይግባእ። ስለዚ እምበኣር ኣነ ንተኣምራት ኣይኮንኩን ዚጻረር ዘሎኹ። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ዓቢ ክብሪ እየ ዚህቦም። ይኹን እምበር ናይ ሓሶት ተኣምራትን ዘገርሙ ተግባራትን ስለ ዘለዉ፣ መሚና ክንፈልዮም ክንክእል ኣሎና ባሃላይ እየ።

ስለዚ ነዞም “ትምዩናት ተኣምራት” ኣልዒለ ኪዛረብ ከሎኹ ኻኹሉ ተኣምራት ብኣልማማ ኣይኮንኩን ዝቕወም ዘሎኹ። ፍጹም!

ግብሪ ኣምላኽ ዘበለ ኹሉ መንፈስ ቅዱስ ምስ መንፈስና ብምትሕብባር ከም ዚገብሮ በጃካትኩም ዘክሩ። ብነፍሲ ሰብ ኣይኮነን ዚኸውን። ቡቲ ድሕሪ ውድቀት ሰብ ብስጋ ተሓቢኡ ዘሎ ነፍሳዊ ሓይሊ፣ ማለት ብሓይሊ ነፍሲ ሰብ ዚጥቀም፣ ሰይጣን ጥራይ እዩ።። ስለዚ ኣብ መወዳእታ መዓልታት፣ ሰይጣን ስልጣኑን ሓይሉን ሂቡ ሓደ ጸረ ክርስቶስ ኬልዕል እዩ። ንሱ ኽኣ ኣብቲ ድጉል ሓይሊ ነፍሲ እዩ ዝያዳ ዚምርኮስ። ቀጺለ ኽኣ ደጋፊ ምእንቲ ከኾነና ገለገለ ተርእዮታት መግለጺ መንፈሳዊ ሓይሊ ዘይኮነስ መርኣያ ድጉል ነፍሳዊ ሓይሊ ከም ዝኾኑ ኣብነታት እንዳሃብኩ ከብርሆ እየ። ኣብቲ ተኣምራታዊ ወገን ናይ ነፍሳዊ ሓይሊ ብዙሕ ስለ ዝተዛረብና ሕጂ ኣብቲ ተኣምራታዊ ዘይኮነ ነገር ኣተኩራና ክንዛረብ ኢና።

ኣብነት ቁጽሪ ሓደ፣ ግላዊ ዕዮ ወንጌል

ስነ ኣእምራዊ ኩነታት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ከም ዚፍላለ፣ ሓይሊ ነፍሲውን ከምኡ እዩ። ገለገለ ሰባት ሓያል ኣእምሮ ኣለዎም። ሓንሳብ ሓንሳብ ናይ ካልኣት ሓሳባት ከንብቡ ይኽእሉ እዮም። ገለ ምናልባት ንሓደ ሰብ ብኽመይ ክትዛራረቦ፣ ቃላት ክትመርጽ እንተኾይንካ፣ ናይቲ ሰብ ኣተሓሳስባኡ ቅድም ክትፈልጥ ኣሎካ ይብሉ። እዚ ሓደ ካብቲ ክንነጽጎ ዘሎና፣ ባህርያዊ ናይ ምፍላጥ መገዲ እዩ።

ነዚ ነጥቢ እዚ ብናይ ውልቀይ ተሞክሮ ከብርሆ ምፍታነይ ኣይትሓዙለይ። ምስ ሰባት ኣብ ዝዘራረበሉ እዋን ሒደት ቃላት፣ እንተደኣ ተለዋዊጥና፣ ሓሳባት ናይቲ ሰብ ብኡንብኡ ክፈልጠ ይኽእል እየ። ብዘይ ዝኾነ ይኹን ፍሉይ ምኽንያት፣ በቃ ስኻ ኢለ ክፈልጠ ይኽእል። ንጉይታ ከገልግል ኣብ ዝጀመርኩሉ ግዝያት፣ እዚ ናይ ካልኦት ኣእምሮ ክትፈልጥ ምኽኣል ኣብ ዕዮ ጠቕሚ ከም ዝኾነ ገይረ ይወስዶ ነይረ። ርድኢተይ እንዳ ዓበየ ምስ ከደ፣ ግና ነዚ ባህርያዊ ትዕድልተይ ከጥቀም ኣይደፍርን። ከምዚ ኩነታት ኣብ ዘጋጥሙኒ እዋናት ኽኣ ከኣ ብኡንብኡ ብጸሎት እየ ዝቃወሞ።

ምስ ሰባት ክትዘራረብ ከሎኻ፣ ብኣእምሮኦም ብዛዕባ እንታይ ይሓስቡ ከም ዘለዉ ምፍላጥ ኣየድልየካን እዩ። ብተወሳኺውን ናይ ነፍስን ብሓይሊ ነፍስን ዚርከብ ዘበለ ኩሉ፣ ከንቱነት ስለ ዝኾነ ከንቱ እዩ። ሓደ ዕዮ ብነፍሳዊ ሓይሊ እንተደኣ ተፈጺሙ ዋላ እቲ ሰብ “ጠቕሙኒ” ኢሉ እንተ ተዛረበ ኣብ ህይወት ናይቲ ሰብ ዘስዓቦ ሓቀኛ ጥቕሚ ኪህሉ ኣይክእልን እዩ። ኣብ ውሽጡ ዝተርፍ ረብሓ እውን ኣይህሉን። ሓደ ሰብ፣ [ደገፍ ደልዩ] ናባኻ እንተመጸ፣ ንሰኻ ክትገብሮ ዘሎካ ዝዓበየ ነገር፣ ነቲ ሰብ ብኽመይ ክትሕግዞ ከም ትኽእል ኬርእየካ ንእግዚኣብሄር ምሕታት እዩ። ናብ ጐይታ ቐሪብካ፣ እቲ ሰብ ዝሓስቦ ዘሎ ነገር ኮነ ስነ ኣእምራዊ ወይ መንፈሳዊ ኩነታቱ ስለ ዘይትፈልጥ፣ ንእዮኑ ዚኸውን እዋናዊ ቃል ኪህበካ ኣብ ኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ ከም ትጽጋዕ ክትነገሮ ኣሎካ። ካብ ኣምላኽ ሓገዝ መታን ክትረክብ ናብ ኣምላኽ ኩለንትናኻ ክትድርቢ ይግበኣካ።

ኣብነት ቁጽሪ ክልተ፣ ናይ ምንቕቓሕ ፕሮግራማት

መቸም ኣዝዩ ዘገርም እዩ፣ ብዙሓት ኣሕዋት እዮም ንኣኬባና ዝምልከት ዘዘራርቡኒ። ናብቲ ማሕበር እትእከበሉ መኣከቢ ኣደራሽ ምስ ኸዱ፣ እቲ ብርሃን ድብዝብዝ ኢሉ እንተ ጸኒሑዎም፣ ብዙሓት ሰባት እንተደኣ ዘይመጺኦም፣ ባዶ ስፍራ እንተደኣ በዚሑ፣ ደው ኢሎም ኪሰብኩውን ሓይሊ ክሳዕ ዚስእኑ ይኾኑ።

እቲ ብርሃን ደሚቑ እንተ በረሁ፣ ህዝቢ ሆጭ ኢሉ እንተደኣ ተኣኪቡን ብተመስጦ እንተደኣ ተኸታቲሉዎምን፣ ግና ሓይሊ ዝደለቡ ኮይኖም ይረኣዩ። እዚ ሓይሊ እዚ ግና እንታይ ዓይነት ሓይሊ እዩ?

ኣግሂደዶ ክዛረብ? እዚ ካልእ ዘይኮነስ ናይ ገዛእ ነፍሽኻ ሓይሊ እዩ። እቲ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዚመጽእ ሓይሊ ብደጋዊ ኩነታት ኣይጽሎን እዩ። ስለዚ ዝኾነ ብሓይሊ ነፍሲ ምስዓኽ ማለት እንታይ ማለት ምኻኑ ኪፍልጥ ዘደለ ሰብ፣ ናብ ሓደ ዝበለጹ መሳሪሒታት ዘለውዎ፣ ብሰብ ዘዕለቐለቐ ዓቢ ኣኼባ ምኻድ ጥራይ እዩ ዘድልዮ። ኣብኡ ኩይኑ፣ ኣዘማምራ ናይቲ ህዝቢን ምንቅስቓሱን ኪዕዘብ ይኽእል እዩ። ኣብ እኩባት ሰባት ሓደ ሓይሊ ከም ዘሎ ይፍለጠካ እዩ። እዚ ሓይሊ እዚ እንታይ እዩ? ዚጸቕጠካ ሓይሊዶ ይስምዓካ ኣሎ? እዚ ሓይሊ እዚ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ። እዚ ናይ ነፍሲ ሓይሊ እዩ።

ብኽመይ ኢና ግና ነዚ ሓይሊ ነፍሲ ኢልናዮ? እዞም ሰባት ዝገብርዎ ኩሉ ነገራት ተጠንቂቕካ ተዓዘብ። ክዝምሩ ከለዉ ናብ ሓደ ኣንፈት ኮይኖም ብሕብረት እዮም ዚዝምሩ። በዚ ኽኣ ካብቲ ሓፋሽ ህዝቢ ዚወጽእ ሓይልታት ነፍሲ ኣብ ሓደ ይጥመር። እዚ ሓይሊ እዚ ከመይ ዓብዩ ይመስለኩም! ምናልባት ክትድግፎም ኢልካ ክትፍትን ትኽእል ኢኻ። ግናኸ ኣብዚ ሃዋህው እዚ ንሰኻ ንባዕልኻ ኢኻ ብእኡ ትጽሎ። እዚ ከመይ ሓደገኛ ኮን እዩ? ብዙሕ ዝቑጽሮም ኣገልገልቲ ጐይታ፣ ቁጽሪ ሰባት ወይ ሃዋህው ናይቲ ኣኼባ ኣብ ዕዮኡም ብኽመይ ኣሉታዊን ኣወንታዊን ጽልዋ ከም ዝገብረሎም ይነግሩኒ እዮም። ኣነ ኽኣ ብኩነታት ዚጽለዉ ዘለዉ ብገዛእ ሓይሉም ይሰብኩ ስለ ዘለዉ ምኻኖም እየ ዝመልሰሎም።

ኣብነት ቁጽሪ ሰለስተ፣ ምዝማር

በዙሕ ሳዕ መዝሙር ኣብ ዕዮ ኣምላኽ ዓቢ ደገፍ እዩ ዝኸውን። ሓደ ሓደ ግዜ ግና፣ ደጋፊ ዘይኮነስ ንነፍሳዊ ተግባራት ኪውዕል ከሎ ይረአ እዩ። ብዙሓት ሰባት ናብ ሓንቲ ጽቡቕ ሙዚቃ ዘለዋ ማሕበር ብተደጋጋሚ ኪኸዱ ይፈትዉ። ገለ ገለ ጉጅለታት ንሓንቲ መሳርሒት ሙዚቃ ክተኽሉ፣ ልዕሊ ሚልዮን ዶላር የጥፍኡ። ሰባት ብዙሕ ሳዕ ናብ ከምዚ ዘመሰለ ቦታ ከይዶም ድምጺ ናይ ኦርጋንን ድሃይ ናይ መዝሙርን ምስ ሰምዑ፣ ብኡንብኡ መንፈሶም ተፈቲሑ፣ ናብ ህላውነት ኣምላኽ ከም ዚኣትዉ ነጊሮምና ኣለዉ። ርግጽዩ ከምዚ የጋጥም እዩ። ግናኸ ናይ ሓቂ ናብ ህላውነት ኣምላኽ ድዮም ዝመጹ ዘለዉ? ብኽምዚ ዓይነት ንኡስ ነገር ተማሪኾምከ ሰባት ናብ ህላውነት ኣምላኽ ኪቕርቡ ይኽእሉዶ? መገዲ ኣምላኽ ድኖኸ?

መብዛሕቶኡ ግዜ ናይዚ ኣብ ከምዚ ዘመሰለ ቦታታት ዚግበር ምድላዋት ኣነ ስጋዊ ከይከውን እሰግእ እየ። እዚ ብድምጺ መዝሙርን ኦርጋንን ገይርካ፣ ስምዒት ሰብ ካብ ምልዕዓልን ሃይማኖታዊ ተወርሶኡ ካብ ምብርባርን ዚሓልፍ

ኣይኮነን። እዚ ከምዚ ዓይነት ሓይሊ ካብ መዝሙርን ድምጺ ሙዚቃን ዚርከብ ሓይሊ እምበር፣ ካብ ኣምላኽ ኣይኮነን። ንሕናውን እኮ መዛሙር ንዝምር ኢና፣ ግዳ ትውክልትና ኣብ መዛሙርና ኣይኮነን። እቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዚግበር ጥራይ እዩ ጥቕሚ ዘለዎ። ናብ መንፈስና ኪበጽሕ ዚኽእል ካልእ ከኣ ኩዑ የልቦን።

ናብ ርሑቕ ገጠር ከይድኩም ትፈልጡዶ? ኣምላኽ ይመስገን ከምዚ ዝኣመሰለ ዕድላት ንዓይ ስለ ዝሃበኒ። ሓደ ግዜ ብባሕሪ ኣቢለ ናብ ሓንቲ ገጠር ከይደ። ኩሎም ተቕማጦ ናይታ ዓዲ ገፈፍቲ ዓሳ እዮም። ኣብ ኩላ እታ ዓዲ ፋሕ ዝበሉ ኣመንቲ ድማ ነይሮም። ዕስራ ወይ ሰላሳ ሓንሳእ ሓንሳእ ድማ ሓምሳ ስሳ ዝኾኑ ይእከቡ ነይሮም። ተኣኪቦም ብሓንሳብ ክዝምሩ ከለዉ፣ ዘይስሩዕነት ናይ ዜማታቶም ኣእዛንካ እዩ ዚወግእ! ገሊኦም ቀልጢፎም ይዝምሩ፣ ገለ ኸኣ ጎተት ይብሉ። እቶም ቅልጡፋት ነቲ መወዳእታ መስመር ናይታ መዝሙር ድሮ ስለ ዝዘመርዎ ክሳዕ እቶም ዳሕሮት ዘርክቡ ንደቓይቕ ይጽበይዎም። ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ክትኣክብ ትኽእልዶ? ትዕግስትኻ ኢኻ ትውድእ፣ ኩሉ ሓይልኻ ድማ ይጽንቀቕ። ሓደ ሓው ኣዘማምሮኦም ምስ ሰማዕኩ፣ ኪሰብኽ ኣይከኣልኩን ብምባል ተዛሪቡኒ። ኣነ ኸኣ ምኽንያት ኣለዎ ኢለዮ። እቲ ሓይሊ ካባኡ ድዩ ዚመጽእ ዘሎስ ካብ ኣምላኽ?

ኣነን ንሰኻትኩምን ቡቲ ኣብ ዙርያና ዘሎ ሃዋህው ኢና ንጽለሎ። ካብ መንፈስ ቅዱስ እንተደኣ ኮይኑ ግና ነቲ ሃዋህው ንቆጻጸሮ ኢና። እዚ ነፍሲ ወከፍና ኣጽኒዕና ክንሕዞ ዘሎና ዓሚቕ መትከል እዩ። ብህልዊ ሃዋህው መታን ከይንጽሎ፣ ነፍሳዊ ሓይልና ክንጥቀም የብልናን።

ሓንሳብ ሓንሳብ ጸቕጢ ኣብ ዘለዎ ሃዋህው መዝሙር ምዝማር ሰባት ንምፋታሕ እግዚኣብሄር ይጥቀመሉ እዩ። ጸሎትውን ኣብ ገለ ግዝያት ይሕግዘና እዩ። ንጸሎትን መዝሙርን ከም ዓንዲ ማእከል ጌርና እንተ ወሲድናዮም ግና፣ ነፍሳዊ ሓይሊ ክንፈትሕ ሓደገኛ ተኽእሎ ኣሎ።

ብዙሓት ሰባት ንሽዱሽተ መዓልቲ ከም ድላይም ፈዕ ኪብሉ ቀንዮም፣ ሰንበት መጸት ኣብ ኣኼባ ማሕበር ይሳተፉ እሞ፣ መዝሙር ኪዝመር ከሎ ምስ ሰምዑ፣ ይውዕዮምን ሓጎስ ይስምየምን። እዚ ዋሚን ሓጎስን እዚ ካበይ ከም ዚመጽእ ግና ክንፈልጥ ይግበኣና እዩ። ኣብዚ ገለ ኣበር ከም ዘሎ ግና ከረጋግጸልኩም ይኽእል እየ። ሓደ ሰብ ንሽዱሽተ መዓልቲ ሓንቲ ከይዓጠጠ ኪመላለስ ድሕሪ ምቕናይ፣ ሓንቲ መዓልቲ ናብ ኣምላኽ ምስ መጸ፣ ወቕሳን ጓሂን እዩ ኪስምየ ዚግባእ። ከመይ ኢሉ ደኣ እዩ መዝሙር፣ ዋሚን ሓጎስን ከም ዚስምየ ዚገብሮ። እምብዛ ጸቢብ ነቓፋይ ኪኸውን ኣይደልንየ፣ የግዳስ ምብዛሕ መዝሙር፣ ነፍሳዊ ሓይሊ ከም ዘንቀሳቕስ ምፍላጡ ኬድልየና እዩ።

ኣብነት ቁጽሪ 4፣ ምትንታን መጽሓፍ ቅዱስ

መጽሓፍ ቅዱስ ከሸጥንዕ ከሎና ኸማን ሓይሊ ነፍስና ንፈትሓሉ ሓደጋ ኪህሉ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ሓደ ሰብ ብሓደ ክፍሊ ቕዱስ ጽሑፍ ይዋጠር ንበል። እንታይ ማለት ምኻኑ ምርዳእ ይኣብዮ። ስለዚ ብቕጻሊ ብዛዕባኡ ኬስተንትን ይጅምር። ኣብ መገዲ ኪኸይድ ከሎ ይኹን ኣብ ዓራቱ ምስ ደቀሰ፣ ወይ ኮፍ ኢሉ እንዳ ኣጽነዐ ወይውን ብባቡር እንዳ ኸደ፣ ኮታ ብዛዕባኣ ጥራይ የስተንትን። ሃንደበት ደጉሒ ብርሃን ኣባኡ የንጸባርቕ እሞ ብስነ-መንታዊ ሜላ፣ ነቲ ጽሑፍ ክትንትኖ ይጅምር። ጽቡቕ ናይ ምዝካር ክእለት እንተ ኣለዎ ብዘይ ጥርጥር ኣብ ኣእምሮኡ ይሽዝኖ። ናይ ምዝካር ክእለቱ ድኹም እንተኾይኑ ድማ፣ ኣብ መዘከራ-ጥራዙ ይጽሕፎ። ከምዚ ዓይነት ድንገታዊ ትርጉም ዘገርምዶ ኣይኮነን? ግናኸ ሓደ ሕቶ ክንሓትት ክኸኽእል ኣሎና። እዚ ሜላ እዚ የተኣማምንዶ? ምኽንያቱ ሓንሳብ ሓንሳብ ካብ ሓይሊ ነፍሲ ኪመጽእ ስለ ዝኽእል እዩ። ውጽኢቱ ድሕሪ ምግምጋም ከኣ ኢና ብግቡእ ክንፈርዶ ንኽእል። እዚ ኣዝዩ ብሉጽ፣ ፍሉይ ኣዝዩ ዓሚቕ ዝመስል ምግላጽ፣ መንፈሳዊ ፍረ ዘይብሉ ኪኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ምግላጽ እዚ ዝተቕበለ ሰብ ንሱ ካባኡ ህይወት ኣይማቕልን ንኽልኦትውን ህይወት ከካፍል ኣይክእልን እዩ። ንሱ ኪገብሮ ዚኽእል ንኣእምሮ ሰባት ቁሩብ ክትድግፍ ምኽኣል ጥራይ እዩ።

ኣብነት ቕጽሪ ሓሙሽተ- ሓጎስ

መቶም ኣዝዮም ብዙሓት ሰባት እዮም ሓጎስ ኪስምየም ዚደልዩ። እዚ ቕዱስ-ሰሓቕ ዚበሃል ከኣ ናይዚ ሓደ ሕሉፍ ኣብነት እዩ። ሓደ ሰብ ብመንፈስ ቅዱስ እንተ ደኣ ተመሊኡ እዚ ቅዱስ ሰሓቕ ግድን ኪህልዎ ኣለዎ ይበሃል። እዚ ከምዚ ዓይነት ሰሓቕ ዚውንን ሰብ ርእሱ ኪቆጻጸር ከም ዘይክእል እዩ ዚንገር። ብዘይ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት ይስሕቕ፣ ይስሕቕ ይስሕቕ፣ ልክዕ ከም ብገለ ሕማም ዝተለኽፈ ሰብ። ኣብ መወዳእታኡ ኸኣ ከፊላዊ ጽላለ ዘለዎ ሰብ ይመስል።

ሓደ ግዜ ኣብ ሓደ ኣኬባ እቲ ስብከት ምስ ተወደአ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ነዚ ቅዱስ ሰሓቕ ኪደልዮ ከም ዘለዎ ተነግሮም። ኩሎም ኸኣ ጠዋሉ ኪሃርሙን ሰደቓታት ኪወቕዑን፣ ኪነጥሩን ኪዘሉን ጀመሩ። ብዙሕ ከይደንጐየ ኸኣ እቲ ቕዱስ ሰሓቕ ኢሎም ዚሰመይዎ መጺኡዎም። ሰባት ኸኣ ንሓድሕዶም ይረኣኣዩ እሞ ኪር ኪር ኢሎም ይስሕቑ። ርእሶም ኪገትኡ ስለ ዘይከኣሉ ኸኣ ስሓቕም ምቁጽጻር ኣይክእሉን እዮም። ብመጠን ብዛዕባኡ ዝሓሰቡ ብኡ መጠን ብሰሓቕ ትዋሕ ይብሉ።

እዚ እንታይ እዩ? እዚ ምልኣት መንፈስ ቕዱስ ኪኸውን ይኽእልዶ? እዚ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ ኪኸውን ይኽእልዶ? ኣይፋል! እዚ ብዘይ ጥርጥር ሓደ ካብ ዕዮታት ናይ ነፍሲ እዩ።

ነዚ ሕሉፍ ኣብነት ዝገለጽኩሉ ምኽንያት ብሓደ “ሕሉፍ” ኣብነት ገይረ ከመይ ጌርና ቀስ ብቕስ ብንእሽቶ ጌጋ ዝጀመርናዮ ነገር፣ ናብ ሕሉፍ ነገር ከም ዘብጽሓና ምእንቲ ከረድኣኩም ኢለ እየ። ሓደ ሚስተር ባርሎ ዚበሃል ፍቱው ክርስትያን ሓው ኣብ ሞንጉና ይካፈል ነይሩ። ካባኡ ዝረኸብኩዎ ሓንቲ ፍልይቲ ደገፍ እንተነይራ ኸኣ እዛ ትስዕብ ናቱ ትዕዝብቲ እያ። ሓደ ነገር ጌጋን ቅኑዕን ምኳኑ ንምርኣይ ይብል ሚስተር ባርሎ ነቲ ነገር ሚእቲ ሳዕ ኩተዕብዮ ኣሎካ። [ማለት ናይቲ ነገር መወዳእታ መልክዑ ክትርእዮ ኣሎካ።] እቲ መመርሒ መትከል ከኣ እዚ እዩ፣ <u>ሓደ ነገር ምስ ዓበየ ጌጋ እንተኾይኑ፣ ገና ብንእሱ ከሎውን ጌጋ እዩ።</u> ሓደ ነገር ኣብ ፍልማዊ ደረጃኡ ከሎ ጌጋን ቅኑዕን ክትብሎ ኣጸጋሚ እዩ። እቲ ነገር ብንእሱ ከሎ ጌጋ ዋላ ይሃልዎ፣ እምብዛ ደቂቕ ስለ ዝኾነ ኩተለልዮ ኣሸጋሪ እዩ። ነቲ ነገር ብመጉልሒ እንተ ርኢኻዮ ግና እቲ ኩነታት ንጻረ ይህልዎ እሞ ክትፈልዮ ትኽእል።

ሓደ ከምዚ ዚብል ምስላ ቻይና ኣሎ። ብሓደ ሚእታዊት ወይ ሓደ ሽሓዊት ናይ ኢንች እንተደኣ ተፈላሊኻ ኣብ መወዳእታ ሓደ ሺሕ ማይልስ ኢኻ ትረሓሓቕ። ስለዚ ብሓደ ሚእታዊት ወይ ሓደ ሺሓዊት ናይ ኢንች ጌጋ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ። ኣብ መወዳእታኡ ግና ክንዲ ሓደ ሺሕ ማይልስ ዚኽውን ፍልልይ ክትበጽሕ ትኽእል ኢኻ። ብኻልእ ኣዘራርባ ነቲ ኣብ ኣብ ሽሕ ማይልስ ዘሎ

ፍልልይ ምስ ተዓዘብካ ነቲ ኣብ ሓደ ሚእታዊት ወይ ሓደ ሽሓዊት ናይ ኢንች ዘሎ ጌጋውን ክትርእዮ ትኽእል ኢኻ።

ንበል ንኣብነት፣ ኣብዚ ክልተ፣ ማዕረ ማዕረ (parallel) ዘይኮና ብጥራሕ ኣዒንትኻ ክትርእዮ ዘይትኽእል ናይ ሓደ ወይ ክልተ ድግሪ ጥራይ ፍልልይ ዘለወን መስመራት ኣለዋ ንበል። ነዘን መስመራት እዚኣተን ንኽልቲኦን እንተደ ደኣ ብማዕረ ስሒብኩምወን እቲ ኣብ ሞንጎኦን ዚጸንሐ ፍልልይ እንዳዛየደ እዩ ዚኸይድ። ነዘን መስመራት እዚኣተን ክሳዕ ጫፍ ምድሪ እንተደኣ መጢጥኩምወን ከኣ እቲ ኣብ ሞንጎኦን ዝጸንሐ ፍልልይ ገፊሑ ክሳብ ኣማኢት ማይልስ ይበጽሕ። ኣብ ዓሰርተታት ኣሽሓት ማይልስ ዘሎ ፍልልይ ዘረጋግጾ ነገር ከኣ፣ እቲ ጉዳይ ኣብ መበቆሉውን ጌጋ ከም ዘለዎ እዩ።

ነዚ ሕጊ እዚ እስከ ሕጂ ናብዚ ቐዳስ ሰሓቕ ተባሂሉ ዚጽዋዕ ነገር ነምጽኣዮ። ሰባት ብኽመይ እዮም ነዚ ሰሓቕ ዚረኽብዎ? እንታይ ዓይነት መምርሒ እዮም ዚኽተሉ? ከማልእዎ ዘለዎም ኩነትከ እንታይ እዩ? ካልእ ዘይኮነ ክትስሕቕ ምድላይ ጥራይ እዩ። ብዘይካ ክትስሕቕ ኢልካ ምሕሳብ ካልእ ሓሳብ የብሎምን። ብመንፈስ ቅዱስ ኪምልኡ ድዮም ዚደልዩ ዘለዉ? ምናልባት ብኽናፍሮም “ዎ ኣምላኽ ብመንፈስካ ምልኣኒ” ዚብል ቃል ከውጽኡ ይኽእሉ ይኮኑ። ግናኸ እዚ ስቕ ኢልካ ዘረባ ጥራይ እዩ። ክምልኡ ዘይኮነስ ካልእ እዩ ናይ መሕተቲኦም ዓላማ። ዋላኳ ብኣፎም ከምኡ እንተበሉ፣ ድሌት ልቦም ግና ካልእ እዩ።

ዓላማኦም እንታይ እዩ? ኪስሕቁ፣ ኪሕጕሱ፣ እዮም ዚደልዩ። “ዎ ኣምላኽ ብመንፈስካ ክትመልኣኒ ይሓተካ። ብደጋዊ ስምዒት ኣይግደስን እየ። ብመንፈስካ እንተ ተመሊእ ይሰምዓኒ ኣይሰምዓኒ ብእኡ ዕጉብ እየ” ኢሎም ኣይኮኑን ዚጽልዩ። ብመንፈስ ቅዱስ ኪምላእ ዚደሊ ኹሉ ግና ከምዚ ዓይነት ኣመሻሻኽታ እዩ ኪህልዎ ዚግባእ።

ሓቀኛ ታሪኽ ከካፍለኩም። ሓደ ተመሃራይ ተነሲሑ ብጕይታ ኣመነ። ሓደ ብቕዱስ ሰሓቕ ተመሊእ፣ ዚብል ካልእ መመሃርቲ ተመሃራይ ድማ ነበሮ። ንሱ ኣዝዩ ዘትረፍርፍ ሓጎስ ዘለዎ ይመስል ነበረ። እዚ መማህርቲ ድማ ንምልኣት መንፈስ ቅዱስ ክጸምኡ ደፋፍኡ። ከመይሲ ንሱ ካብ ጊሓት ክሳብ ምሸት ጓሂ-ኣልቦ፣ ሕጉስ ህይወት ከም ዘሕልፍን እዚ ተሞክሮ እዚ ድማ ንመንፈሳዊ ዕብየት ከመይ ደጋፊ ምኻኑን ገለጸሉ። እቲ ሓድሽ ኣማኒ ተማሃራይ፣ እዚ ኣማኒ መማህርቲ ረኺቢዎ ዘሎ ተሞክሮ ንእኡውን ከም ዘድልዮ ሓሰበ። በዚ መሰረትዚ ኸኣ ብዕቱብ ናብ ኣምላኽ ኪጽሊ ጀመረ። ነዚ ነገር እዚ ኪህቦ ከየባተኸ ናብ እግዚኣብሄር ምጽላይ ተተሓሓዘ። ክሳብ ናይ መግቢ ሸውሃቱ ዚዕጸን፣ መጽናዕቲ ትምህርቱ ክሳብ ዚገድፍን ከኣ ኮነ። ደሓር ናብ መምህሩ ከይዱ ክጽልየሉ ሓተቶ። ባዕሉ እቲ ተመሃራይ ድማ በዚ ምሸት እዚ ጕይታ ነዚ ነገር እዚ እንተ ዘይሂቡዎ ካብታ ንጸሎት ተንበርኪኹላ ዘሎ ስፍራ ብድድ ኪብል ከም ዘይኮነ መሓለ። ድሕሪ ብዙሕ ጸሎት ድማ ሃንደበት ዘለለ እሞ ክሳዕ ክንደይ ሕጉስ ምኻኑ ጨደረ። ሰሓቕን ሰሓቕን ድማ። እምብዛ ኣብ ዝሰሓቑሉ፣ እምብዛ መስሓቕ ኮነሉ። ሰሓቑ፡፡ ተቐጻጸየ። ጨደረውን። ምምህሩ ኸኣ ተጸሊሉ ኪኸውን ኣለዎ ብምባል ሓሰበ። እቲ መምህር፣ ዶክተር እንኪመስል “ሓው፣ ህድእ በል፣ ብዘይ ስርዓት ኣይትኹን” ብምባል ተዛረቦ። ንሱ ግና ብመጠን እቲ ዘተመዓዱ፣ ብኡ መጠን መሊሱ በርተዐ። መምህሩ ምናልባት ካብ ኣምላኽ እንተደኣ ኮይኑ፣ ንመንፈስ ቅዱስ መታን ከየጉህዮ ብምፍራሕ ካብኡ ንላዕሊ ወሲኹ ኪዛረብ ኣይደፈረን። ኣብ መወዳእታ እቲ ተመሃራይ ገዛኡ ኸደ። ንጽባሒቱ ኸኣ ሒሽዎ። እዚ ተርእዮ እዚ፣ ነቲ ዘድሊ ቅድመ ኹነት ኣማሊኡ ዚረኸቦ፣ ዓቢ ምፍታሕ ናይ ነፍሳዊ ሓይሊ እምበር ካልእ ነገር ኣይኮነን።

ኣብነት ቁጽሪ ሽዱሽተ፣ ራእይን ሕልምን

ኣብዚ ቅንያት እዚ ኣብ ማሕበራት ዘለዉ ብዙሓት ሰባት ደድሕሪ ራእይን ሕልምን ይጎዩ ኣለዉ። ንዓይ ሓደ ሰብ ብኣታቶም ትኣምንዶ? ኢሉ እንተ ሓቲቱኒ፣ መልሰይ ራእይን ሕልምን ኣይቃውምን እየ ዚብል እዩ። ኣነ ንባዕለይ ከኣ ናይዚ ግላዊ ተሞክሮታት ኣሎኒ። ገለ ገለ ግዝያት ሓገዝቲ ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም። ምንጮም ካበይ ምኻኖም ምፍላጥ ግና ሕጂውን ኪድልየኩም እዩ። ካበይ እዮም ዚመጹ ዘለው? ካብ ኣምላኽ ድዮም ዋላስ ካብ ኣምላኽ ኣይኮኑን?

ኣብ ኣኼባ ኣሕዋት ብዙሕ ሳዕ ሓደ ራእይ ከም ዝረኣየ ምንጋር ይጅምር እሞ፣ ብድሕሬኡ፣ እዚ፣ መደረጓሕ ናይ ራእይ ይሰድድ እሞ፣ ኩሉ ሰብ ራእያት ከም ዝረኣየን ሕልምታት ከም ዝሓለመን ኪምስክር ይጅምር። ሰባት ብዛዕባ ራእይ ምስ ሰምዑ፣ ኣምላኽ ንኣታቶምውን ተመሳሳሊ ነገር ኪህቦም ይሓትዎ። ራእይ እንተ ዘይተዋሂብዎም ድማ ንብዙሕ ለይቲን መዓልቲን ምጽዋምን ምጽላይን ይተሓሓዝዎ። ቀስ ብቐስ ድማ ኣካላቶም ይደክም። ኣእምሮኦም ጥርሑ ይኸውን፣ ፍቓዶም ከኣ ናይ ምቅዋም ተኽእሎኡ የጥፍእ። ሽዑ ራእይን ሕልምን ዝተባህለ ነገር ይቐበሉ። ገለ ነገር ከም ዝተቐበሉ ጥርጥር የለን። ግዳስ ነዘም ራእይታትን ሕልምታትን እዚኣቶም ብኽመይ እዮም ዚቐበልዎም። እዚ ካብ ኣምላኽ ድዩ? እዚ ልምዲ እዚ ኣእምሮ ባዶ ስለ ዘትርፍ ፍቓድ እውን ስለ ዘልምስ ጸረ-ምህሮ መጽሓፍ ቅዱስ ምኻኑ ፍሉጥ እዩ። ካልእ ዘይኮነ ኸኣ ገዛእ ርእሶም እዮም ዘወንዝዙ ዘለዉ።

ገለ ሰባት ሕልሚ ናይ ምሕላም ዝምባለ ኣለዎም። - ዋላኳ ብዙሕ ሳዕ መስሓቕ እንተኾነ - ትርጓሜኡ ኣብ ምፍላጥ እውን ዚሽገሩ ኣይኮኑን

ሓደ ብቐሊሉ ኪሓልም ዚኽእል ዶክተር ዓርኪ ነይሩኒ። ኣብ ዝተረኽብናሉ ወትሩ እዋን፣ ዝሓለሞ ሓደስቲ ሕልምታትን ትርጓሚኡን ይነግረኒ ነይሩ። ዳርጋ ለይቲ መጸ እዩ ዚሓልም፣ ኣብ ሓደ ለይቲ ድማ፣ ሰለስተ ኣርባዕተ ሕልምታት እዩ ዝሓልም። ስለምንታይ እዩ ከምዚ ኮይኑ? ኣምላኽ ክንድዚ ዝምብዛሑ ሕልምታት ኪህቦ ስለ ዝደለየ ደኾን ይኸውን? ኣነ ግና ምኽንያቱ ይፈልጠ እየ። ንሱ ብቐትሪ ስለ ዝሓልም እዩ፣ ብለይቲ ውን ዚሓልም። ሓደ በሊሕ ዶክተር ብኽምዚ ዓይነት ዝንቡዕ ሓሳባት ተመሊኡ ምርኣይ መቸም ዘገርም እዩ! ኣእምሮኡ ካብ ንግሆ ክሳዕ ምሸት ብቐጻሊ፣ ስእልታት እዩ ዝቐርጽ። ሓሳባቱ ኪቆጻጸረሉ ዚኽእለሉ መገዲ የብሉን። ነቲ ብቐትሪ ዚሓስቦ እዩ፣ ተመሊሱ ብለይቲ ዚሓልሞ። እዚ ከምዚ ዓይነት ብዙሕ ሕልምታት እንተ ዘይተቓዊምዎ ኣብ መንፈሳዊ ህይወቱ ዕብየት ክርኢ ከም ዘይኮነ፣ ኸኣ ኣዐርየ ነጊረዮ። ኣምላኽ ይመስገን፣ ድሓር እንዳ ተመሓየሸ ከይዱ። ስለዚ ካብዚ ነገር ከም እንርድኦ ብዙሓት ካብዞም ሕልምታት ካብ ኣምላኽ ዚመጹ ዘይኮኑስ ውጽኢት ናይ ዝተበታተነ ኣእምሮ ምኻኖም እዮም።

ነቲ ምንጪ መርምሮ

ገለ ራእይ ይደልዩ፣ ገለ ድማ ብርሃንን ሃልሃልታን ከም ዝረኣዩ ይዛረቡ። ካልኦት ድማ ሕልሚ ከም ዝሓለሙ ይዛረቡ። ደድሕሪ ናይ እዚኣቶም ምስክርነት ከኣ ካልኦት ተሲኦም ተመሳሳሊ ነገር ከም ዝተሞክሩ ይዛረቡ። ኣነ ነዚታት ኣይቃወምን እየ። ኮይኑ ግና መበቆሎም ክንምርምር ይግበኣና እዩ። ካብ ነፍሲ ዋላስ ካብ መንፈስ እዮም ዚመጹ ዘለዉ። ብመንፈስ ዚግበር ዘበለ ብነፍሲ እውን ኪባዛሕ ከም ዚኽእል ምፍላጡ ግቡእ እዩ። ይኹን

እምበር ብነፍሲ ዝተቐድሐ ዘበለ ኩሉ ንናይ መንፈስ ንምትምያን እምበር ካልእ ዓላማ የብሉን። ናይዚ ተርእዮታት እዚ ምንጪ እንተደኣ ዘይመርሚርናዮ ኽኣ ብቐሊሉ ክንታለል ኢና። ንሕና ንብሎ ዘሎና ኣውራ ነገር ከኣ፣ ነዚኣቶም ብቕንዱ ምክሓድ ዘይኮነስ ካብ ነፍሲ ወይ ካብ መንፈስ ይቕልቀሉ ምህላዎም ምምርማር እዩ።

ፍልልይ ኣብ ውጽኢት

ኣብ ኣሰራርሓ መንፈስን ነፍስን ዘሎ ፍልልይ እንታይ እዩ? እዚ ምፍላጥ ኣየናይ ናይ መንፈስ ኣየናይከ ናይ ስጋ ምኻኑ ክንፈልጥ ገለ ቁሩብ ኣፋፍናት ኪህበና ይኽእል እዩ።

“እቲ ቀዳማይ ሰብ፣ ኣዳም ህያው ነፍሲ ኮነ፣ ዚብል ጽሑፍ እዩ። እቲ ዳሕራይ ኣዳም ህያው ዚገብር መንፈስ ኮነ” **(1ቆሮ 15፣45)**

ጳውሎስ ኣብዚ እቲ ቐዳማይ ኣዳም ህያው ነፍሲ ከም ዝኾነ ይዛረብ። ነፍሲ ህያው እያ። ማለት ናታ ህይወት ኣለዋ። ስለዚ ነፍሲ፣ ንሰብ ኩሉ ዓይነት ነገራት ኪገብር ኣኻእሎ ትህቦ እያ። እዚ ነቲ ኣዳም ዝነበሮ ስፍራ እዩ ዘመልክተና። ቀጺሉ ኽኣ እቲ ሃዋርያ “እቲ ዳሕራይ ኣዳም ህያው ዚገብር [ህይወት ዚህብ] መንፈስ ኮነ” ይብል። እዚ ቃል እዚ ፍሉይ ኣተኩሮ ዘድልዮ ቃል እዩ። ኣገዳስን ክቡርን ቃል ድማ እዩ። ውጽኢት ናይ መንፈስን ናይ ነፍስን ድማ ብብሩህ እንታይ ምኻኑ ይነግረና። ነፍሲ ህያው እያ። ናይ ገዛእ ርእሳ ህይወት ኽኣ ኣለዋ። መንፈስ ግና ኻኻልኦት ህይወት ሂቡ ህያው ናይ ምግባር ክእለት ኣለዎ። ነፍሲ ዋላኳ ብገዛእ ርእሳ ህያው እንተኾነት ኻኻልኦት ህይወት ክትህብ ግና ኣይትኽእልን እያ። መንፈስ ግና ንርእሱ ህይወት ኣለዎ ጥራይ ዘይኮነ ኻኻልኦትውን ህይወት ኪህብ ይኽእል እዩ። መንፈስ ጥራይ እዩ ንሰባት ህይወት ኪህቦም ዚኽእል። ነፍሲ ሓይላ ብዘየገድስ ናብ ካልኦት ህይወት ክተካፍል ኣይትኽእልን እያ። ጐይታናውን “መንፈስ እዩ ህያው ዚገብር ስጋስ ገለ እኳ ኣይጠቅምን” ይብል እዩ። **(ዮሃ 6፣63)**

ነዚ ከልተ ኣሰራርሓ እዚ ግድን መሚና ክንፈልጠ ኣሎና። ምኽንያቱ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር ስለ ዝኾነ። ኣብዚ ነጥቢ እዚ ዝተደናገረ ሰብ ብግቡእ ኪዓዩ ኣይክእልን እዩ። ክደግመልኩም፣ ነፍሲ ህያው እያ፣ ኻኻልኦት ህያው ክትገብር ግና ኣይትኽእልን እያ። መንፈስ ግና ብኣንጻሩ፣ ህያው ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኻኻልኦትውን ህይወት ኪህብ ይኽእል እዩ። ስለዚ እየ፣ ኣቐዲመ ሓይሊ ነፍስና ክንድርብዮ ከም ዘሎና ጸቒጠ ዝተዛረብኩ። ናይ ነፍሲ ዘበለ ኹሉ ጥቕሚ የብሉን። ኣብ ስኑ-ቓላት ኣይኮንናን ንበኣስ ዘሎና። እዚ ኣዝዩ ዓቢ መትከል እዩ። ነፍሲ ህያው እኳ እንተኾነት ኻኻልኦት ህይወት ክትህብ ግና ፈጺማ ክእለት የብላን። ስለዚ ንሰባት ክንድግፍ እንተኾይንና ንውሽጦም ኪትንክፍ ዚዓለመ እምበር ኣብ ኣእምሮ ዝተደረተ ጥራይ ኮይኑ ኪተርፍ የብሉን። ከድሕን ኮነ ኪጠቅም ስለ ዘይክእል ብነፍሳዊ ሓይሊ ክንሰርሕ የብልናን። ከመይ ጥንቛቓት ኮን ኢና ክንከውን ዚግበኣና። ካብ ነፍሲ ዚወጽእ ዘበለ ኩሉ ክንክሕዶ ይግባእ። ከመይሲ እዚ ሰባት ኪድግፍ ኣይክእልን ጥራይ ዘይኮነስ ዕዮ ኣምላኽ ከተዓናዕቕፍውን ይኽእል እዩ። ብኡ ኣቢሉ ድማ ንእግዚኣብሄር የቕጠዮ፣ ግቡእ ክብሩውን ይነፍጎ።

ብሓይሊ ነፍሲ ምስራሕ ዚህልዎ ሓደጋ

ኣሰራርሓ መንፈስን ነፍስን ንምፍልላይ መታን ክንክእል ገለ ልሙዳት መብርሂታት ክህብ፣ ሕጂውን ነዞም ተኣምራታውያን ነገራት ኣይጠቕሶምን እየ፣ ምኽንያቱ ድሮ ተናኺፈዮ ስለ ዝኾንኩ። ሎሚ ኣብ ማሕበር ብነፍሳዊ ሓይሊ ምስራሕ ልሙድ ኮይኑ ኣሎ። ብዙሕ ሳዕ ሰባት ክንስሕብ ሰኑ-ኣእምሪ ኣገባባት ኢና እንጥቀም። ኣብ ኣኼባ ናይ ኣመንቲ፣ ነቶም ህዝቢ ንምስሓብ ነፍሳዊ መገዲታት ክንደይ ሳዕ ኢና ኮን እንጥቀም! እቲ ዚጥቀመሉ ዘሎ ኣገባብ ጥራይ ብምዕዛብ፣ እንታይ ዓይነት ስራሕ ይስራሕ ከም ዘሎ ምፍላጡ ዘጸግም ኣይኮነን።

ኣግሂደዶ ክዛረብ፣ ብዙሓት ስብከታትን መንፈስ ዘይኮነስ ንነፍሳት ሰብ ጥራይ እዮም ኪሕግዙ ዚኽእሉ። እዞም ስብከታት እዚኣቶም ካብ ነፍሲ እዮም ዚምንጭዉ፣ ስለዚ ኽኣ ንነፍሲ ሰብ ጥራይ እዮም ኪበጽሑ ዚኽእሉ። ንሓንሳል ፍልጠት ካብ ምቕሳም ሓሊፎም ከኣ፣ ዘፍርይዎ የብሎምን። ናብ መንፈስ ሰብ ሰሪጹ ኪኣቱ ዘይክእል ስለ ዝኾነ፣ ብኽምዚ ኣገባብ ክንዓዩ የብልናን።

ሎሚ ዘለዉ ናይ ምንቕቓሕ ፕሮግራማት ብኽመይ እዮም ዚኽየዱ? (ኣነ ኣንጻር ምንቕቓሕ ናይ ኣመንቲ፣ ከም ዘይኮንኩ ኣቐዲመ ብሩህ ኪገብሮ እደሊ። የግዳስ ስርዓትን ኣገባብን ናይ ኣኼባና ብመንፈስ ምኻኑን ዘይምኻኑን እየ ዚሓትት ዘለኹ) ኣብ መብዛሕቶኡ ምንቕቓሓት ሰባት ዋሂ መታን ኪስምዖም መጀመርያ ነቲ ሃዋህው ከተረሳስና ምፍታን ልሙድ ተርእዮዶ ኣይኮነን እዩ? እቲ ተሳታፋይ ህዝቢ ክሳዕ ዚመውቕ ሓንቲ መዝሙር መመሊስካ ትደጋግማ፣ ምስክርነት መታን ኪውሕዝ፣ ገለ ዘለዓዕሉ ዛንታታት ይንገሩ። እዚ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ዘይኮነስ ሚላን ጥበብን ጥራይ እዩ። እቲ ሃዋህው ዳርጋ ፊጺሙ ምስ ረሰነ ሽዑ እቲ ሰባኻይ ኪሰብኽ ይትስእ። ክትስእ ከሎ ሽዑ መዓልቲ እንታይ ዓይነት ውጽኢት ከም ዝህልዎ ዳርጋ ርግጸኛ እዩ። በበይኖም ድሉዋት ስልቲታት ኣለውዎ። ገለ ወገን ናይቲ ህዝቢ ከም ዚንቅጥቀጥ፣ ገለ ክፋል ድማ ከም ዝበኪ ብፍሉይ ብልሓት ኪንበዩ ይኽእሉ። ንስሓን ኣዋጅን ከም ዚግብር ኣቐዲሞም ይንበዩ።

ከምዚ ዓይነት ምንቕቓሓት ኣብ ዓዓመት ወይ ኣብ ከክልተ ዓመት ኪሕደስ ግድን የድልዮ እዩ። ከመይሲ ውጽኢት ናይቲ ኣቐዲሙ ዝተዋህበ መድሃኒት ስለ ዝበንን፣ ሰብ ናብቲ ናይ ቀደም ኩነታቱ ስለ ዝምለስን። ናይ ገለ ገለ ምንቕቓሓት ጽልዋ ኽኣ እሞ ካብ ሰሙን ወይ ካብ ወርሒ ዚሓልፍውን ኣይኮነን። ኣብ ምጅማር ናይቲ ምንቕቓሕ ዓቢ ተወፋይነትን ቅንኣትን ዝተራእየሉ ኮይኑ ይርከብ፣ እንተኾነ ቁሩብ ምስ ጸንሐ ኩሉ ነገር የብቕዕን የኸትምን። እዚ ኽኣ ካልእ ዘይኮነስ ህይወት ስለ ዘይጸንሐ እዩ።

ታሪኽ ናይ ብዙሓት ኣመንቲ ተጻሒፉ ነይሩ እንተ ዚኸውን ብዙሕ ናይ ምንቕቓሕ ታሪኽ ምሓዘለ ነይሩ። ምንቕቓሕ ድሓር ውድቀት፣ ውድቀት ድሓር ከኣ ምንቕቓሕ፣፣ እቲ ኣብቲ ቐዳማይ ምንቕቓሕ ዝተጠቐምካሉ መለዓዓሊ ኣብታ ቀጺላ ዘላ ብብዙሕ ዓቐን ክትገብሮ ኣሎካ። ውጽኢት ኪህልዎ እንተደኣ ኮይኑ ኣብቲ ካልኣይ ምንቕቓሕ ትኽተሎ ሚላን ኣገባብን ዝያዳ ስምዒታዊን ዝያዳ መለዓዓልን ኪኸውን ኣለዎ። ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣገባብ ጽቡቕ መግለጺ ኪኾነና ዚኽእል ኣነ “መንፈሳዊ ሓሺሽ” (ሞርፊን) ከም ምውጋእ እየ ዚወስዶ። ነናሻዕ ኽኣ ነቲ መድሃኒት ክትውገኦ ኣሎካ። ምኽንያቱ ነፍሲ ብገዛእ ርእሳ ጥራይ እያ ክትነብር ትኽእል። ኻኻልኦት ህያው ክትገብር ኣይከኣላን እዩ። ብግብሪ ክንዛረብ እንተኾይንና፣ ዋላ ሰባት ይንብዑ፣ ዋላ ውሳኔታት የሕልፉ፣ ዋላ ቅንኣት ዘለዎም

ይኹኑ፣ ብሓይሊ ነፍሲ ዚግበር እንተደኣ ኮይኑ ከቶ ረብሓ የብሉን።

መንፈስ እዩ ህይወት ዚህብ

ዳግመ-ልደት እንታይ ማለት እዩ? ዳግም ልደት ማለት ናይ ትንሳኤ ህይወት ናይ ጐይታ ምቕባል ማለት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ስለምንታይ እዩ ብልደት ጐይታ ዘይኮነስ፣ ብትንሳኤ ጐይታ ህይወት ከም ዝተቕበልና ዚዛረብ? ምክንያቱ እታ ዝተቕበልናያ ሓዳስ ህይወት ልዕሊ ህይወት ቤተልሄም ስለ ዝኾነት እዩ። እታ ኣብ ቤት ልሄም ዝነበረት ህይወት ክትመውት ነይርዋ፣ እታ ናይ ትንሳኤ ህይወት ግና ከቶ ዘይትመውት እያ።

“ኣነ እቲ ሀያው እየ.....ምይተውን ነበርኩ እንሆ ኽኣ ንዘለኣለም ሀያው እየ” (ራእይ ዮሃንስ 1፣17.18)

እታ ናይ ትንሳኤ ህይወት ንዘለኣለም ትነብር እምበር ከቶ ዘይትመውት እያ። እታ እትውለድ ህይወት ብስጋ ስለ ዝኾነት ትመውት እያ። ኣብ ዳግመ ልደት ትወሃበና ህይወት ግና ንዘለኣለም ትነብር እምበር ከቶ ክትመውት ዘይትኽእል እያ። ትንሳኤ እንታይ ማለት እዩ? ንበል ንኣብነት ኣብዚ ሬሳ ኣሎ። ብሰብኣዊ መገዲ ምውት ኪትንስእ ፈጺሙ ዘይክኣል እዩ። ብዘየገድስ ብርቱዕ ጸዓት ንግበረሉ ወይውን ሙቐት ንሃቦ እቲ ምውት ኪትንስእ ኣይክእልን እዩ። እቲ ነዚ [ሬሳ] ህያው ክትገብረሉ እትኽእለሉ እንኮ መገዲ ኣባኡ ህይወት ኣምላኽ ብምእታው ጥራይ እዩ። እዚ ንምውት ህያው ዚገብር ህይወት ከኣ እዚ ናይ ትንሳኤ ህይወት እዩ። ትንሳኤ ኽኣ እዚ እዩ።

ካብ ሞት ዚኽፍእ ኩነት እንታይ ኣሎ? ካብ ሞት ዚዝሕልክ እንታይ ኣሎ? ሬሳ መመሊሱ እዩ እንዳበረሰ ዚኽይድ። ናይ ትንሳኤ ህይወት ናባኡ እንተ ሰሪጹ ግና ሞት ብህይወት ይወሓጥ። ከም ሳዕቤኑ ኽኣ ሓደ ዳግም ዝተወልደ ሰብ፣ ናይ ሞት ንዘበለን ካብ ሞት ንዝመጽእ ዘበለ ኹሉን ኪቃወምን ኪነጽግን ተኽእሎ ኣለዎ።

ትንሳኤ እንታይ ማለት ምኻኑ ንምብራህ ሓንሳብ ሓንሳብ ንጥቀመላ ከምዚ ዚስዕብ ትዝንቶ መብርሂት ኣላ። ሓደ ግዜ ሓደ ብትንሳኤ ዘይኣምን ሓደ ሰብ ነበረ። ንሱ ካብ ሞንጎ እቶም ብኣምላኽ ዘይኣምኑ ሰባት እቲ ኣውራ ሰብ ነበረ። ምስ ሞተ ድማ፣ ኣብ መቓብሩ “ዘይስበር መቓብር” ዚብል ጽሑፍ ተጻሒፉ ነበረ። እቲ መቓብር ብእምነ በረድ ዝተሃንጸ እዩ ነይሩ። እቲ ዘገርም ግና ሓደ ግዜ እዚ ዓቢ እምኒ መቓብር ተጨንዲሑ ተኸፍተ። ምክንያቱ ኽኣ እቲ መቓብር ክህነጽ ከሎ ኣብ ሓደ ነቓፅ ናይቲ እምኒ፣ ፍረ ናይ ሓደ “ኣኮ” ዚበሃል ገረብ ወዲቕ ኣትያ ነይራ። ቀስ እንዳበለት ከኣ ናብ ሓደ ዓቢ ገረብ ክትዓቢ ጀመረት ነቲ መቓብር ከኣ ጨንዲሓ ጋህ ኣበለቶ። ገረብ፣ ህይወት ኣለዋ፣ ስለዚ እያ ኽኣ ነቲ ቦታ ሞት ጋህ ኣቢላ ዝኸፈተቶ። ህይወት ጥራይ እዩ ንሞት ኪስዕሮ ዚኽእል። ዳግም ልደት ከኣ እዚ እዩ። ትንሳኤውን እዚ እዩ።

መንፈስ እዩ ህያው ዚገብር። ንሱ ጥራይ ከኣ እዩ ህይወት ኪማቕል ዚኽእል። ነዚ ኢና ከነለልዮ ዘሎና። ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ግና ሎሚ ኣብ ዘመንና ንመንፈስ ብዙሓት ተካእቲ እዮም ዘለውዎ።

ናይ ነፍሲ ጉዳይ፣ ዘይተርፍ እዩ

ኣምላኽ ብናቱ ሓይሊ ጥራይ እዩ ኪዓዪ ዚኽእል፣ ስለዚ ኽኣ ንሕና ነፍሳዊ ህይወትና ክቕይደልና ክንሓቶ ይግበኣና። ንኣምላኽ ኣብ ንዓይየሉ እዋናት ቅድም ብገዛእ ርእስና ኢና ክንጅምር ዘሎና።

ገዛእ ርእስና ከነልግስ ይግባእ። ትዕድልትናን ብርቱዕ ጎድንናን ክንድርቢ ይግባእ። ናባኡ መጺእና “ዎ እግዚኣብሄር ንሰኻ ክትዓዪ እደልየካ ኣለኹ፣ ኣብ ገዛእ ተውህቦይን ሓይለይን ኪምርኮስ ኣይደልንየ። ብገዛእ ርእሰይ ሓንቲ እኳ ክገብር ስለ ዘይክእል ንሰኻ ባዕልኻ ነቲ ዕዮ ክትዓዮ እሓተካ” ክንብሎ ይግባእ።

ሎሚ ብዙሓት ዓየይቲ ሓይሊ ኣምላኽ ዘይእኹል ገይሮም ስለ ዝወስድዎ፣ ገዛእ ሓይሎም ኪውሰኹ ይረኣዩ እዮም። ከምዚ ዘመሰለ ዕዮታት ግና ጥቕሚ የብሉን ጥራይ ዘይኮነ ብቐንዱ ጎዳኢውን እዩ። ዕዮ መንፈስ ቅዱስ ኢድ ሰብ ጠብሎቕ ኪብሎ ዘፍቅድ ከም ዘይኮነ ንዘክር። ከምቲ ብዙሕ ሳዕ ዝብሎ ኣብ ዕዮ ኣምላኽ መጺእካ ሰብ፣ ልክዕ ከም (ደረቕ ወረቕት?) ህይወት ኣልቦን ዋላ ሓንቲ ኪገብር ዘይክእልን እዩ ኪኸውን ዚግብኦ።

ኩሉ ሓይሊ ካብ ላዕሊ ኪመጽእ ኣለዎ። ኩሎም ንጥቀመሎም ኣገባባትውን ካብ ላዕሊ እዮም ኪመጹ ዘለዎም። መንፈስ ጥራይ ህያው ኪገብር ከም ዚኽእል ንፈልጥ ኢና። ኣምላኽ ብመንፈስ እዩ ዚሰርሕ። እግዚኣብሄር ኪሰርሕ ንደልዮ እንተኮይንና ንሱ ንነፍሳዊ ህይወትና ኪቕይድ ክንሓቶ ይግባእ። እንተዘይኮይኑ ግና ነጻ ኮይኑ ኪዓዪ ኣክእልን እዩ።

“ፍረ ሰርናይ ናብ ምድሪ እንተ ዘይወደቐትን ዘይሞተትን በይና እያ እትነብር። እንተ ሞተት ግና፣ ብዙሕ ፍረ ክም እትፈሪ፣ ብሓቂ ብሓቂ እብለኹም ኣለኹ። ንህይወቱ ዚፈትዋ ኪጥፍኣ እዩ። እቲ ንህይወቱ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዘጸልኣ ግና ንዘለኣለም ህይወት ኪሕልዎ እዩ” (ዮሃንስ 12፣24-25)

እዚ ኣብዚ ጽሑፍ “ህይወት” ተባሂሉ ዘሎ ብግሪኽ ንነፍሲ እዩ ዘመልክት። ማለቱ ኽኣ እዚ እዩ። እቲ ንነፍሳዊት ህይወቱ ኪዕቅብ ዚፍትን ንነፍሳዊት ህይወቱ ኪጥፍኣ እዩ። እቲ ንነፍሳዊት ህይወቱ ዚጥፍኣ ግና ንነፍሳዊት ህይወቱ ንህይወት ዘለኣለም ኪዕቅባ እዩ። እዚ እንኮ ትእዛዝ ናይ ጐይታ እዩ። ከምዚ ኢሉ ዝተዛረበ ድማ ትርጉም ናይቲን ኣቐዲሙ ዝተዛረበን ከምዚ ዝስዕብ ዝብላ ቃላት መታን ኪገልጽ ደልዩ እዩ። *“ፍረ ሰርናይ ናብ ምድሪ እንተ ዘይወደቐትን ዘይሞተትን በይና እያ እትነብር። እንተ ሞተት ግና፣ ብዙሕ ፍረ ክም እትፈሪ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ”።*

ቅድም ሙት፣ ድሓር ገለ ነገር ኪኸውን እዩ። ሓደ ኣማኒ ንነፍሳዊት ህይወቱ ኔው እንተዘይልዋ መንፈሱ ኪዓዪ ኣይክእሉን እዩ። ካልኦት ሰባትውን ኪጥቀሙ ኣይክእሉን እዮም። ንጐይታ ዓቢ ዓሚቐ ዕዮ ክንዓይየሉ እንተደሊና ቅድም ንሱ ምስ ነፍስና ጉዳዩ ኪገብር ክኽእል ኣለዎ። እታ ነፍሳዊት ህይወት ክትጠፍእ ኣለዋ። ፍረ ስርናይ ጽብቕቲ እያ። እቲ ወርቃዊ ሕብራውን ንምርኣዩ ደስ ዘብል እዩ። ግናኸ ኣብ ሓደ ሰደቓ እንተ ኣቐሚጥኩምዋ ዋላ ንሚእቲ ዓመት እንኮ ኮይና እያ እትነብር። ሓንቲ ካልእ ፍረውን ክትውሰኽ ኣይከኣላን እዩ። ኩሉ ነፍሳዊ ሓይሊ ኽኣ ከምታ ኣብ ምድሪ ዘይወደቐት ፍረ ስርናይ እዩ ዚመስል። ፍረ ኪፈሪ ኣይክእልን እዩ።

ነዚ ሽግር እዚ ብኹሉ ዕቱብነት ክንርእዮ ይግበኣና እዩ። እታ ሕጂ ኣቦካ ዘላ ቅድስትን ኣበር ዘይብላን ናይ ትንሳኤ ህይወት፣ ፍረ ትፈሪዶ ኣላ? ገለ ሰባት ስለምንታይ ንሰባት ኪድግፉ ወይ ከድሕኑ ከም ዘይከኣሉ ሕቶ ኣለዎም። ገለ ኣብ ኣገልግሎቶም ንምንታይ ሓይሊ ከም ዚሰኣኑ ሕቶ ይኾኖም። ካልኦት ድማ ሓይሊ ኣልቦ ከም ምኻኖም ይእመኑ። ናተይ መልሲ ግና እዚ እዩ። ክዓይዩ ሓይሊ ዚስእንሉ ዘለዉ ቀንዲ ምክንያት ገዛእ ሓይሎም ኣመና ዓቢ ስለ ዝኾነ እዩ። ድሮ ናይ ባዕሎም ኣዝዩ ገዚፍ ሓይሊ እዮም ዚውንኑ፣ ኣምላኽ ዕዮኡ ኪገብርከ ዕድል ኣበይ ይረክብ? ኣመንቲ ሎሚ፣ ናታቶም ጥበብ፣ ሜላ፣ ብርታዔ፣ ባህርያዊ ክእለት ስለ ዝጥቀሙ፣ ሓይሊ ኣምላኽ ከይገሃድ ይዓግትዎ ኣለዉ።

ብዙሓት ተኣምራታዊ ተርእዮታት ብኣምላኽ ዘይኮነስ፣ ብነፍሳዊ ሓይሊ እዮም ዚኾኑ። ንሓይሊ ኣምላኽ ብናይ ገዛእ ርእሶም ባህርያዊ ክእለት እንተደኣ ተኪኦምዎ፣ ነባሪ፣ ጽቡቕ ፍረ፣ ኪህልዎም ብኽመይ ይጽበዩ? ብዙሓት ምንቕቓሓት ንግዚኡ ዕውታት መሲሎም ክረኣዩ ይኽእሉ እዮም፣ ድሒሮም ግና ትርጉም ዘለዎ ጽልዋ ከም ዘይገበሩ ይቃልዑ። ብዙሓት ምንቕቓሓት ንሰባት ረዲኤት ከም ዘለዎም ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣነ ዝዛረበሉ ዘለኹ ግና ነቶም ብሰብኣዊ ሜላ ተጠቂምና እነምጽኦም ምንቕቓሓት እየ። ዝኾነ ዓሚቕ ዝበለጸ ዕዮ ኪዓዩ ዝዕላማኡ ዘበለ ኩሉ፣ ብዛዕባ ሓይሊ ኪዛረብውን ከም ዘየድልዮ ብዕቱብ ኪዛረብ እደሊ። ናትና ሓላፍነት ናብ መራት ወዲቕካ ምሟት ጥራይ እዩ። ሓንትስ ንሙት እምበር፣ ፍረ ምፍራይ ባህርያዊ ነገር እዩ።

ብዛዕባ እቲ ንህይወቱ ዜጥፍኣ፣ ማለት እቲ ንህይወቱ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዚጸልኣ፣ ጐይታ እንታይ እዩ ዝበለ? ንዘለኣለም ህይወት ኪሕልዋ እዩ። ንበል ንኣብነት ኣነ ዋላኳ ሓደ ፍሉይ ክእለት ናይ ዘረባ ይሃልወኒ፣ ልበይ ኣብ ናይ ዘረባ ክእለተይ ኣየውድቕን - ናይ ምዝራብ ክእለተይ የጥፍኣ ኣለኹ ማለት እዩ። ኣብኡ ምምርኳስ ይነጽግ። ውጺኢቱስ እንታይ እዩ? ህይወት ይረክብ። ማለት ኀካልኡት ብህይወት ኪድግፍ ከም ዚኽእል ይኸውን።

ኣብ ናይ ምምሕዳር ክእለት ወይ ኣብ ዝኾነ ካልእ ክእለት መጺእናውን ከምኡ እዩ። ልክዕ ከምኡ ኣይንጥቀመሉን ኢና። ኣምሳያኡ ንጐይታ ኪጽግየ ኣሎኒ። ብኽምዚ እየ ኽኣ ንሰባት ናይ ሓቂ ጽቡቕ ነገር ኪገብረሎም ዚኽእል። ብዙሕ ፍረ መታን ክንፈሪ እምበኣር ኣብ ገዛእ ሓይልና ዘይምጥቃም ክንመሃር ይግበኣና እዩ።

ሓይሊ ኩሉ ሳዕ ካብ ናይ ትንሳኤ ባይታ ኢና ክንረክቦ ዘሎና። ትንሳኤ ማለት ኪንዮ ሞት ምንባር ማለት እዩ። ንዓና ዘድልየና ኽኣ ዓቢ ሓይሊ ዘይኮነ ዓሚቕ ሞት እዩ። ኀኹሉ ባህርያዊ ሓይልታት ክንነጽጎ ይግባእ። ነፍሳዊ ህይወቱ ዘይጠፍአ ሰብ፣ ሓይሊ እንታይ ማለት ምኻኑ ኣይፈልጥን እዩ። እቲ ብሞት ዝሓለፈ ኩሉ ግና ህይወት ይውንን እዩ። ነፍሳዊት ህይወቱ ዘጥፈአ ኩሉ ግና ልክዕ ከምታ ናብ መራት ወዲቕ ዝሞተት ፍረ ስርናይ፣ ብህይወት ኣምላኽ ዓብዩ ዘትረፍርፍ ህይወት ይውንን እዩ።

እምብዛ ሃብታማትን ብርቱዓትን ካብ ምኻኖም ዝተላዕለ ኣምላኽ ንኽሰርሕ ባይታ ዘይህብዎ ገለ ሰባት ከም ዘለው ኣነ ይኣምን እየ። ነዘን "ደገፍ ኣልቦ" "ተስፋ ኣልቦ" ዚብላ ቓላት ብዙሕ ሳዕ እየ ዝዝክረን። ንእግዚኣብሄር "ዘሎኒ ኩሉ ናትካ እዩ ናተይ ዝብሎ የብለይን ብዘይባኻ ኣነ ደገፍ ኣልቦን ተስፋ ኣልቦን እየ" ኪብሎ ይግበኣኒ።

ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብዘይ ብእኡ ልክዕ ከነስተንፍስውን ከም ዘይንኽእል ክንከውን ኣሎና። ብኽምዚ ኽኣ ሓይልናን ቅድስናናን ካብኡ ከም ዚመጽእ ክንፈልጥ ኢና። ኣየ! እግዚኣብሄር ደገፍ-ኣልቦ፣ ተስፋ-ኣልቦ፣ ኮይንና ክርእየና ከሎ ክንደይ ኮን ይሕጎስ!

ሓደ ሓው ሓደ ግዜ "መንፈስ ቅዱስ ኣብ ትሕቲ ከመይ ዝበለ ኩነታት እዩ ዚሰርሕ?" ብምባል ሓቲቱኒ። ኣነ ኽኣ "ደገፍ ሓይሊ ነፍሲ ኣብ ዘለዎ፣ መንፈስ ቅዱስ ሕብረት የብሉን" ኢለ መሊሰሉ። መንፈስ ቅዱስ፣ ቅድም ብገዛእ ርእስና ገለ እኳ ክንገብር ኣብ ዘይንኽእለሉ ደረጃ ኬብጽሓና ኣለዎ። ካብዚ ባህርያዊ ሰብና ዚመጽእ ዘበለ ኩሉ ክንክሕዶ ይግበኣና። ተኣምራታዊ ነገር ይኹን ተራ ነገር፣ ካብ ኣምላኽ ንዘይኮነ ነገር ክንነጽጎ ይግባእ። ሽው ኣምላኽ ነቲ ዝደለዮ ኪገብር ሓይሉ ከርኢ እዩ።

ኣብነት ጐይታ

"የሱስ መሊሱ በሎም፣ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። ወድስ ኣቦኡ ኪገብሮ ዝረኣዮ እምበር፣ ካብ ርእሱ ሓንቲ ነገር እኳ ኪገብር ኣይክኣሎን። ኑቲ ንሱ ዚገብሮ ግብሪ እቲ ወዲ ድማ ከምኡ ዝበለ ይገብር እዩ።" (ዮሃ 5፣19)

"ወድስ ካብ ርእሱ ሓንቲ እኳ ኪገብር ኣይክኣሎን"

ብኻልእ ኣዘራርባ ካብ ኩሎም እቶም ጐይታ ዝገበሮም ግብርታት ሓንቲ እኳ ኣብ ገዛእ ርእሱ ተወኪሉ ዝገበራ ነገር የለን። ከምዚ እዩ ናይ ጐይታና መለለዩ ባህርያቱ ዝነበረ። ብገዛእ ሓይሉ ወይ ብገዛእ ሓሳባቱ ተላዒሉ ዝገበሮ ነገር ገለ እኳ ኣይነበረን። ካብኡ ንዝወጸ ዘበለ ኼሉ ይኽሕዶ ነይሩ። ግናኸ ኣብ ነፍሱ ጌጋ ነገርዶ ነይሩ እዩ? ሓይሊ ነፍሱ ኣዝዩ ጠቓሚ ነገርዶ ኣይኮነን? እቲ ዝነኣሰ ኣሰር ሓጢኣት እኳ ኣብ ጐይታና ኣይትረኽቡን ኢኹም። ስለዚ ሓይሊ ነፍሱውን እንተ ዚጥቀም ነይሩ ንእኡ ሓጢኣት ኣምበይምኾኖን። እንተኾነ ግና፣ ወዲ ካብ ርእሱ ሓንቲ ኪገብር ከም ዘይከኣሎ ኣረጋጊጹ። እዚ ቕዱስ፣ ፍጹም ጐይታ፣ ገዛእ ሓይሉ ኪጥቀም ካብ ዘይደለየ ንሕናኸይኣ?

ጐይታ ፍጹም እዩ ነይሩ፣ ግዳ ኩሉ ዘመን ህይወቱ ደገፍ-ኣልቦ፣ ተስፋ-ኣልቦ፣ ብምኻን ኣብ እግዚኣብሄር ይጽጋዕ ነይሩ። ናብ ምድሪ ዝመጸሉ ምክንያት፣ ኣብ ኩሉ ነገር፣ ፍቓድ ኣምላኽ መታን ኪፍጽም እዩ። ብመንፈሳዊ ሓይሊ ሰሪሕና ፍረ ቅድሚ ምፍራይና ኩሉ ካብ ነፍሲ ዝመጽእ ነፍሳዊ ሓይሊ ክንክሕዶ ይግበኣና። ኣምላኽ ይባርኸና!